# ረመፅ

ልሳን ቃልሲ መፅሄት #ረመፅ ሻምናይ ሕታም

## ህዝባዊ ቃልስና እንትፍተሸ . . .

ፅንዓት
ብሄራዊነት
ምልሰት?
21 ሰነ
ብሄራዊነት
መኸተ
እንትፍተሸ...
ና
ዶባዊ-ሓድነት
ፖለቲካ
ዕ
እንትፍተሸ...
21 ሰነ
ፅ
ህዝበ-ውሳነ
ላ
ተጋዳላይ
ዲፕሎማሲ
ብሄራዊነት
ነ
ጭውያ?
ማ
21 ሰነ
ፖለቲካ
ፖለቲካ
ዲፕሎማሲ
ት
ብሄራዊነት
ሃለዋትና
ዶባዊ-ሓድነት
እንትፍተሸ...

ሚያዝያ/ ጉንበት 2014 ኣቆፃፅራ ግእዝ

# መልእኽተ ፡ #ረመፅ

## ኣብዚ ወሳኒ ምዕራፍ፣ ኹላትና ዕዮ ገዛ ኣለና!

ዘለናዮ ምዕራፍ ወሳኒ እዩ። ብሕድሕድ ጌጋ ውሳነታትና እንቕፀዐሉን ዝገደደ ናብ ደልሃመት እንኣትወሉን፣ ብሕድሕድ ብልሒ ዝተመልአ ኣካይዳን ውሳነታትን ድማ እንርበሐሉን ናብ መገዲ ብርሃን እንወፅሉን፡ ወሳኒ ምዕራፍ! ሓድሽ ወለዶ ትግራይ ኣብዚ ብዙሕ ዕድላት ዘይህብ ቀጢን ግዘ ውሳነታቱ ኹሉ ብውምቆት ክምርምሮም ብፅንዓት ክትግብሮም ድማ ይግባእ። ስርዓት ሓሚቑን ፀገም በዚሑን ኢሉ እግሩ ንደገ ዘምርሕ ምሁር ትግራዋይ ቑፅሩ ዘይነዓቕ ይኸውን ኣሎ። ዘሰድዶ እኹል ምኽንያት እኳ እንተሃለዎ፣ ኣብዚ ደልሃመት ካብ ፀልማት ንክተውፅአዋ ትግራይ ትደልየኩም  እያሞ ቃልሰኻ ከይወዳእኻ ንስደት ዘሎ ጉያ ጉያ ክሕሰበሉ ሃየ ንብል። እዚ እንትንብል ኣብ ዘለኻ ሃሊኻ ንትግራይ ክትቃለስ ከምትኽእል ካብቱ ኣብ ደገ ብዝተፈላለየ መገዲ ይቃለስ ዘሎ ትግራዋይ ትምህርቲ ዘይንወስድ ኮይንና ኣይኮነን። የግዳስ ስደት ምሁራት ብዝበዘሐ ቁፅሪ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ንዝገጥሙና ፀገማት፡ ፍታሕ ዝወልድ ኣካል ሕፅረት ይገጥመና ስለዘሎ እምበር።

ሕድሕድ ተጋዳላይ ትግራይ እውን ፅኑዕ ዕላማን ባህግን ክሕንገጥ ግድን እዩ። እትኽፍሎ ዘለኻ ዋጋ ምእንተ ምንታይ ከምዝኾነ ነፂርኻ ክትፈልጥ ይግባእ። ምእንተ ምምላስን ምኽባርን፣ ግዝኣታዊ ሓድነትካ፣ ድሕንነትን ኽብሪ ህዝብኻን ዝገበርካዮን እትገብሮ ዘለኻን ምኩሻሕ ሽልማትኻ ስልጥንቲ፣ ክብርቲ፣ ዲሞክራስያዊትን ሓያልን መፃኢት ትግራይ እያሞ እመታ ቃልሰኻ ነዚ ዘማዕዘና ክኸውን ግድን ይኹን። እታ ብኽቡር መስዋእትኻን መጉዳእትኻን እትሃንፃ ዘለኻ ትግራይ ባዓልናያ ንስኻን ህዝብኻን ኢኹምሞ ፅኑዕ እምነ መሲሉካ ዓፍራ ከይትረግፅ ብልዑል ጥንቃቐ መንገድታትኻ ሰጉም። ዘይተርፍ ምስረታ ሃገረ ትግራይ ንዘለኣለም ምስክር ሓወልትኻ ክኸውን እዩ።

ኣብዚ ግዘ ዘይህብ ምዕራፍ ፖለቲካ ትግራይ ሓሚሙ እዩ ዘሎሞ ክሕከም ግድን እዩ። ዲፕሎማሲና እውን ከምኡ። ኣብዚ ሕድሕድ ዝምልከቶ ኣካል እንታይ እየ ዝገብር ዘለኹ? እንታይ ኸ ክገብር ኣለኒ? ኢሉ ንዓርሱ ብዕምቆት ክፍትሽ ይግባእ። ሓዱሽ ወለዶ ትግራይ እውን እንታይ እዩ ዝግበር ዘሎ? ኢሉ ክሓትት፣ ክሕግዝን ክቃለስን ኣለዎ። ሓርፋፍ ባይታ ፖለቲካና ከየስነፈኩም ካብ ሕማሙ ክፍወስ ፀኒዕኹም ትቃለሱ ዘለኹም ኹለኹም ድማ ተሪርኩም ክትቕፅሉሉ ንላቦ።

ኣብዚ ወሳኒ ምዕራፍ ትግራይ ክትዕወት ሕድሕድና ዘለና ፀፀር ክነዋፅእ ግድን እዩ። ሕድሕድ ኣበርክቶና ከይባኽንን ከይመክንን ድማ ዝምልከቶ ኣካል ብጥንቃቐ ክሕዞን ክጥቀመሉን ግድን ይኸውን።

# ህዝባዊ ቃልስና እንትፍተሽ...

ክብሮም ሓድጉ* ወዲ 36 ዓመት ክተመታይ እዩ። በዓል ሓዳርን ኣቦ ሓደ ቆልዓን ኾይኑ ፅቡቕ ዝበሃል ኣታዊ ዝነበሮ። ንትምህርቲ እውን ኣይሰነፈላን፤ ማስተርስ ዲግሪኡ ካብ ዝትሕዝ ሓሙሽተ ዓመት ሓሊፍዎ። ሙውቕ ሓዳር፣ ፅቡቕ መነባብሮን እኹል ፊደል ምቑፃርን ንበይኑ ግን ድሕሪ  ጥቅምቲ 24፤ ብፍላይ ድማ ክዳን(ዩኒፎርም) መከላኸሊ ኢትዮጵያ ዝተኸደኑ ወታደራት ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት መቐለ ካብ ዝረአየላ መዓልቲ ንነዘ ዋጋ ኣይነበሮምን። ክብሮም "ኣደይ ብህይወት የላን፤ ፍትውቲ ኣደይ ካብ ዛዓለም እንትፍለ ኣምሪረ ሓዚነ ነይረ። እወ! ሓዘን ይፈልጥ እየ። ግን 20 ሕዳር 2013 ወታደራት ኢትዮጵያ ኣብቲ ክብረትና ዝኾነ ሓወልቲ ሰማእታት መቐለ ዝራእኹሉ መዓልቲ ሓዘነይ ዝገደደ ዕምቆት ነይርዎ። እዝክር ንብዓተይ እዉን ምቁፅፃር ኣብዩኒ ነይሩ" ይብል።

ድሕሪ እታ መዓልቲ ንሳ ንክብሮም ሓድጉ ዘደቅስ ነገር ኣይተረኸበን። ድሕሪ ወርሒን ክልተ ሰሙንን ድማ ነገር ወዱ ንበዓልቲ ቤቱ ንበይና ኣሰኪሙ ንበረኻታት ትግራይ ወሪዱ። ንኣዋርሕ ብፍቓዱ ኣጋር(infantry) ኾይኑ ድሕሪ ምኩሻሑ፤ ሓይሊ ትግራይ  21ሰነ 2013 ንዋና ከተምኡ  መቐለ መሊሱ እንትቆፃፀር ካብቶም ንመቐለ ፈለማ ዝረገፅዋ ኸዋኽብቲ ትግራይ ሓደ ኾይኑ ተመለሰ። ክብሮም "ተመሳሳሊ ኣብነት ክህበካ። ቆልዓ ኣለኒ እዩ። ወደይ ክውለድ ከሎ ርኢዮ ዘይፈልጦ ዓይነት ሓጎስ ኣስተማቒረ ነይረ። 21ሰነ ንመቐለ ደጊምና እንትንቆፃፀር ዝነበረኒ ስምዒት ሓጎስ ግን ዝበለፀ ነይሩ። ኣዴታት ትግራይ ክዕልላ እናራእኹ ብታሕጓስ ይነብዕ ነይረ" ይብል።

ንቕፅል... ክብሮም ሓድጉ ካብቶም ክሳብ ኣፍደገ ደብረብርሃን ዝበፅሑ ተጋደልቲ ትግራይ እውን ሓደ ነይሩ። መንግስቲ ትግራይ 'ንሰላም ዕድል ንምፍጣር' ብዝበሎ ምኽኒት ተጋደልቲ ንድሕሪት ንክንሳሕቡ እንትእዝዝ ብናይ ኣብይ ኣሕመድ ድሮናት ካብ ዝተወቕዑ ተጋደልቲ ትግራይ እውን ክብሮም ሓደ እዩ። ክሳዕ ሐዚ ኣብ ግንባሩ ብግልፂ ዝረአ በሰላ(scar) ኣሎ። ክብሮም "ወታደራዊ ፍልጠተይ ዕምቆት ከምዝጎድሎ ይርደኣኒ እዩ። ዝወዳእናዮ ኹናት ከምዝነበረ ግን ኣይጠፋኣንን። ከመይ ክነንሳሕብ ከምዝኻኣልና ሕንቅልሕንቅሊተይ እዩ ኾይኑኒ። ድፍረት ክይኾነኒ እምበር ካብ ወታደራዊ ጉዳያቱ ፖለቲካዊ ትሕዝቱኡ ዝዛይደ ውሳነ ይመስለኒ። ዳርጋ ሕክምናይ ይውድእ ኣለኹ እየ። እንታይ ከምዝውስን ግን ተደናጊረ እየ ዘለኹ። እዚ ክዕወት ዘለዎ ፍትሓዊ ቃልስና ህይወተይ ክህበሉ ሐዚ እውን ድልው እየ። ግን ሓቂ ንምዝራብ ርእሰይ clarity(ንፅረት) ብዝብል ቃል እዩ ተታሒዙ ዘሎ። ቃልስና ግልፂ ፖለቲካዊ ንፅረት ይሃልዎ እሞ ወደይን በዓልቲ ቤተይን ገዲፈ ኸይደ እንተተሰዋእኹ እውን ዝጣዓስ ኣይመስለንን" ይብል።

ንምዃኑ ህዝባዊ ቃልስና ከመይ ኣሎ? ህዝባዊ ቃልስና ፖለቲካዊ ንፅረት የብሉን/ኣለዎ ኢሎም ዝሙግቱኸ እንታይ እዮም ዝብሉ ዘለው? ህዝባዊን ፍትሓውን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ፈተናታቱ ተሻጊሩኸ ከመይ ይተዓወት? ቃልስና ዕውት ኾይኑ ክንበሎኸ እንታይ እንተዐዊቱ እዩ?..እዚኣቶም ክንፍትሽ ካብ መሪሕነት ውድብ ህወሓት ሓዊሱ ኣብ መሪሕነት ደንበ ተቓውሞ ብሄራውያን ውድባት ፖለቲካ ትግራይ ዘለው፤ ከምኡ ድማ ብውልቀ ዘዘራረብናዮም መምህር ዩኒቨርሲቲ ሓዊሱ ዘዋደድናዮ እነሆ።

## ህዝባዊ ቃልስና ብመንፅር ንፅረት ፖለቲካዊ ዕላምኡ እንትፍተሽ...

ነበር ፕሬዝደንት ዩኒቨርስቲ መቐለን ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓትን ዝኾነ ፕሮፌሰር ክንደያ ገብረህይወት "ከም ህወሓት ኾነ ከም መንግስቲ ትግራይ ግልፂ ዝኾነ ናይ ፖለቲካ ኣንፈት ይኹን ዕላማ ኣለና እዩ። እቲ ኹናት ካብ ዝተጀመረሉ ወርሒ ጥቅምቲ ጀሚሩ ንምንታይ ኢና ንቃለስ ዝብል clear እዩ ነይሩ። ብርግፅ እቲ ዕላማ ከከም ትሪኣሉ ዓይኒ ክፈላለ ይኽእል። ንፁር ዕላማ ተዘይህልወና ቱሕዚ በፂሕናዮ ዘለና ብርኪ የምተብፅሐይ ነይሩ። ካብ ፈለምኡ መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ማእኸል ገይርና ምስ ሕገመንግስቲ ተታሒዙ ዝቐርቡ ነበሩ ነገራት ክሽራረፋ የብሎምን ብዝብል እዩ ምስ ናይ ኣብይ መንግስቲ እውን ዘጨቓጭቐና ዝነበረ። ሽዑ እውን ሐዚ እውን ቃልስና ዕላምኡ ንፁር እዩ፤ ዕላምኡ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ውሕስ ምግባር! ካብዚ ብላዕሊ ንፁር ዕላማ የለይ" ይብል።

"ህዝባዊ ቃልስና ንፁር ፖለቲካዊ ዕላማ ኣለዎ ምባል ኣይከኣልን" ዝብል ኣቦወንበር ውድብ ናፅነት ትግራይ(ውናት) ዝኾነ ግርማይ በርሀ ድማ "ካብ ፈለምኡ ናይቶም ፀላእቲ ድሌት ሪእኻ ብኡ ልክዕ ከመይ ኢና ንምክቶ? መኪትናዮ ማለትኸ ፖለቲካሊ እንታይ ምስዓተርና እዩ? ዝብል ኣይተሰረሐሉን ነይሩ። ፀላእቲ ተኣኻኺቦም ናብ ትግራይ ኣትዮም ዳርጋ ኹሉ ዝደልዩዎ ገይሮም ናብ ዘበነ ኢኒኢኒ መሊሶምና እዮም። ዋላ እቲ መሪሕነት የስታዕሩ እምበር እቲ ዘይንብርከኽ ህዝብና፤ እቶም ፀላእቱ ብክልስ ሓሳብ ጥራሕ እንተይኮነስ ብተግባር እውን መንነቱ ከጥፍእዎ ስለዝረኣዩ ብዓቕሙን ብመንገዱን ተወዲቡ ገጢምዎም እዩ። ከም ህዝቢ ገጢሙ ድማ ከምቲ 21 ሰነ ዝተርኣየ ወሳኒ ዓወት ኣመዝጊቡ። ሙሉእ ዓወት ከምዘይኮነ ግን ንኹልና ግልፂ እዩ። ዓወትና ሙሉእ ዘይኮነሉ

ቀንዲ ምኽንያት ድማ ጉድለት ንፅረት ፖለቲካዊ ዕላማ ስለዘለዎ እዩ። ተዓዊት ክትብል ዝዓለምካዮ ክትዓትር ከለኻ እዩ። ዕላማ ክዕተር ድማ ፈለማ ዕላማ ክቐመጥ ኣለዎ። እንታይ እዩ እቲ ዕላማ? እንተይልኻ ግልፂ ኣይኮነን። ግልፂ ስለዘይኮነ ድማ ሓንሳእ ምእንተ ህላወና ድሕንነትናን ይበሃል፣ ሓንሳእ ፀላእትና ምድምሳስ ይበሃል። ህዝቢ ይቃለስ ኣሎ፤ ምቅላሱ ልክዕ እዩ። ነቲ ቓልሲ 'ይመርሕ ኣለኹ' ዝብል ኣካል ግን ነቲ ቓልሲ ግልፂ ዝኾነ ዕላማ ስለዘየቐመጠሉ ብዙሓት ዓንቀፍቀፋት ንርኢ ኣለና" ይብል።

ሓላፊ ርክብ ህዝቢ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና) ዝኾነ ኪዳነ ኣመነ "ህዝባዊ ቃልስና ንፁር ዕላማ ኣይኮነን ክህልዎ፤ ንፁር ዕላማ ንክይህልዎ እውን ይሰራሕ እዩ ዘሎ። ነዚ ኻዓ ተዓጢቑ ዝሰርሕ ጉጅለ ኣሎ" ዝብል ኾይኑ "እዚ ጉጅለ ወይ ውድብ ዓላምኡ ንፁር እዩ። 'ማዓርነታዊ ሓድነት' ዝብል። ዝተቐየረ ዕላማ የብሉን። 'ኣባትነብሲ' ብሄር ብሄረሰባት ኾይኑ ክቐርብ እዩ ዝደሊ። እምበር ናይ ዓባይ ትግራይ ሕልሚ፡ ናይ ነፃ ሃገረ ትግራይ ሕልሚ የብሉን። ከም መሸቀጢ 'ህዝቢ ክውስን እዩ' ይብል እዩ። ንምንታይ? ኣብ መሬት ናይ ሃገርነት ሕቶ ናብ ዘይዕፀፍ ብርኪ ስለዝበፅሐ። ኣብዚ እቲ ውድብ ሓደ ናይ ባዕሉ ቅዋም ካልኣይ ናይ ምዕራባውያን ሓሳብ ኣሎ። ክልቲኣም ዝገጥመ እዩ ኣረኣእዮኦም። ምዕራባውያን እውን ካብ ረብሓኦም ተበጊሶም ሓድነት ኢትዮጵያ እዮም ዝደልዩ። ህወሓት እውን ከምኡ ኣድማሳዊ ዝኾነ leftist ዝኾነ 'ሽቃሎ ዓለም ክሓብሩ ኣለዎም' ዝብል ጉጅለ እዩ። እዚ ጉጅለ እዚ ናይ ብሄር ተሓላቕነት የብሉን።ናይዚ ተሓላቕነት ናይ ስልጣን ተሓላቕነት ናይ ፀቢብ ጉጅለ ተሓላቕነት እዩ። ህዝቢ ሑሕ ክብሎ ከሎ 'ህዝቢ ክዎስን እዩ' ይብል። ታይ እዩ ክገብራ እዛ ህዝበ ውሳኒ? ከምታ ናይ ዝሓለፈ እዋን መረፃ ክገብራ ይኽውን። ከምኡ ዓይነት መረፃ ኣብ ዓለም የለን። ከም ውድብ ንክንዕወት ክንስለፍ ክንዋደቕ ኣለና ኢልና ኢና ንኣምን። እዚ ንክይኸውን ቀንዲ

> ካብ ፈለምኡ መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ማእኸል ገይርና ምስ ሕገመንግስቲ ተታሒዙ ዝቐርቡ ነበሩ ነገራት ክሽራረፉ የብሎምን ብዝብል እዩ ምስ ናይ ኣብይ መንግስቲ እውን ዘጨቓጭቐና ዝነበረ። ሽዑ እውን ሐዚ እውን ቃልስና ዕላምኡ ንፁር እዩ፤ ዕላምኡ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ውሕስ ምግባር ! ካብዚ ብላዕሊ ንፁር ዕላማ የለይ "

ሓንካሪ ኮይኑ ዘሎ ድማ እቲ ገዛኢ ውድብ እዩ። ቃልሲ ተጋሩ ከይንፅር ጥራይ ከይኮነስ ክሕንሸሽ ናብ ናይ ሸዋ ፕሮጀክት ክኣትው..ምናልባት autonomous ኾይኑ ኣብ ክሊ ኢትዮጵያ ዕንክሊል እናበለ ንዘሕቅቕ ስትራቴጂ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ" ኢሉ ይውስኽ።

ምክትል ኣቦወንበር ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ዝኾነ ኣሉላ ሃይሉ ህዝባዊ ቃልስናን ንፅረት ፖለቲካዊ ዕላምኡን ንዝምልከት ሕቶ " ሕድሕድ ተጋዳላይ ግፍዒ ወረርቲ ኣሰኪሕዎ ካብ ገዝኡ ክወፅእ እንከሎ ሒዝዎ ዘወፀ ዕላማ ኣለዎ። እዞም ግፍዐኛታት ወረርቲ እዚ ኹሉ ዝገብሩ ዘለው መሬት ዓዲኣቡኡ ወሪሮም ክሕዙ ስለዝኽእሉ እዩ። ካብ መሬተይ ፀራሪገ ከውፅኦም ኣለኒ ኢሉ። እዚ ኹሉ ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ ዝበፅሕ ዘሎ ኣያ ስለዝሰኣንኩ እዩ። ነዚ እውን ከም ብሄር ሉኣላውነተይ ዘረጋግፀለይ መንግስትነት ደጊመ ክዓትር ኣለኒ ኢሉ ወፂኡ። ሃለዋትን ድሕንነተይን ክትሕልወለይ ዝበልኩዋ ሃገር ኣብ ልዕሊ ህዝበይ ኸቢድ ግፍዒ ፈፂማ። ኣነ ይኹን መፃኢ ወለዶ ምስ እዛ ሃገር ምቕፃል ንናይ መወዳእታ ጥፍኣት ምምችቻው ስለዝኾነ ናይ ባዕለይ ሃገር ክውንን ግድን እዩ ዝብል ዕላማ ሒዙ መስዋእቲ ክኽፍል ተጋዲሉ። እቲ ህዝባዊ ቃልሲ ኩለመዳያዊ ምስ ምዃኑ ኣብ ኩሉ ዓውዲ እቲ ብሄራዊ ቃልሲ ዘካይድ ዘሎ ትግራዋይ እዘን ሰለስተ ተጋዳላይና ዝተሓንገጠን ዕላማታት ዝተሓንገጠ እዩ። ወናኒ ህዝባዊ ቃልስና ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልቡ ዝፀሓፈንን ክይተዘራረበ ዝረዳደኣለንን ዕላማታት እየን። እዘን ዕላማታት እዚኦን ኣብዚ ኩለመዳያዊ ህዝባዊ ቃልሲ ዝዓሰለ ትግራዋይ ኣብ ልቡ ከቲሙ ዝቃለሰለን ዕላማታት እየን። ይኹን እንበር ነዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ግልፂ ዕላማታት እቲ 'መንግስቲ እየ' በቲ ዝፈረሰ ሕገመንግስቲ ፌዴራሊ ጠጠው ኢለ ዝብል ኣካል ምስ ኹነታት ዝቀያየርን ኣብ ሓደ ከዕስል ዘይኽእል ዘይንቱር ዕላማን ሒዙ ነቲ ህዝባዊ ቃልሲ በይነይ ይመርሖ ኣለኹ ይብለና ኣሎ። ህዝባዊ ቃልስና ወናኒኡ ህዝቢ ትግራይ እናሃለወ ብዕላማ ይኹን ስርርዕ ነቲ ህዝቢ ዘይመስል ኣካል፣ ኣነ ጥራይ እየ ዝመርሕ ይብል ኣሎ። ህዝቢ ትግራይ ብምኽንያት ዝነበረ ኹነታት ተኣኪቡ ዕላማ እቲ ህዝባዊ ቃልሱ ብዕሊ ስለዘይኣወጀ፣ ነዚ ብምብላፅ ነቲ ቃልሲ ናይ ባዕሉ ፀቢብ ረብሓ ብዝሕሉ መንገዲ ክህንድሶ ሙከራታት የካይድ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ ህዝባዊ ቃልስና ብሓደ ገፁ ሓቃውን ዘላቕን ረብሓ ተጋሩ ዘረጋግፅ ብሄራዊ ዕላማ ዝተሓንገጠ፣ ብኻሊእ ገፁ ትግራይ ናብ ዝነበረቶ(status quo ante) መንገዲ ደልሃመት ዝምልስ፡ ዕላማ እቲ ናይ ፌዴሪኢ ሕገመንግስቲ ዝተሰከመን ሓይሊ መንን ተቓርቂሩ ይርከብ ምባል ንኽእል" ይብል።

መምህር ዩኒቨርሲቲ መቐለን ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ብዘለዎ ተሳትፎ ዝፍለጥን ኣብርሃ ሃይለዝጊ ብወገኑ "ጉዳይ ህልውና ኾይኑዎ እምበር መንእሰይ ይኹን ህዝቢ ትግራይ ፖለቲካዊ ዕላማ ተሓንጊጡ ኣይኮነን ዝተቓለሰ" ድሕሪ ምባሉ "እቶም ፀላእቲ ትግራዋይ ብምኳኑ ጥራይ ብኣልማሚት ስለዝወቕዕዎ፣ ነታ መሬተይ ዝበላ መዒኦም ስለዝወረርዋን እዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ዖታዊ ይኹን ደርባዊ ድሕረባይትኡ ብዘየገድስ ዝቃለስ ዘሎ። ካብ መበገሲኡ እዚ ህዝባዊ ቃልሲ ፖለቲካዊ ዕላማ ኣይነበሮን። ፖለቲካ ተይልና እቲ ሃለዋቱ፣ እቲ መንነቱ ወይ እቲ ትግራዋይነት እዩ ዝኸውን። ፖለቲካ ተይልና ምናልባት እታ ዶባዊ ሓድነቱ እያ። ዶባዊ ሓድነቱ ክምክት ኣቲው ኣሎ። ፖለቲካ ዝብል ዘለኹ ideology ዝመርሖ ፖለቲካዊ ideology መሰረት ዝገበረ በዚ ድማ ዝተጣየሸ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ሓሳብ ንምፅራሕ እየ፤ ብዚ ተኸይድና ድማ ካብ መፈለምትኡ ኣይነበሮን እየ ዝብል" ኢሉ ይውስኽ።

## ተሳትፎ ህዝባዊ ሓይልታት ቅድሚን ድሕርን 21 ሰነ እንትምርመር..

መወዳእታ ወርሒ ጥቅምቲ 2013 ኣ.ግ ዝጀመረን፣ ፈለማ ስሩዕ (conventional) መልክዕ ሒዙ ዝነበረ ኹናትን ወራርን ጀኖሳይድ፤ ብዙሕ ከይፀነሐ ፀላእቲ ንብዙሕ ኸባቢታት ትግራይ ምስተቖፃፀሩ ነይሩ ካብ ስሩዕ ኣወዳድባ ወፂኡ ህዝባዊ መልክዕ ዝሓዘ ቃልሲ ዝኾነ። ኣብ ውሽጥን ደገን ዝርከብ ኩሉ ትግራዋይ ከይተዘራረበ ዕዮ ገዛ ብምውሳድ ድማ ኣብ ዓለም ካብ ዝተኻየዱ ዓበይቲ ህዝባዊ ቃልስታት ንሓደ ግሁድ ዝገበረ። ውልቀሰባት ይኹኑ ማሕበራት፡ ማሕበራት ይኹና ፖለቲካዊ ውድባት ኣብዚ ቃልሲ ነናይ ባዕሎም ኣውንታዊ ግደ ካብ ዝተፃወቱ ህዝባዊ ሓይልታት ውሽጢ ድማ ኾይኖም። ማዕበል ህዝባዊ ቃልሲ ሓይሉ ፀላኢ ንኣዋርሕ ተቖፃፂርዋ ካብ ዝነበረት ዋና ከተማ ትግራይ ዘቢጡ ብምውፃእ ድማ ዓለም ዘስደመመ ዓወት ኣመዝጊቡ። እዚ ዓረሞሸሽ ግን ሙሉእ ዘይኾነ ዓወት

ድሕሪ 21 ሰነ ህዝባዊ ሓይልታት ከምቲ ናይ ቅድሚ ሰነ ዝነበረ ተሳትፎ ንከይህልዎም ስለዝተሰርሐ ምዝሕሓላት ተርእዩ እዩ ዝብሉ ከምዘለው ኾይኖም ነዚ ብግልባጡ ዝሙግቱ እውን ኣይተስኣኑን።

ኣሉላ ሃይሉ "ድሕሪ ምፍራስ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ክሳብ 21 ሰነ 2013 ዝነበረ ቓልሲ መግለፂ ሓበራዊ ቃልሲ ህዝባዊ ሓይልታት ትግራይ እዩ። ብውፅኢቱ ድማ ትግራዋይ እንተተሓቢሩ ከመይ ዝበለፀ ሓይሊ(Synergy) ክፈጥርን ክእመኑ ዘይኽእሉ ዓወታት ከመዝግብ ከምዝኽእልን ዝተርኣየሉ ነይሩ። ኣብዚ ቃልሲ ኩሉ በታ ዝኽእላን ዝመልካን ተበግሶ ወሲዱ ዝተሳተፈሉ ኾይኑ፤ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ድማ ኣንፀባረቕቲ ዓወታት ኣመዝጊቡ እዩ። ትግራይ ንዝሓለፈ 30 ዓመት ትኽደሉ ዝነበረት መጓነዩ፣ገባታይን ጎጃላይን ህወሓታዊ ኣካይዳ ንጎኒ ገዲፉ ትግራዋይ ኩሉ ብዓቕሙን ብኽእለቱን ነቲ ውራይ ከበርክቶ ብዝኽእሎ መጠን ተቓሊሱ። ዘበናት ዘሳገርዎ ክብርታቱ ህይወት ዘሪኦም ፍልፍል ስምረት፣ ሓቦ፣ ፅንዓት፣ ውፉይነትን ኮይኖም መንነት ትግራዋይ ተኾሊዑ ማእገር ህዝባዊ ቓልስና ኮይኑ ታሪኽ ሰሪሑ። በዚ መሰረት እቲ ናይ መጀመርታ 8 ኣዋርሕ ካብ ህወሓታዊ ድርዕቶ ወፂእና ኣብ ክብርታት ትግራይ ዝዓሰልናሉ እዩ ነይሩ ምባል ይከኣል። ድሕሪ 21 ሰነ ብተፃራሪኡ እቲ ገባታይን መጓነይን ባህሪ ህወሓት መፂኡ ኣብ ኩሉ ዝጎልሀሉ፤ እቲ ኩሉ ነገሩ ወፍዩ ዝቃለስ ዝነበረ ትግራዋይ ዝተጓነየሉ ብውፅኢቱ ድማ ትግራይ ብትሑት ዓቕማ እናተመርሐት እትሳለን ምእንተ ገባትነት ባህሪ ህወሓት ህዝባ ኸበድቲ ኽሳራታት ተሰኪሙ ብዝዛየደ ኣብ ናይ ህላወ ሕቶ ዝኣተወሉ ኹነታት እዩ ተፈጢሩ " ይብል።

"ኣብ ክልተ ከፊለ ክሪኡ ዝደሊ ወሳኒ ኣጀንዳ እዩ" ዝብል ኪዳነ ብወገኑ "ከም ውድብ ብዓሰርተታት ኣሻሓት ዝቑፀሩ ኣባላትና ኣብቲ ቃልሲ ኣለው። ብደርዘናት ዝቑፀሮ ድማ ኣብ ተዓሊማት ሓለፍቶት ኣለውና። ኣብቲ መስዋእትን መጉዳእትን ዝሓትት ቃልሲ ኣለና። ኣብቲ ናይ ስትራቴጂካዊ መሪሕነት፣ ኣብቲ ክፍተት ምሽፋን፣ ኣብቲ ናይ ትግራይ መፃኢ ዕፃ ሓቢርካ ምውሳን ኣብቲ ዘተን ድርድርን ዝምልከቱ  ግን እቲ ገዛኢ ውድብ ገዛ ዓፅዩ ንበይኑ እዩ ዝውስን ዘሎ። እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ (ጉጅለ ዝብሎ ዘለኹ ንህወሓት ኣይገልፅን ኢለ ስለዝኣምን እዩ) መሪሕነት ክትብሎ ኣይምጥንን። ካብ ወረዳ ንላዕሊ ናይ ምምራሕ ዓቕሚ ዘይብሉ እዩ። እዚ ፀቢብ ጉጅለ ትግራዋይ ቃልስና ህወሓታዊ ከምስሎ እዩ ዝፍትን ዘሎ። ካብኡ ሓሊፉ ጉጅላዊ ከምስሎ እውን ይፍትን። እዚ ፀቢብ ጉጅለ ፀቢቡ ፀቢቡ ናብ ፀቢብ ናይ ጥቕሚ circle ተቐይሩ። ስልጣንን ጥቕምን ጥራሕ እዩ መለኪዒኡ። ቅድሚ 21 ሰነ relatively ሓቛፊ ዝኾነ ህዝባዊ ቃልሲ ነይሩ። ቅድሚ 21 ሰነ ትግራዋይ ኣነ እየ ዝጋደል ኣነ እየ ዝሰለፍ ይብለና ተይፀዋዕናዮ ናብ ተዓሊማት ይወሕጅ ነይሩ። ድሕሪ 21 ናይቲ ስትራተጂክ መሪሕነት ጉጅለ ሕማም ትግራዋይ ምስ ረአዮ፤ ተሓፂቡ ዘይፀሪ ፍሕኛ ኾይንዎ። ዝኹሉ ጥፍኣት ዝመፅ ካብዚ ጉጅለ እዚ እዩ። ካብቲ ውድብ ኸይኾነስ ካብቲ ካብ ማእኸላይ ኮሚቴ ንላዕሊ ዘሎ ጉጅለ እዩ። so ብሰንኪ ዝጉጅለ እዚ ድሕሪ 21 ሰነ ሓይልታት ተንጠባጢቦም። እዚ ጉጅለ ድሕሪ ሰነ 21 ንባዕሉ ኣብ ከተማ ኣትዩ ንኻሊእ ተራ ተጋዳላይ እናገበረ ክንደይ ነገር የበላሹ ከምዘሎ ንሪኦለና። ቅድሚ 21 ትግራዋይ ኣነ እየ ዝጋደል ዝብል ዝነበረ ሐዚ እናገደድካ ናብ ምግዳል ኣብፂሖምዎ ኣለው። ፍትሓዊ ሕቶ እንትነልዕል እውን ሓድነትኻ ክኸፋፍልዎ እዮም ዝብልዎ" ኢሉ ይሙግት።

ፕሮፌሰር ክንደያ "ኣብ ኹሉ issue ምሙጋት ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ዝነበረን ዘሎን ቃልሲናን ህዝብና ፅቡቕ ይቃለስ ነይሩን ኣሎን። እቲ ህዝባዊ ቃልሲ ብዋንነት ዝግለፅ ህዝቢ ኣብቲ ቃልሲ መኸተ ብዝገብሮ ተሳትፎ እዩ። ዝኽእሎ ኹሉ ይገብርሎ ይስዋእሎ እዩ። እቶም ክህልው ዝኽእሉ ሓይልታት (ፖለቲካዊ ውድባት ይኹኑ ካልኦት)ናይ ህዝቢ ወኪላት እዮም። ከም ህዝቢ ቅድሚ ሰነ እውን ድሕሪ ሰነ እውን ይቃለስ ኣሎ እዩ። ነዚ መግለፂታት መሊኦም እዮም። ብቕዓት ሰራዊትና ምርኣይ ይከኣል(ዛይዱ እዩ)፣ ካሊእም ይትረፍ ብዙሓት ክፉላት ትግራይ ድሕሪ 21 ሰነ ናፃ ኽምዝወፀ ንዝንግዕ ኢና(21 ሰነ እንትበሃል መቐለ ምሓዝና ስለዝረአ)..of course ሐዚ እውን ሓራ ዘይወፁ ብዙሓት ቦታታት ኣለውና። ገና ክስርሑ ዝግበኦም ኣለውና። ግን እቲ ቀንዲ ናይቶም ሓይልታት ተሳትፎ እቶም ሓይልታት ባዕላቶም

ትግራይ ንዝሓለፈ 30 ዓመት ትኽደሉ ዝነበረት መጓነዩ፣ገባታይን ጎጃላይን ህወሓታዊ ኣካይዳ ንጎኒ ገዲፉ ትግራዋይ ኩሉ ብዓቕሙን ብኽእለቱን ነቲ ውራይ ከበርክቶ ብዝኽእሎ መጠን ተቓሊሱ።

ብዝገብርዎ ተሳትፎ እዩ ዝውሰን። ንዑኡ መንግስቲ የሞቻቺ ዶ ኣየሞቻቻችይን ዘሎ? ዝብል ከከም ኣረኣእያና ኣፈላላይ ክህሉ ይኽእል። ከም ኽማይ ግን ተሳትፎ ኣሎ፤ እቶም ሓይልታት እውን ብዋናነት እቲ ተሳትፎ ብናይ ህዝቢ ተሳትፎ እዮም ክልክዕዎ ዝግባእ። እቶም ሓይልታት እውን ይዘሓሓሉ ተሃልዮም እሳቶም ክምለስዎ ዝግባእ እዩ ዝመስለኒ" ኢሉ ሓሳቡ የቐምጥ።

"ቅድሚ 21 ሰነ ዝነበረ ቃልሲ ኩሉ ሰሚሩ ዝተቓለሰሉ እዩ ነይሩ" ዝብል ግርማይ በርሀ ብወገኑ "ድሕሪ 21 ሰነ ግን ነቲ ህዝባዊ ቃልስና ኣነ እየ መሪሐዮ፣ ኣነ እየ ናብዚ ኣብጺሐዮ ዝብል ዘረባ ብግልጺ ዝዛረብ ሓይሊ መጺኡ። ምዝራብ ጥራሕ እንተይኮነ ናይቲ ቃልሲ ፈፀግ ጠቕሊሉ ኽወስድ ዝደሊ ሓይሊ እውን ኾይኑ። እዚ ሓይሊ እዚ ድማ መሪሕነት ህወሓት እዩ። መሪሕነት ህወሓት ከምቲ ንነዊሕ እዋን ንፈልጦ ብባህሪኡ ዘስምር ሓድነት ዘፈጥር ኣይኮነን። ድሕሪ 21 ሰነ እቲ እንፈልጦ መሪሕነት ህወሓት ምስ እንፈልጦ ባህሪኡ መጺኡ። በዚ ድማ እቲ ዝነበረ ህዝባዊ ሓድነትን ስምረትን ናብ ምፍዛዝ ኣትዩ። ድሕሪ 21 ሰነ ዝተርአየ ገባታይነት ህወሓት እዩ። ናበይ ይወስደና ከምዘሎ ድማ ንሪኡ ኣለና። እዚ ገደብ ተዘይተገይርሉ ትግራይ ናበይ ትኸይድ ከምዘላ ግልፂ እዩ ዝረኣየኒ። እዚ ኸይዲ ኣዝዩ ሓደገኛ ህዝባዊ ቓልስና ናብ ሓደጋ ዘእተወ ከይዲ እዩ። ፍልፍል እዚ ድማ መሪሕነት ህወሓት ገባታይነቱን በታናይነቱን ኣስፋሕፊሑ ስለዝመፀ እዩ" ይብል።

> እዚ ፀቢብ ጉጅለ ትግራዋይ ቃልስና ህወሓታዊ ከምስሎ እዩ ዝፍትን ዘሎ። ካብኡ ሓሊፉ ጉጅላዊ ከምስሎ እውን ይፍትን። እዚ ፀቢብ ጉጅለ ፀቢቡ ፀቢቡ ናብ ፀቢብ ናይ ጥቕሚ circle ተቐይሩ። ስልጣንን ጥቕምን ጥራሕ እዩ መከኪዒኡ።

መምህር ኣብርሃ "ቅድምን ድሕርን 21 ሰነ ህዝባዊ ቃልስና ናይ cause ኣፈላላይ የብሉን። ተቐቲሉ፣ ተገፊዑን ክፀንት ስለዝተገበረን እዩ ተቓሊሱ። ሐዚ እውን እተን ናይ ሃለዋት ሓደጋታት ከምኣ ኢለን ኣለዋ። ምናልባት ኣፈላላይ ዝተፈጠረ ዝመስለኒ ቅድሚ 21 ሰነ መንግስቲ እውን ፖለቲካዊ ውድብ እውን ኣይነበረን። መንእሰይ ከውፍር ህዝቢ mobilize ክገብር ዝኽእል ሓይሊ ኣይነበረን። ህዝቢ ብመንነቱ ሓደጋ ስለዝመፆ እዩ ባዕሉ፤ መሰልጠኒ ማእኸል ኣበይ ኣሎ እናበለ ክቃለስ ህዝቡ ናፃ ከውዕእ ዝተምም ዝነበረ። ድሕሪ 21 ሰነ ግን እቲ ተመሪፀ ዝበለ መንግስቲ 'መንግስቲ እየ' ኢሉ ስለዝመፀ፣ እቶም ናይ መንግስቲ ተቓወምቲ እውን ክመፁ ግድን ኾይኑ። በዚ ድማ ኣብ መንጎኦም ኣፈላላይ ክፍጠር ጀሚሩ። ኣብቲ ማሕበረሰብ ግን ከምኡ ኣይኮነን። እታ cause እውን ንሳ እያ ዘላ። እቲ ተቓላሳይ እውን ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ማሕበረሰብ ክፋላት መጺኡ እዩ ሰሚሩ ዘሎ። ኣብ ታዕሊም ሰለስተ ዕላማታት ነይረን። 1.ዶባዊ ሓድነት ትግራይ ምርግጋፅ 2. ዝተመረፀ መንግስቲ ናብ ቦትኡ ምምላስ 3. መሰል ዓርሰ ውሳነ ትግራይ ምርግጋፅ ዝብላ። እቲ መንእሰይ እዘን ዕላማታት እዚኣን ተነጊረንኡ እየን፣ ኣሚኑለን እውን ይኸውን። ከምቲ ቅድም ኢለ ዝገለፅክዎ ግን ብዋንነት መንነቱ እዩ ኣቓሊስዎ። ካብተን ዕላማታት ድማ እታ ቀዳመይቲን ካልአይቲን ብኽፊል ተመሊሰን እየን። መንግስቲ መንግስቲ እየ ኢሉ assert ክገብር ምስፈተነ ግን ተቓወምቱ ይኹኑ ተሞገቱ ክሙግትዎ ጀሚሮም። እቲ መንግስቲ ዘጣየሸን ብመረፃ ተመሪፀ እየ ዝብል ውድብን ናቱ ተናሓናሕቲ ውድባትን ንሕንሕ ይሪኢ ኣለኹ እምበር ኣብቲ ኻሊእ ብዙሕ ኣይረኣየንን" ይብል።

## ህዝባዊ ቃልስና፡ ይጭወይ ዶ ኣሎ'ስ ይግስግስ?

እዚ ሓሳብ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ብፍላይ እንኪ ሸዋ 'ፖለቲካውን ዲፕሎማስያዊን' ድኽመታት ተራእዩ ብዝብልን፤ መንግስቲ ትግራይ 'እነሆ ንሰላም ክብል ተመሊሰ ኣለኹ' ብዝበሎ ምኽንት መሰረት እንትምለስ ጀሚሩ ውጥም ቅልቅል ክብል ፀኒሑ ካብ ቀረባ ግዘ ንነዘ ግን ዝግንግን ዘሎ ሓሳብ እዩ። ፅባሕ ግዘ ምስ ሓለፈ ታሪኽ ዓለም ካብ ዝስነዶም ዓበይቲ ህዝባዊ ቃልስታት ሓደ ከምዝኾን ዘየጠራጥር ህዝባዊ ቃልስና ናይ እማን ይጭወይ ድዩ ዘሎ'ስ ወይስ ከይዱ ሓልዩ እዩ ዝግስግስ ዘሎ ኢልና ክንሓትት ኣብ ዘገድድ ብርኪ ድማ ንርከብ።

ኪዳነ ኣመነ "እቲ ፀቢብ ጉጅለ ተተሳኺዕሉ ክጨውዮ ክፍትን እዩ። ወያናይ ዲሞክራሲ፡ ናይ ውድቦም ዕላማ ናብ ሰራዊትና ከስርፁ ኢድብኢድ ሒዝናዮም ኢና። እዚ ናይ ሐዚ ሰራዊት ከምቲ ናይ 17 ዓመት ናይ ሓደ ውድብ ዘይኾነስ ናይ ህዝቢ ትግራይ ሰራዊት እዩ።

ብትግራዋይነቱ ንዘተጋደለ ናብ ፓርቲ ከጥምቕዎ ሒገ ይብሉ ከምዘለው ንፈልጥ ኢና ግን ክሳኽዕሎም ኣይክእልን። ካብ ትግራዋይ ኣጀንዳ ናብ ፀቢብ ኣጀንዳ ክወርዱ ክለው እቲ ዝበፅሖም ዘሎ challenge ንሪአ ኣለና ኢና። ምንጪ ሕማም ትግራይ እኮ ንሳቶም እዮም። ናይ ትግራይ ናይ ባንዳ ማእኸልኮ ንሳቶም እዮም። ኣብ ባይቶና ሓደ ባንዳ ኣይተረኸበን። ኣብ ቀረባ እኳስ ናይ ትግራይ ኣጀንዳ ዝበትዕ ኣብ መፅሄት ወይን ንብሄራውያን ውድባት ትግራይ ፀረ መኸተ እዮም፣ ካብ ኣብይ ኣይፍለዩን ወዘተ ኢሎም እዮም። ናይ ትግራይ ፖለቲካ ጢዒና ከይህልዎ እዮም ዝሰርሑ። ህወሓት ዓብይ ዝኽብር ታሪኽ ዘለዎ ውድብ እዩ። ቱሕዚ ቁልፊ ናይ ስትራቴጂክ መሪሕነት ውድቀት ዘለዎ ጉጅለ ግን ካብ ፀቢብ ኣጀንዳ ስለዘይወፅእ ክጨውይ ክፍትን እዩ። ግን the ground is different ከም ናይ ትማሊ ኣይኮነን፡ ኣይክሳኽዕሉን። ቱሕዚ ዘሎ መሪሕነትን እቲ ገስጋሳይ መንእሰይናን incompatible እዮም። ኣይቃደውን። ዝኹሉ መዓት ዘምፀአ ጉጅለ ክንዲ ካብ ስሕተቱ ተማሂሩ ሓቋፋይ ክኸውን ዝሙክር ቃልሲ ትግራዋይ ክጨውይ እዩ ዝሙክር ዘሎ። ዝገደደ ዋጋ ግን ክኸፍሎ እዩ" ይብል።

ፕሮፌሰር ክንደያ ብወገኑ "ህወሓት እኮ ናይ ትግራይ እዩ። ናበይ እዩሞ ክጨውዮ? ከምኡ ዓይነት ባህጊ ፈፂሙ የብልናን። ህወሓት ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ዘለዎ ተራኦ ይፍለጥ እዩ። ምስ ፖለቲካዊ ውድባት ንኣብነት ናይ መኸተ ሓይልታት እዮም ተባሂሎም ፎረማት ውዳበታት ተፈጢሮም እዮም። ኣብኡ ሓላፍዘላፍ ክህሉ ይኽእል፣ ግን ህወሓት ጥራይ ተሓታቲ ክኸውን ኣይኽእልን። ብሓደ ኾይኖም ይዘትዩ እንድሕር ዘየለው ስራሕ ይሰርሑ ተዘይሃልዮም ኹሎም እዮም ተጠየቕቲ ዝኾኑ(ኣብቶም ፎረማት ውድብይ ወኪለ ስለዘይተሳተፍኹ እየ እዚ ዝብል ዘለኹ)። ህወሓት ቱቓልሲ ንበይኑ ወሲዱ እንታይ እዩሞ ክገብሮ? መረፃ ተኻይዱ እንድዩ፡ ዝተመረፀ መንግስቲ እዩኮ። መንግስቲ ኣጣይሹስ ይመርሕ እውን ኣሎ እኮ እዩ። ቱጫፍ ናይ መንግስቲ ሒዙስ ድሕሪኡ ናበይ እዩ ክጨውዮ? ብሓደ ኾይንካ ኣብ ምስራሕ ውስንነት እንተሃለዩ ብሓደ ከፍ ኢልካ ብምዝታይ እዩ ዝፍታሕ እምበ ተጨውዩ ኢልካ ናብ ሓደ ኣካል ብምልኻኽ ጥራይ ኣይኾነይ። ናይ ውድባት መድረኽ ኣሎ፣ ኣብኡ እዩ ክፍታሕ ዝግባእ።" ይብል።

"ተጨውዩ ኢሎም ዝምጉቱ እውን ልክዕ እዮም። ህዝባዊ ቃልስና ክጭወይ ኣይኽእልን ዝብሉ እውን ኣይተጋገዩን" ዝብል ም/ኣቦወንበር ሳወት ዝኾነ ኣሉላ "እቶም ተጨውዩ ዝብሉ ዘለው ኣብቲ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ገባታይን ረማሳይን እጃም ህወሓት ብምዕዛብን እቲ ዘሎ ምሉእ ዓፈናን 'ኣነ እንተሞይተ ዳንዴር ኣይትቡቀላ' ዝዓይነቱ እካይዳ ህወሓት ብምዕዛብን ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ስግኣት ስጋ ለቢሱ ርኡይ ዝኾነ ኣሉታዊ ለውጥታት ኣብቲ ህዝባዊ ቃልሲና የርኢ ኣሎ እዩ። እቲ ናብ ደልሃመት ዘእተወና ስሱዕ ባህሪ ኩሉ ክግብት ብዘይኽልካሊ ይንቐሳቐስ ስለዘሎን ኣሉታዊ ውፅኢቱ ድማ ብግልፂ ይረኣይ ስለዝጀመረ ህዝባዊ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ተጨውዩ እዩ ክብሉ ግድን እዩ። እዚ ግን ሓደ ገፅ እቲ ኹነታት ካብ ምርኣይን ብህወሓት ዝተጨውየ ቓልሲ ካልኣይ ወያነ ካብ ምዝካርን ዝብገስ ድምዳመ ይመስለኒ።

**እዚ ይመርሕ ኣለኹ ዝብል ዘሎ ኣካል ነዚ ቓልሲ እዚ ዘየዐንቅፎ ተዝኸውን እውን ሓደ ነገር ነይሩ። ብተግባር ግን ዓንቃፊ እዩ ኾይኑ ዘሎ። ኣብ ህዝባዊ ዕላማ የለን ጥራሕ እንተይኾነስ ነቲ ሓይሊ ሓኒቑ ሒዙዎ ዘሎ ናይ ባዕሉ ዕላማ እውን ኣንፃር ህዝባዊ ዕላማና እዩ ዝመስል።**

ኣነ ክርእዮ ዝደሊ፡ በቲ ዝዓበየን ዘይተተንከፈን ዓቕሚ ህዝቢን መንእሰይን ትግራይ እዩ። ተፈጥራዊ ወናኒ ህዝባዊ ቃልስና ድማ ንሱ እዩ። መንእሰይ ትግራይ ኣብዚ ተኣፋፊ ዘባ ኮይኑ መፃኢኡን ህዝባዊ ቃልሱን ናብዚ ኹሉ ውርደት ንዘእተዎ ሓይሊ ዳግም ኣህጊሩ ክድቅስ እዩ ዝብል እምነት የብለይን። ሓዱሽ ወለዶ ትግራይ መፃኢኡ ኣብ ኢዱ ምእታው ኣይተርፍን። በዚ ኣንፃር እቲ ናይ ህወሓት ሓይሊ ድማ ናብ ቐሉዕ ገባታይነት ይኸይድ ስለዘሎ፣ ነዚ ፀይሩ መፃኢኡ ናብ ደልሃመት ዘእቱ መንእሰይ ብሓፈሻ ህዝቢ ክህሉ ኣይኽእልን እየ ዝብል። እዚ ሓይሊ ግዝን ኹነታትን ረቒቡ እቲ ብሄራዊ ቓልሲ ዳግም ጨውዩ ንትግራይ ናብ ዘለኣለማዊ ባርነት ክእቱ ዝኽእለሉ ከይኮነስ መንእሰይ ትግራይ ቃልሱ ወኒኑ ብሄራዊ ቃልሲ ወለዶታት ትግራይ ብምግሃድ ሉኣላዊትን ዴሞክራስያዊትን ሃገረ ትግራይ ምግሃዱ ኣይተርፍን ዝብል ሓቂ እዩ ዝርኣየኒ" ይብል።

ኣቦወንበር ውናት ግርማይ በርሀ "ህዝቢ ብልቡ ዕላማ ሒዙ እዩ ዝቃለስ ዘሎ። ምስ ኢትዮጵያ ገዲም ይኣኽለኒ፡ ናይ ባዕለይ ገዛ ናይ ባዕለይ ሃገር ይግበኣኒ ኢሉ ኹሉ ዓይነት መስዋእቲ ይኸፍል ኣሎ። ኣብዚ ዕላማ እዚ ከይዓሰለ፡ ነዚ ቃልሲ እዚ ይመርሕ ኣለኹ ዝብል ህወሓት ከሳብ ዘሎ ግን ቃልሲ እዚ ጭውያ ኣጋጢምዎ ኣሎ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ምኽንያቱ ዝኾነ ሓይሊ ክቃለስ እንተሎ ነዚ ዕላማ ኢሉ እዩ ዝቃለስ፤ ዕድለኛ እንተኾይኑ ነዚ ቓልሲ ዝመርሕ ዝቓኒ ናብ ጫፍ ዕላማ ዘብፅሕ ኣመራርሓ ይህልዎ። እቲ ቓልሲ ናይ ምዕዋት ዕድሉ እውን ብኡ ልክዕ ይኸውን። እዚ ይመርሕ ኣለኹ ዝብል ዘሎ ኣካል ነዚ ቓልሲ እዚ ዘየዐንቅፎ ተዝኸውን እውን ሓደ ነገር ነይሩ። ብተግባር ግን ዓንቃፊ እዩ ኾይኑ ዘሎ። ኣብ ህዝባዊ ዕላማ የለን ጥራሕ እንተይኾስ ነቲ ሓይሊ ሓኒቖ ሒዝዎ ዘሎ ናይ ባዕሉ ዕላማ እውን ኣንፃር ህዝባዊ ዕላማና እዩ ዝመስል። ስለዚ እዚ ሓይሊ እዚ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ይጨውዮ እዩ ዘሎ ማለት እዩ። ከምዚ ተቐፂሉ ድማ ናብ ዝኸፈአ ሓደጋ ከእትወና እዩ" ይብል።

"ኣብ ህዝብና ነበረ ዋዒ ቁሩብ ዝተዘሓሓለ ይመስለኒ" ዝብል ኣብርሃ "ዘዘሓሓሎ ምኽንያት እንታይ እዩ? እዚ ንምባል መፅናዕቲ ስለዘይገበርኹ ከፀግመኒ ይኸውን ግን ዝመስለኒ፤ እቲ ገዛኢ ውድብ መቐለ ተመሊሱ መንግስታዊ ባህሪ እንተርኢ. እቶም ተቓወምቱ ድማ ከሙግትዎ ዝፍጠር ምውጣጥ ዝፈጠሮ ይመስለኒ። ኣንፀላልዮና ዘሎ ሓደጋ ኣብ መዕለቢኡ ተይዓለበ፣ ሙሉእ ዓወት ከይተረኸበ ናብዚ ክእቶ ኣይምነበሮን ድማ እብል። as if ኖርማል ከምዘለና ናብ ምሽኳትን ምምንጫትን ክእቶ ኣይምነበሮን። cause ናይቲ ቃልሲ ኣይተቀየረን። ንዓይ ፖለቲካ ሐዚ luxury እዩ። ክኸውን ዘለዎ ዓቕምታትኻ ከይበተንካ ንቃልስና ሓጋዚ ክትገብሮ ይግባእ እምበር ነንሕድሕድካ ተናጪትኻ ንፀላኢ ክፍተት ምፍጣር ግቡእ ኢለ ኣይወስዶን። መጀመርያ ጠጠው ክንብል ኣለና። ንትግራይ እውን secure ክንገብራ ኣለና። ሽዑ እቲ ኣብ ምቸው እዋን ንሰርሖ ፖለቲካ ክነርክበሉ ኢና። እዚ ማለት ምንም ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ዘይብሉ ይኹን ማለተይ ኣይኾነን። ታይ ንግበር? ከመይ ንቃለስ? ኣብ ዝብልስ ኣፈላላይ ክህልወና ከም ፀጋ እየ ዝወስዶ" ይብል።

# ዲፕሎማሲና ናበይ? ንዓወት ዶስ ንስዕረት?

ላዕለዎት ወታደራዊ ኣመራርሓ ትግራይ ሰራዊትና ካብ ሽዋ ምምላሱ ስዒቡ 'ዲፕሎማሲናን ፖለቲካናን ማዕረ ማዕረ ወታደራዊ ዓወታትና ክስጉሙ ኣይኻኣሉን' ዝብል ሓሳብ ካብ ዘቀላቕሉ ናብዚ፤ ናይ እማን ትግራይናስ መዓልቲ ብዝሓደረ ቁፅሪ ትዕወት ድያ ዘላስ ትስዓር? ዲፕሎማሲ ትግራይ ኸ ከመይ ሓዲሩ? ኢሉ ዘይጭነቕ ትግራዋይ ዳርጋ የለን።

ግርማይ በርሀ "ዲፕሎማሲ ዝበሃል ኣይነበረናን እንድየ ዝብል። እታ ንእሽቶ ረኺብናያ ዝነበርና እውን እቶም ፀላእቲ ገስረጣት፣ ሕማቓትን ስዲታትን ስለዝኾኑ ኣብ ትግራይ ዘውረድዎ መከራ ዓለም እውን ኣደንፂዋ ካብ ድንጋፀ ዝተልዓለ ዝተወሰነ ምድግጋፍ ዝተገበረሉ እዩ። ድሕሪ 21 ሰነ ዝነበረ ኣከያይዳ ግን፤ ትግራይ ካብ ሰብኣውነት ካብ ምድንጋፅ ዝተልዓለ ረኺባቶ ነበረት ድጋፍ እውን ዘጥፍአ እዩ። ንምንታይ ዘጥፍአ ኾይኑ? መሪሕነት ህወሓት ንዓለም ሓዱሽ ኣይኮነን፤ ዝፍለጥ መሪሕነት እዩ። ኣተሓሳስብኡን ኣከያይድኡን ይፍለጥ። በዚ ምኽኒት ነይሩ ድማ እተን ምዕራባውያን ሃገራት ምስቲ ሕዚ ኢትዮጵያ ዝመርሕ ዘሎ ኣካል ተሓባቢረን ክወቕዐኦ ዝተበገሳን ንዕኡ ክወቕዓ እውን ንህዝቢ ትግራይ እውን ዝለከመኦ። እዚ መሪሕነት ኣእምሮ ተዝህልዎ ንህዝቢ ትግራይ እውን ዝሓስብ ተዝኸውን ብዙሕ ለውጥታት ከካይድ ምተገበኦ ነይሩ። ኣተሓሳስባን ኣካይዳን ምለወጠ፡ ምልክታቱ ምለወጠ፣ ናይ ኣመራርሓ ለውጢ እውን ምገበረ። ሕዚ እቲ ንሕናን ሳወትን መሰጋገሪ መንግስቲ ንብሎ ዘለና ሓደ ረብሕኡ እዙይ እዩ። ኣብ ትግራይ ናይ ኣተሓሳስባን ኣካይዳን ለውጢ ከምዘሎ ኢኻ ንዓለም ተርእይ። በዚ ድማ ዓለም ክትሰምዐና በሪ ትኸፍት። ተሰሚዓትና ድማ ዝስማዕ ነገር ኣለና ኢልና ኢና ንብገስ። እቲ ሐዚ ዘሎ መሪሕነት ግን ኩሉ ስለዝነፀጎን ዓለም እውን ስለዝተፀየፈቶን ኣብቲ ዲፕሎማሲ ኣይኮነን ሓዱሽ ዓወት ከምፅእ እታ ብሰንኪ ፀላእትና ኣብ ዝባና ዘውረድዎ ግፍዕን መከራን ፈጢርናያ ዝነበርና ምድንጋፅ እውን ትጠፍእ እያ ዘላ። ዲፕሎማሲና ሞይቱ እዩ ምባል ይከኣል። ከምዚ እናኸደ ክሞት ድማ ግድን እዩ። ግልፂ ፖለቲካዊ ዕላማ ዘይብሉ፣ ዓለም ዘይደለየቶ ሓይሊ ሒዝኻ ከመይ ገይርኻ ዲፕሎማሲ

ክተዕውት? ኣነ ህዝብና ቓልሱን ፍትሓዊ ዕላምኡን ክሳብ ዝቐፀለ ይዕወት እምበር ኣይሰዓርን እብል። ብሰንኪ እዚ መሪሕነት እዚ ግን ዘይግባእ ዋጋ ይኸፍል እዩ ዘሎ። በዚ ኣከያይዳ እዚ በዚ ኣመራርሓ እዚ እቲ ኺሳራና ብዙሕ እዩ ክኸውን። ካብዚ ተላዒልና እንትንገምግሞ ስዕረት ይገጥመና ኣሎ እዩ። ዋና ምኽንያቱ ድማ እቲ መሪሕነት እዩ" ይብል።

ኣሉላ "ናይ ትግራይ ዲፕሎማሲ ብተለምዶ ናይ Public Diplomacy እንብሎ ዝዓብለሎ ብዋናነት ኣብ ተጎዳኣይነትን ምቅላዕ ተፃባእትናን ዝተደረኸ እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ናይ ሃገራት ዲፕሎማሲ ቐንዲ መመዘኒ 'ህልውን መፃእን ረብሓ' ስለዝኾነ ናይ ትግራይ ዲፕሎማስያዊ ስራሕቲ ኣብ ወሰንቲ እዋናት ረብሕኦም ብዘቐድሙ ሃገራት ኣድላይ ዘበለ ሓገዝ ክረክብ ኣይከኣለን። ስለዝኾነ ንሕና በቲ ዝወደቕናሉ ናይ ዲፕሎማሲ መንገዲ ንጉዓዝ ኣለና፤ ተፃባእትና ድማ ከከም ኩነታቱ እናተገላበጡ ይፃወቱ እዮም ዘለዎ። ብዋናነት ድማ ህዝባዊ ቓልስና ብዝሓዞ ሓቀኛ ዕላማ ከይኾነስ ብናይ ህወሓት ፀቢብ ውድባዊ ዕላማ እዩ ዓለም ዝፈልጠና። ስለዝኾነ ኣብ ረብሓ ዝተደረኸ ዲፕሎማሲ ብምስራሕ ዓወታት ንሓፍሰሉ ኩነታት ክንፈጥር ኣይከኣልናን። እተን ብሄራውያን ውድባት ሓዊሱ ብመብዛሕትኡ ዲያስፓራ ዝስራሕ ዘሎ ዲፕሎማሲ ናይ ዕላማ ኣፈላላይ እውን ስለዘለዎ ኣብ ባይታ ድጋፍ እቲ መንግስቲ እየ ዝብል ኣካል ስለዘይብሉን ድልየቱ እንተተንቐሳቐሰ እውን ፍረ ከምፅእ ከፀግመሉ ይኽእል። እቲ ይስራሕ እዩ ዝበሃል ዲፕሎማሲ ወኪላት ህወሓት በብኸባቢኡ ብምምዳብ ካብ ዲፕሎማስያዊ ስራሕቲ ንላዕሊ፤ ኣብ ትግራይ ዝኸየድ ዘሎ መዳነዪ ኣካይዳ ብምኽታል ብዋናነት ብሽም መኸተ ድጋፍ ሓደ ውድብ ምጥንኻር እዩ። እቲ ውድብ ካብዚ ወፃእ ካልእ ክሓስብ ኣይኽእልን፣ ኩሉ ነገር ብረብሓ ፀቢብ ጉጅላዊ ረብሕኡ ምርኣይ። በዚ መዳይ ብትንትን ዝበለ ዲፕሎማስያዊ ቃልሲ ጥቕሉልን ዝድህሰስን ዓወት ከምፅእ ኣይኽእልን። በዚ መዳይ እንትርአ እቲ ናትና ዘይስሩዕ ፐብሊክ ዲፕሎማሲ ናህሪ እናሰኣነ ብኣንፃሩ ድማ ሃገራት ዛዕባ ትግራይ ምስ ምቕፃል ኢትዮጵያ ኣተሓሒዘን ክርእይኦ እናተገደዳ መፂአን። እዚ ብዋናነት ካብ ምቕርቃዕ ዕላማ ቓልስና፣ እቲ ንትግራይ ይውክል ዝብል ሓይሊ ምስ ምዕራባውያን ዘለዎ ድሕረ ባይታን ብዋናነት ድማ እቶም ኢትዮጵያውያን በዚ ሓይሊ ብዝኾነ መንገዲ ክግዝኡ ሸውሃት ዘይብሎም ምኧኑ ብህወሓት ዝምራሕ ካብ ትግራይ ዝለዓል ዝኾነ ዲፕሎማስያዊ ቓልሲ እንተሰሊጥዎ ሰብኣዊ ሓገዝ ክርከብ ካብ ምግባር ዝዘለለ ዘላቒ ዲፕሎማስያዊ ዓወት ክርከበሉ ዝከኣል ኣይኮነን" ክብል ሓሳቡ የቕምጥ።

"እዚ ጉጅለ ናብ ዲፕሎማሲ ኺይዱ እውን ዝሸየጥ የብሉን" ዝብል ሓላፊ ርክብ ህዝቢ ባይቶና ኪዳነ ኣመነ "ፈታዊ ዝበሃል ዘይብሉ ውድብ ከምዝኾነ ቅድሚ ኣርባዕተ ወርሒ ገሊፀ ነይረ። ምስ ዓለም ዝተብኣሰ ጉጅለ፣ ኣይኮነን ምስተን ኣብ security council ዘለዎ ልዕለ ሓያላን ዝበሃላ ሃገራት ግደፎም ምስ ኣብ ጎረቤትና ዘለዋ ሃገራትኳስ ዝተፃለአ ጉጅለ እዩ። እዚ ጉጅለ ኣብ ዲፕሎማሲ ትግራይ ዕርፊ ይጨብጥ ተተባሂሉ ትግራይ ኪሳራ ጥራይ እዩ ከጋጥማ ዝኽእል። ኣብ ዲፕሎማሲ ዘሎ ኣሰራርሓ totally disaster እዩ ዝኒህ። እዚ ጉጅለ naturally undemocratic እዩ። ንሕና ህወሓት እውን ይተሓቆፍ፤ ሓደ ናይ ትግራይ ወሳኒ ኣካል እዩ ግን ምእንተ ህዝበ ትግራይ ምእንተ ምዕዋት ፕሮጀክት ዓባይ ትግራይ ክኸውን ዘለዎ ዓቕሚ ዘለዎም ታጉዳይ ከዐውትዋ ዝኽእሉ ሰባት ኢና ናብ ቅድሚት ይምፅኡ ንብል ዘለና። ንሕና professionalism ነቕድም ንሶም ፖለቲካ ኣቕዲሞም፤ ዲሲፕሊን ዘይብሎም ሰባት ነቲ ዲፕሎማሲ ክመርሕዎ እናገበሩ ህዝባዊ ዝኾነ ቃልሲ ውድባዊ ክገብርዎ ይፍትኑ ኣለው። እዚ ድማ ጠቕሊሉ የኽስረና እዩ" ኢሉ ይውስኽ።

"ምስ ዲፕሎማሲ ተተሓሒዙ ብዙሕ ነገር ይለዓል እዩ። ግን ሓደ ክፍለጥ ዘለዎ ትግራይ ከም ዓዲ ኾይና ኢምባሲታት ገይራ ኣይኮነን ትንቀሳቐስ ዘላ። ፀላኢና ኢምባሲታት ለለዎ ብዙሕ ሃፍቲ ለንቀሳቐስ እዩ። ኣብ ልዕሊኡ ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ርክብ ፀገም ኣሎ፣ ናይ ኮሚኒኬሽን ፀገም ኣሎ ናይ ምንቅስቓስ ሽግር ኣሎ። ንሳቶም ተደልዮም ፅባሕ ንጉሆ ናብ ኒውዮርክ ወይ ብራሰለስ ወይ ፍራንክፈርት ኺይዶም lobby ክገብሩ ይኽእሉ። ንሕና ከምኡ ናይ ምግባር luxury የብልናን። ንሕና ድማ ካልኦት ክንምዝምዞም ዝግቡኡና ኣድቫንቴጃት ኣለውና እዮም። ንኣብነት ብጣዕሚ ጠንካራ ዝኾነ ውፉይ ዝኾነ ናይ ዲያስፖራ ኮሚኒቲ ኣለና። ንዑኡ ንምስራሕ ብዑኡ ንምጥቃም ብፍላይ ካብ ዝሓለፉ ክልተ ኣዋርሕ ጀሚሩ እቲ ኣወዳድባታት

ተዓራርዩ ናይ መንግስቲ ተወከልቲ እውን ተቐሚጦም ብዙሓት በቢኣህጉሩ እውን ካውንስላት ክጣየሹ ተገይሩ እዩ። ኸዚ እዚኦም ትልሚ የውፅኡ ትልሚ ይፍፅሙ ሪፖርት እውን ይልእኹ እዮም። ብደንቢ ልተወደበ መልእኽቲ ንሰድድ ኢና፤ ልተወደበ ሪፖርት እውን ንረክብለና ኢና። ናትግራይ ዲፕሎማሲ ዓው ኢልኻ እውን ክትዛረበሉ ኣይትኽእልን። እሳቶም ምንም ኣብ ዘይተገበረ እውን እከለ ሴናተር ረኺብና ሃምዚ ኣውጊዕና ላበሉ ዜና ይሰርሕሉ እዮም። ኣብ ዝኾነት ሓንቲ event ዓሰርተ ዜና እዮም ዝሰርሑ። ንሕና ሃምኡ ክንገብር ኣይንኽእሊ ምኽንያቱ ቶም ንረኽቦም ሰባት እውን ምኽንያታት ስለዘለዎም። ገሊኦም ንኣብነት ምስ ጉዳይ ሉኣላውነት የተሓሕዝዎ እዮም። ሐዚ ከም ገምጋምና ኣብቲ ዲፕሎማሲ እውን ፅቡቕ ኺያዶ ኣሎ እዩ። ንህዝቢ ዘይግለፁ ብዙሕ ነገራት እውን ኣለው እዮም። ብውሽጢ ዝስርሑ ነገራት እውን ኣለው እዚኦም ኺይዶም ኺይዶም ከዐውቱና እዮም። እቲ ቀንዲ ኩላትና እውን ግልፂ ክኾነልና ዝግበኦ ግን ምሽጥር ዓወትና ኣብ ኢድና እያ ዘላ። 'ብቕልፅምና' ትበሃለላ ምኽንያት እውን ንሱ እዩ። ቱዲፕሎማሲ ሓጋዚ እዩ ልኾን እምበይ ቱዋና ናይ ባዕልኻ ጥንካረ እዩ። ቱመጀመርያ ታሕሳስ ናብ ኣዲስኣበባ ንቐርብ ተለና ዝቐርቡና ነበሩ ዲፕሎማታት ብግልፂ ምውፃእ ጀሚሮም ነይሮም እዮም። እዙይ ክንሕግዝ ገለ ላበሉ። ደሓር ብናባዕልና ገምጋም ምስተመለስና ብድሕሪኡ ድሕር ድሕር ክብሉ ጀሚሮም እዮም። እዚ ቱቐንዲ ነገር ኣብ ቕልፅምኻ ሃምልምስረት የምህረና። ንሕና ዘይንረኽቦ ኣካል የለይ ግን ክንጥንክር ከለና እቶም ብውሽጢ ንረኽቦም እውን ክመፁ እዮም። ስለዚ እቲ ናይ ዲፕሎማሲ ኩነታት ንሰርሐሉ ዓቕሚ እውን ውሱን ከምዝኾነ ተረዲኢና ብዙሕ ክንሰርሐሉ ግድን እዩ። ናይ ዲያስፖራ ኮሚኒቲ ይኹን መንግስቲ ትግራይ ዓብይ ናይ ዲፕሎማሲ ዓቕሚ እዮም። ብፍላይ እቲ ናይ public diplomacy ይሰርሕ ኣሎ እዩ። ፐብሊክ ዲፕሎማሲ ክሰርሖ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ። ብዙሓት መግለፂታትና ኣብዚ ጥራሕ ከይኾነስ ምስኦም እውን ናተማኽርና ኢና ነውፅኦም" ይብል።

## ህዝባዊ ቃልስና ከመይ ብዓወት ይከምበት?

እነሆ ዘርኢ ናይ ምጥፋእ ኹናት ካብ ዝኸፈተና ዓመትን ፈረቓን መሊእዎ። ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ህዝቢ ትግራይ ብጥይትን ጥሜት ንክጠፍእ ካብ ዝፍረደሉን ንኺይጠፍእ 'ክላሽንን ሓቅን' ካብ ዝዓትር 18 ኣዋርሑ። ህዝብና ክመውት፣ ክዋረድን ክጠምን ተገይሩ እዩ። 'እያኣይ ኢሉ ሓሪኑ' እውን ኣንፃር ፀላእቱ ተኳሺሑ ዓወታት ኣመዝጊቡ እዩ። ዓወትና ሙሉእ ክኸውን መከራ ህዝብና ክሓፅር እንታይ እዩ ክግበር ዘለዎ? ምፍታሽና ድማ ግድን ይኸውን።

ም/ኣቦወንበር ሳወት ኣሉላ ሃይሉ "ትግራይ ገጢምዋ ዘሎ ፀገም ሙሉእ ዓወት ብምርካብ ጥራይ እያ ክትፈትሖ ትኽእል። ቑንፅል ዓወትና ማዕረ ዘይምዕዋት ትርጉም እዩ ዘለዎ። ዓወት ድማ ብመንፅር ዕላማ እዩ ዝዕቐን። ዕላማ ህዝባዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ቀዲመ ከምዝገለፅኽዎ ንፁር እንትኸውን ናይቲ ይመርሕለኹ ዝብል ዘሎ ኣካል ዕላማ ድማ ተለዋዋጣይ ብዋናነት ድማ ምስ እታ ጀኖሳይድ ዝፈፀመልትና ሃገር ዝተጣበቐ እዩ" ድሕሪ ምባሉ "ህዝባዊ ቓልስና ዝድሕንን ሙሉእ ዓወት ክዓትርን፤ ሓቀኛ ቅርፂ ህዝባዊ ቃልሲ ሒዙ ከምቲ ንሸሞንተ እዋርሕ ዝነበሮ ብኹሉ መዳይ ኣብ ክእለት፣ ውፉይነት፣ ልምዲ፣ ብሄራውነት ካልኦት ክብርታት እቲ ህዝባዊ ቃልሲ ተደሪኹ ኣብ ልቢ ኩሉ ትግራዋይ ዘሎ ንፁር ህዝባዊ ዕላምኡ ተነፂሩ እንትዓስል እዩ። ንኣብነት ዕላማ ህዝባዊ ቓልስና ገዲፍና ድርዕቶ ዕላማ ህወሓት እንተለቢስና ክነሳኽዖ ንኽእል ንደቡብ እንተኸይድና ዕላማ ምኒሊክ፡ ንሰሜን እንተኸይድና ድማ ዕላማ ሚኒሊክን ጥልያንን ኢና ነዐውት። ብሄራዊ ዕላማና ተዘየነፂርና ናብ ዝኾነ ኣንፈት ንኺድ ኣንፃር ረብሓ ብሄረ ትግራይ ኢና ነፈፅም። መላምል ከፊልካ ዕላማ ፀላእትኻ ምስኻዕ ማለት እዩ። ነዚ እዩ ድማ ዓቕምታት ትግራይ ዝእከብ፣ ሃለዋትናን ደሕንነትና ንምሕላው ዘጣየሽናዮም ኩሎም ትካላት ሕጋዊ ድጋፍ ብምሃብ ዝዕቕብ፣ በቲ ዝፈረሰ ሕገመንግስቲ ተቐሪኑ ዝነበረ ሉኣላዊ መሰላት ብሄረ ትግራይ ዝለዓሉ መሰላት ዘጎናፅፍ፣ ኣተሓሳስባታት ትግራይ ክውክሉ ዝገብርን ብዋናነት ድማ ሓድነት ተጋሩ ኣብ ፅኑዕ መሰረት ብምቕማጥ ከምቲ ዝግበኣናን ንብህጎን ሉኣላዊትን ዴሞክራስያዊትን ሃገረ ትግራይ ክነግህድ ዘኽእለና መሰጋገሪ መንግስቲ ክነጣይሽ ኣለና ንብል ዘለና" ይብል።

ኣብርሃ "ኹሉ ብቢዓቕሙ ከበርክተሉ ዝኽእል መንገዲ ክነዳኒ ይግበኣና። ብስሩ እውን ተጋሩ ትምህርቲ እውን ክንወስድ ኣለና። ናይ ቀደም እሞ ይፅነሐልና፤ ናይ ሐዚ ህወሓት ንምንታይ ካብ ኣዲስ ኣበባ ተባሪሩ መፂኡ? ንምንታይ ኢህወዴግ እውን ፈሪሱ ዝብል እንተሪእና ኣብ ህወሓት ዝነበሩ ተጋሩ ንንባዕሎም እናተመናጨቱ ነቶም ናይ ደገን ውሽጥን ፀላእቲ በሪ ስለዝኸፈትሎም ይመስለኒ። ሕዝውን ከምኡ ዝመሰለ ካብ ፖለቲካዊ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ሓሊፉ ክትመናጨት ምሙካር እዙይ ሓደገኛ፤ ፀላእትና እውን ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ዝሓለፈ ሓደ ሽሕ ዓመት ተመሳሳሊ ሓደጋ ኣጋጢሙና እዩ። ተመሳሳሊ ፀገም ከጋጥመና ከሎ ካብኡ ተማሂርና ናብ ካልእ ልዕል ዝበለ ብራኽ ንሽጋገር ህዝቢ ኮይና ኣይንፈልጥን። ከምዚ ዓይነት ሕመቕ ኣብ ዓለም ብዙሕ ኣይረኣን። ሓደ ሕማቕ ዕድል ከም critical juncture (መቐይሮ ነጥቢ) ተጠቒምና ናብ ዝበለፀ ክንከይድ ብዙሕ ኣይተርኣናን። ሐዚ ግን ክንመሃር ኣለና። ወሪዱና እኒሆ መዓት ናይ መወዳእታና ክኸውን ክንገብር ኣለና። ካብዚ መዓት እዚ ኢኮኖሚያዊን ፖለቲካዊን ብራኸ ሓፍ ዘብል ነገር critically ሓሲብና ክንምህዝ ኣለና። ኣብዚ ክልተ ነገር ክብል። ሓደ እቲ ሐዚ ገጢሙና ዘሎ  በዲህና ክንወፅእ ከም ህዝቢ ጠጠው ንክንብል እቶም ፀላእትና ንምውጋድ ብውህደት ክንሰርሕ ኣለና። ናይ ትግራይ ሓይልታት ከየባኸንና ክንጥቀም ኣለና። ኻልኣይ ግን ንሓዋርሩ ዘላቒ ብዝኾነ መንገዲ ትግራዋይ ካብ ዕንክሊል ዝወፀሉ ንፁር ፖለቲካዊ ዕላማ ክህልወና ይግባእ። ቅድም ኢለ ካብ  ዝገለፅኩወን ዕላማታት ሓንቲኣ  ሽፍንፍን ዝበለት መሰል ዓርሰውሳን ህዝቢ ትግራይ እትብል እያ። ታይ ማለት እያ? clear ክትኸውን ኣለዎ። መረፃ ምግባር እውን መሰል ዓርሰውሳነ እዩ። ክልል ኮይንኻ ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ኾይንኻ ዝመሰለካ መንግስቲ ምምራፅ እውን መሰል ዓርሰውሳነ እዩ። ብስሩ ንሽሕ ዓመት ዝኸድናዮ መኽሰሪ ጉዕዞ እዩ። ዝተፈለየ መንገዲ ኸይድና  ክልል ዘይኮናስ ሃገር ኢልና ምምፃእ እዩ ንፀገማትና ሓደ ስዳሮ መፍትሒ ኢልና ንኣምን እንተኾይና ኻሊእ መንገዲ ሪፈረንደም ክበሃል ይኽእል እዩ። ሕዚ ኣነ clarity የለን ዝብሎ እቲ ገዛኢ ውድብ መሰል ዓርሰ ውሳነ ይብል እምበር፡ ናበይንኡ? ዝብል ይሽፋፍኖ እዩ። መስል ዓርሰ ውሳነ እንተይሉ ዝርዝር ክህልዋ ብዙሕ ነገራት elaborate ዝገብር ሰነድ ክህልው ኣለዎ። ምህላው ጥራሕ እንተይኮነስ ናብ ህዝቢ ቐሪቡ ክመያየጠሉ ኣለዎ። ህዝቢ ብዙሓት ሕርያታት ክቐርበሉ ክኽእል ኣለዎ። ከም ፖለቲካ ፓርቲ ናይ ባዕልኻ መርገፂ ትወስድ ትኽእል ንህዝቢ ግን እዚኦን እዚኦን ኣማራፅታት ኣለዋ። ኣነ ዝጠቕመካ እዚኣ እያ ግን ድማ ብዓልኻ ዝጠቕመኒ ትብሎ ምረፅ ኢልካ ተቕርበሉ ክትኽእል ኣለካ። ክብሪ ህዝቢ ትግራይ ንምሕላውን ዶባዊ ሓድነት ትግራይ ንምሕላውን ሂወት ንምስዋእ እኹል ምኽንያት ዋላ እንተኾነ፤ ሓደ ተሰዊኡ ኣሕዋቱን ቀፀልቲ ወለዶታትን ተመሳሳሊ መስዋእቲ ከይኸፍሉ ናይ መወዳእታ መኸምበቲ ምዕራፍ ክኾነሉ ግን ፖለቲካዊ ዓላማ ክህልወና ኣለዎ።  ከም ህዝቢ clarity የድልየና ብፍላይ ከም መንግስቲ ፖለቲካዊ ንፅረት ክህልወና ወሳኒ እዩ" ይብል።

ግርማይ በርሀ ብወገኑ "ህዝባዊ ቃልስና ክድሕን ፈለማ ዕላማ ክንፅር ኣለዎ። እቲ ቓልሲ እዚ ዝመርሕ ዘሎ ኣካል ንፁር ዕላማ ሒዙ ክለዓል ኣለዎ። ኻልኣይ ድማ ነዚ ኩነታት እዚ ብዝምጥን መልክዑ ህዝቢ ትግራይ መንግስቱ ክተክል ኣለዎ። መንግስቲ ነቶም ሕዚ ዝመርሑ ዘለው ዝተፈለየ ጥቕሚ ስለዝኾነ መስርሕ ምኻኑ ክርስዕዎ ይኽእሉ እዮም። ግን ብቕንዕና ንዝሓስብ፡ ብሳይንስ ንዝኸድ ኣእምሮ መንግስቲ ማለት መሳርሒ እዩ። ንዝኾነ ዕላማ እተገልግለሉ ዓብይ ትካል ማለት እዩ። ስለዚ ህዝቢ ትግራይ ዘድልዮ ዓወት እንተኾይኑ ነዚ ግልፂ ህዝባዊ ዕላማ ከፈፅም ዝኽእል ነቲ ዘለናሉ ኩነታት ዝምጥን ሓበራዊ ዝኾነ መንግስቲ ከጣይሽ ክኽእል ኣለዎ። እተን ቁልፊ ነገራት እዚኦን እየን። ሳልሳይ እቲ ህዝባዊ ተሳትፎ ግልፂ መስመር ሃልይዎ ክካየድ ክኽእል ኣለዎ። ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ህዝቢ ወሳኒ እዩ። ሕዚ ዳርጋ ተልኣኺ እዩ ኾይኑ ዘሎ ህዝብና። ኮታ እዩ ዝስደደሉ። ክንድዚ ኣጋድል ስንቂ ክንድዚ ስደድ እዩ ዝበሃል ዘሎ። እዚ ኣካይዳ ትኽክል ኣይኮነን። ተሳትፎ ህዝብና  እውን ምስቲ ሕዚ ክመፅእ ዘለዎ መንግስቲ ኣከያይዳ ተፈጢርሉ ኣብ ወሰንቲ ጉዳይ ወሳኒ ዝኾነሉ ዕድል ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ። ብራብዓይ ብርኪ ድማ ሕዚ ህላወናን ድሕንነትናን ብቕልፅምና ንብለና ትኽክል እዩ። ግን ብቕልፅም ጥራሕ ክኸውን የብሉን። ቅልፅምካ ዝፈርደልካ ዕድላት እውን ምምዝማዝ የድሊ። ግልፂ ዝኾነ ዕላማ እንተሒዝካ(ንኣብነት ኣነ ህዝቢ ትግራይ ንሃገር እዩ ዝቃለስ ዘሎ እየ ዝብል ካሊእ ዝብል እንተልዩ እውን ክትዕ ምካያድ እዩ) ንሃገር ኢና ንቃለስ ዝብል

ዕላማ እንተሒዝና መሳመሳ እቲ ዘለና ቕልፅም ኣብ ዓለም መሓዙት ናይ ምፍጣር ቓልሲ እውን የድሊ። ምእንታን መሓዙት ክንፈጥር ድማ መሓዙት ዝፈጥር ኣተሓሳስባ ምህላው የድሊ። ሕዚ ብጭቡጥ ፀረ ህወሓት ኾይኖም ንህዝቢ ትግራይ ለኪሞም ዘዳኸምዎ ዘለው ምዕራባውያን እዮም እንተይልና፤ ፍልፍል እዚ ህወሓት ሒዝዎ ዘሎ ኣተሓሳስባ ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ። ሕዚ ንሕና ኣተሓሳስባ ምዕራባውያን ምስ ክብርን ባህግን ትግራይ ዝፃባእ ኣይኮነን ኢልና ኢና ንኣምን። ሃፍቲ ምፍጣርን ውልቀ ናፅነትን ምዕራባውያን ዝለለይሉ ባህሪ እዩ፤ ትግራዋይ እውን ዘኽብሮን ዝደልዮን እዩ። ስለዚ ኣብዚ ዝተክል ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ምምፃእ የድሊ። እዚ ኣተሓሳስባ ምስ ምዕራባውያን እውን ክንላዘብ ይኹን ክንረዳዳእ ዕድል ይፈጥር። እዘን ኣርባዕተ ነገራት ተገይርና ቃልስና ምረቱ ይቕንስ ዓወትና ድማ ይቐረብ እዩ ኢለ ይኣምን" ይብል።

"ቀንዲ ኣብ ሃለዋት ትግራይ ኩላትና ሓደ ዓይነት ኣረኣእያ ክህልወና ኣለዎ" ዝብል ፕሮፌሰር ክንደያ "እታ ቕልፅም ንብላ ሓድነት እውን ትሓውስ እያ። ኣብ ትግራይ ሓደ ሰብ እውን ክነባኽን ኣይብልናን። ዓቕሚ እንተባኺና ዓወትና እውን ዘላቒ ክኾን ኣይክእልን። ሓደሓደ ሻዕ ዓቕምኻ ዝውድእ ውግእ ተኾይኑ ዓወትኻ እውን መጠረሽኡ ናብ Zero sum-game ዝመፀሉ ኹነታት እዩ ዝህሊ። ስለዚ ቀንዲ ነገር ከም ተጋሩ ዓብዩ picture ክንሕዝ ይግበኣና። ሓደሓደ ሻዕ Point score ናምግብባር ነገር ይረአ እዩ። ሓንቲ ሽግር ትረአሞ በታ ሽግር እሳ ኹሉ ይረባረብ። እዚኣያ ሽግሩ፣ እዚኣያ ሽግሩ ናብ ምባል ይእቶ። ትግራይ ክትለምዕ፣ ክትዓቢ ተኾይና እቲ ቀንዲ ስራሕቲ ኣብ ኢድና እዩ ዘሎ። ኣብ ቕልፅምና ዘሎ ስራሕቲ ክንሰርሖ ተኾይንና ድማ ሓድነት ወሳኒ እዩ። ምሁር ክኸውን ይኽእል፣ ፖለቲካዊ መራሕቲ ክኾኑ ይኽእሉ፣ ኹሉ ህዝብና ዘይትካእ እጃም ኣለዎ። ኣፈላላይ ክህልየና ይኽእል እዩ፤ ኣብዚ ክንበፅሕ ኢና፣ እቲ ቐንዲ ሽቶና ታእዩ ኣብ ልብል ተተረዳዲእና፤ ሃመይ ናብኡ ንበፅሕ ዝብል ተዛቲኻ እውን ትገብሮ ትኽእል ኢኻ። ባህጊ ትግራይ ኹላትና ንርድኦ ኢና። ትግራይ ለሚዓ ጠንካራ ኾይና ክትወፅእ ንምነ። መነፀርና እውን ሓፁሩ ፖለቲካዊ ፓርቲ ክኾን የብሉይ። ካብኡ ሓሊፍኻስ ናይ ግድን ኣብ ኽልተ ናይ ፖለቲካ ውዳበ ስለለለኻስ ኣብ ኹሉ ትፈላለ ማለት የኾነይ። ኹሉ ብሓደ ክሰርሕ ኣለዎ። ሓድነቱ ከስጥም ኣለዎ። እቲ ሐዚ ንገብራ ለለና ናሞትይ ናሕየትይ ቓልሲ ትግራይ ክትህልው እዩ። ተሃልያ ኢና ክንጨቓጨቕለ ክንስማዕማዕለ ንኽእል። ብድሕሪኡ ኢና ብዛዕባ ስልጣን ብዛዕባ ኻልኦት ውዳበታት ክነውግዕ ንኽእል። ሓደ ዓይነት ራእይ ክህልየና ኣለዎ። ድሕሪኡ ዘይነሳኽዖ ነገር ኣይክህሉን። ኣብ ትግራይ ተኣምር ተሰሪሑ እዩ። ፀላእቲ ወዲእናዮም፣ ሕሩጭ ኾይኖም፣ በቲንናዮም ገለ ኢሎም ሓቀይ? . . . ተላዒሉ ዶ ህዝቢ ትግራይ? ካብ ገዲም ከማየ እቲ ቐፃሊ ጉዕዞ ቐሊል እዩ። ሓደ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ እውን ብዙሕ ተሞክሮ ኣለና፤ ኻልኣይ ዓቕሚ እውን ኣጥሪና ኢና። ዓሚ ልነበረና ዓቕሚይ ሐዚ ለለና ዓቕሚይ ልተፈላለየ እዩ። ኣብዚ ተሰሪሕና ዓወትና ሙሉእ ክኸውን እዩ" ይብል።

ኪዳነ ኣመነ ብወገኑ "ከም ባይቶና ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ተዓዊቱ ዝበሃል 1. ፀላእትና ክንስዕሮም፣ ክቕፅዑን ብሕጊ ክሕተቱን እንተለው። 2. ናይ ትግራይ ታሪኻዊ መሬታት ካብ ኣልዋሃ ክሳብ ኣንገረ ክሳብ ሊማሊሞ ዘለው መሬትና ክምለሱ ኣለዎም። ብደንከልያ ብዓፋር ዘለዎ እውን ከምኡ። እቶም ናይ ኣምሓራ annex ክግበሩ ኣለዎም። ካብ ኣምሓራ ወፃኢ ዘለዎ ብዲፕሎማሲያዊ መገዲ ክንከዶ ኣለና። multiple approach ንጥቀም ማለት እዩ። ምስ ኤርትራ እውን ዶብ ዝበሃል ሻዕብያ ሃደሽደሽ ኣቢልዎ እዩ። ንሕና ንግደሽሉ ምኽንያት የብልናን። እቲ ሐዚ ዝኒህ ክባ ግዚያዊ እዩ። ትግራይ ካብ ዘለኣለማዊ ክባን ዕፅዋን ዘውፅእ ስትራቴጂ ተተኸቲላ እዩ ምሉእ ዓወት ንብሎ። እምበር እቲ ሽጉጥ ዝመስል ናይ ህወሓትን ኣምሓራን ካርታ ሒዝኻ ኣይኮነን። እዚ ክኸውን ኣብቲ ናይ ስትራቴጂክ መሪሕነት እቲ ሓቀኛ ዝበሃል ብሄርተኛ ትግራይ ነቲ ክፍተት ክመልእ ክሕቆፍ ኣለዎ። መንቀርሳ ትግራይ፡ ናይ ውድቀትና መበገሲ ናይ ስትራቴጂክ መሪሕነት ውድቀት እዩ። እዚ ናይ ስትራቴጂክ መሪሕነት ውድቀት እናሃለወ let it be ኢልካ እንተገዲፍኻዮ ናብ ዝኸፈአ ኩነታት ኢና ክንኸይድ። መንግስቲ ትግራይ ክነጠናኽሮ ኣለና። ከም ባይቶና ንኣምኖ ህወሓት ተመሪፁ እዩ። ክሳብ እታ ኹናት ትውዳእ ይምራሕ። ስሕተቱ ካብ ስልጣን ዘየውርድ ኮይኑ ኣይኾነን። ግን ዓቕምና ክንእክብ ዘኽእል ስትራቴጂ ክንክተል ስለዘለና እዩ። ህዝባዊ ኩናት ብተፈጥርኡ ንኹሉ ዝሓቁፍ እዩ። ስለዚ ሓደ ብሄራዊ ኣካል ንኹሉ ዝሓቁፍ ክጣየሽ ኣለዎ። ንሕና ነዚ ኣካል ስሙር ብሄራዊ ባይቶ ኢልናዮ ኣለና(ሽሙ ተተቐየረ እውን ኣየባእሰናን)። ኩሉ ክሕቆፍ ኣለዎ። ኩናት ንምምራሕ፣ ዲፕሎማሲ ንምምራሕ፣ ዘተን ድርድርን ንምግባር ስራዊት ንምህናፅ ወዘተ.. እዚኦም ነቲ ናይ ክልል መንግስቲ ስልጣን ኣይምልከቱን (ባዕሉ ናይ ህወሓት ሕጊ እዩ ከምኡ ዝብለና).. እዞም ብቅልፅምና ዘጥራናዮም ትካላት ናይ ኩሉ ትግራዋይ ዋኒን እዮም። እቲ ኣሰራርሓ እውን merit based ክኸውን ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይን ሰራዊት ትግራይን ኣብ ቦተኦም ኣለው ፖለቲካ ትግራይ ግን ጓህማም እዩ። ካብዚ ክንድሕን ድማ ሓደ ብሄራዊ ኣካል ክጣየሽ ኣለዎ። ህዝብና እውን ደቅና እንታይ ይብሉ ኣለው ኢሉ ክዳምፀና ኣለዎ። እዚ ጉጅለ ዓቕሚ ትግራይ እውን ዋላ እንተኾነ ክሳራ እውን እዩ። ዓቅምታቱ እናተጠቐምና ክሳራታቱ ከመይ ከምንቕንስ ብንቅሓት ክንከታተል ኣለና" ይብል።

ኣሻሓት ክብሮም ሓድጉታት ኣለውና። ምእንተ ትግራይ ኹሉ ዋጋ ዝኸፈሉን ክኸፍሉ ድልዋት ዝኾኑን። ኣሻሓት ክብሮማት ሙሉእ ዓወት ረኺቦም ርህውቲ፣ ሰላማዊት፣ ሓያል፣ ዲሞክራሲያዊትን ናፃ ሃገረ ትግራይ ክትህልወና ድማ ህዝባዊ ቃልስና ግልፂን ንፁርን ፖለቲካዊ ዕላማ ክህልዎ ናይ ግድን ይኸውን።

*ክብሮም ሓድጉ

(ነዚ ፅሑፍ ስሙ ዝተቐየረ ተጋዳላይ)

# ቁጠባና እንታይ እዩ ዝኸውን ዘሎ?

ሃንሳ ተኽላይ

ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ኲለ-መዳያዊ ለውጥታት ኣብ ምርኣይ እንተነበረ እኳ ካብ ፅግዕተኝነት ምውፃእ ከይከኣለ ዝፀንሐ ቁጠባ ትግራይ ፈለማ ምስፍሕፋሕ ቫይረስ ኮረና ስዒቡ ብዝተነበረ ኣዋጅ ሓደጋ ግዘ ተጎሳቚሉ፣ ድሕሪኡ ብወራር ኣምበጣ በረኻ ተሃስዩ ብኣውርኡ ድማ ብወራር ሰብ መሰል ኣምበጣ ኣምሓራን ኤርትራን ተሓንኲኹን ከይትንፍስ ተሓኒቑን ከም ደረቕ ቆልቋል ባም ኢሉ ኣሎ፡፡ ህዝብና እውን ኣደዳ ጥሜት፣ ሞትን ስደትን ኮይኑ መፍትሒ ካብ ሰማይን ምክልኻል ሓይልታት ትግራይን ኣብ ምፅባይ ይርከብ፡፡

## 1. ውሱናት ወሰንቲ ሕቶታት

ሓፈሻዊ ገፅታ ቁጠባና ግልፂ እንተኾነኳ ዝርዝሩን ፈውሱን ንምፍላጥ ቀዲምና ክንምልሶም ዝግበኣና መሰረታዊ ሕቶታት ኣለዉ፡፡ ብስሩ እባ ነብሲ ወከፍ ኣታዊ ትግራዋይ ክንደይ በፂሑ ይህሉ? ፍትሓዊ ክፍፍል እቲ ዝተረፈ ሃፍቲ ኸ ከመይ በለ? ኣብዚ ሕዚ እዋን መዋእለ ንዋዩ ኣብ ምህርቲ ምሃብ (productive investment) ዘዋፍር በዓል ሃፈትስ ይህልወና ዶ ይኾን? ንምንታይ? እቲ ቅድሚ ሕዚ ኣብ ናህሪ ዝነበረ ዋጋ መሬት ከመይ በለ? ወዮ ቤት መዘጋጃ እባ ስርሑ ጀሚሩ ዶ? ንምንታይ? ካሊእ ንግዲ ኸ ከመይ በለ? ትግራዋይ ሓረስታይ እንታይ ሸይጡ እንታይ ኣብ ምዕዳግ ይርከብ? ትግራዋይ ከተመታይ ከ? ንገዛን ዕዳጋን ካብ ዝውዕሉ ፍርያታት ትግራይ ገሊኦም ዝተዓፃፀፈ መፍረያይነት ክህልዎም ምግባር ይከኣል ዶ ይኾን? ህዝቢ ትግራይ እቶም ዘየፍርዮም ምህርትታት እባ ይረኽቦም ዶ ይህሉ? ካበይ ይረኽቦም? እንታይ ሂቡ ኸ ይዕድጎም ኣሎ? ኣየንኦም እዮም እንተዝድለ ኣብ ትግራይ ኣብ ውሽጢ ሓፂር ግዘ ክፈርዩ ዝኽእሉ? ኣብኦም እንታይ ይስራሕ ኣሎ? ኣየንኦም እዮም እንተተሪፎም ኣብ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ተጋሩ ፅዕንቶ ዘይፈጥሩ?

ወዮ ባንኪ የለን? ቅርሺ እባ ካበይን ብኸመይን ይርከብ ኣሎ? ካሊእ ቅርሺ (መተዓዳደጊ) መርከቢ መንገዲ ይነብር ዶ? እንተነይሩ እንታይ ዓይነት ፀገማት ምፍታሕ ስለዘይተኽኣለ እዩ እቲ ኣማራፂ ምጥቃም ዘይተኽኣለ? ንምንታይ እባ ኢና ኣይናተይን ናይ ዝበለትና ሃገር ቅርሺ

ንጥቀም ዘለና? ናይ ባዕልና ገንዘብ ኣብ ምሕታም ዝህልዉ ፈተናታትን ዕድላትን እንታይ እዮም? ተዘትዩሎም ዶ?

ኣብ ህልው ኩነታት ቁጠባ ትግራይ ጥራሕ ተይኮነስ ኣብ ዓቕሚ መፍረያይነቱ እውን ክምለሱ ዝግበኦም ሕቶታት ኣለዉ:: ኣብ መፍረያይነት ቁጠባ ትግራይ እንታይ መሰረታዊ ነገር ተለዊጡ? እቲ ዝበዝሐ ክሳራ ኣበይ እዩ በፂሑ ዘሎ? ኣብ ሓይሊ ሰብ ድዩ? ኣብ ሃፍቲ እንስሳ ድዩ? ኣብ ድሕነት ከባቢ ድዩ? ኣብ ካሊእ ንዋይ ድዩ? ዝተፈጠረ ዕድል ከ ኣሎ ዶ? እንተሃልዩ ኣብ ቀረባ እዋን ዶ ክንጥቀመሉ ንኽእል? እዚ ኹሉ ንህዝባዊ መኸተና እንታይ ማለት እዩ?

ምስ እዚ ተኣሳሲሩ መንግስቲ ትግራይ፡ መንግስቲ ድዩ? (ሕጋዊ ድዩ ኣይበልኩን) :: ስለ ሕጋውነት መንግስቲ ትግራይ ምዝታይ ብሞያን ብቐዳምነትን ግቡእ ኣይመሰለንን:: ግን መንግስቲ ትግራይ መንግስቲ ድዩ? እዞም ልዕል ኢሎም ዝተሓተቱ ሕቶታት ንምሕታት ዘኽእል ትግሃትን መልሲ ንምሃብ ዘኽእል ብቕዓትን ኣለዎ ዶ?

## 2. ዝኣተ-ትእዛዝ-ወ-ቑፅፅር፣ ሃገረ-ዕንይንይ

ብዘመነ ደርጊያ እዩ ሓደ ነባራይ ሓደ ከተማ ናብ ድንኳን ከይዱ "እንቋቑሖ ክንደይ እዩ?" ኢሉ ይሓትት:: በዓል ድንኳን ድማ "ሓምሳ ሳንቲም" ይብሎ:: ነባራይ "ወይለይ 25 ሳንቲም እዩ ዶ ኣይበሉዎን?" ኢሉ ይምልሰሉ:: በዓል ድንኳን “መን?” እንተበሎ “እቶም ካድረታት” ይብሎ:: በዓል ድንኳን ቅብል ኢሉ “እሞ ካድረ ይቓቒ እምበር እንቋቑሖ ዶ የውድቕ እዩ?” ኢሉ መለሰሉ ይበሃል:: ኣብዚ በዓል ድንኳን ዝተረድኦ ንካድረታት ደርጊ ግን ዘይተረድኦም ዋጋ እንቋቑሖ ይኹን ካልኦት ሸቐጣት ዝውሰን ብቐረብን ጠለብን ከም ዝኾነ እዩ:: ትርጉም ዘለዎን ሓጋዛይን መፍትሒ ድማ ወይ ቀረብ ብምውሳኽ ወይ ድማ ጠለብ ብምንካይ ጥራሕ እዩ ክመፅእ ዝኽእል:: ናይ ሓደ ኣቕሓ ጠለብ ተካኢቲ (ኣማረፅቲ) ነገራት ብምቕራብ፣ ሓደጋ ናይቲ ንጠልቦ ነገር ብምግንዛብ፣ ምስቲ ንጠልቦ ነገር ተኣሳሲሮም ኣብ ጥቕሚ ናይ ዝውዕሉ ነገራት ዋጋ ብምውሳኽ፣ ብኽነት ኣጠቓቕማ ብምንካይ ወዘተ ክንኪ ይኽእል:: ብኣንፃሩ ቀረብ ምውሳኽ ብምፍራይ ወይ ካብ ናይ ወፃኢ ዕዳጋ ብምግዛእ ጥራሕ እዩ ክሳኻዕ ዝኽእል:: ሕዚ ትግራይ ገጢሙዋ ንዘሎ ቅልውላው ምውሳኽ ቀረብ ይኹን ምንካይ ጠለብ ብቐሊሉ ክሳኽዑ ዝኽእሉ ነገራት ኣይኮኑን:: ግን ድማ ካሊእ ቀሊል መፍትሒ ከምዘየለ ተገንዚብካ ኣብቲ ካቢድ መፍትሒ ትኽእሎ ምግባር ኣድላይ እዩ::

ብዙ መነፅር እንትርእ፣ ትኹረት መንግስቲ ትግራይ ኣብ ምንታይ እዩ? ቀረብ ኣብ ምውሳኽ ዘድሃበ ድዩ ወይስ ጠለብ ኣብ ምንካይ? ወይስ ካብ ክልቲኡ ወፃእ?

መንግስቲ ትግራይ ዝመሓደረሉ ዘሎ ኣካይዳ ብሓፈሻ ኣዛዝን ቁፅፅራውን (command and control) እዩ:: ቅርሺ ናብ ባንኪ ዘየእትው ነጋዶ ይእለሹ፣ ይፍተሹ፣ ይእሰሩ፣ ይውረሱ:: ኣብ ዘይስሩዕ ሓዋላ ዝተዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ተመሳሳሊ ዕፃ ኣለዎም:: ዋጋ ዘይትን በርበረን እንተኸቢሩ፣ መደብራት ይዕሸጉ:: ኣብ ከተማታት ትግራይ ዝነብሩ ነጋዶ ፈቐዶ ገጠራት ከይዶም እኽሊ እንትሸምቱ፣ ዝሸመቱዎ እኽሊ ከተማ ከይኣቲ ይኽልከል:: ካብ ሒሳብ ናብ ሒሳብ ዝዛወር ገንዘብ ኣብ ዘይግቡእ ስራሕቲ ምውዓሉ እንትትጥርጠር፣ ዝውውር ይቋረፅ:: ብዙሕ ብዙሕ ኣብነታት ምዝርዛር ይከኣል እዩ:: እዚኦም ዳርጋ ኩሎም ወይ ከም ዘይሰርሑ ወይ ካብቲ ዝነበረ ከም ዘጋድዱ ብስነ-ሓሳብ ጥራሕ ተይኮነ ብተግባር፣ ኣብ ርሑቕ ቦታን ግዘን ተይኮነ ሎሚ ኣብ ትግራይ ተርእዮም እዮም::

እዚ ኣብ ምቹው ኩነታት ኮይንካ እውን ዘይብቑዕን ቀያድን ኣሰራርሓታት እዩ ዘተኣታቲ:: ምኽንያቱ ብዙሕ ግዘ እቲ ትእዛዝ ምስ ባህሪያት ደቂ ሰባት እንትቋረን ዘኸትሎ ሳዕቤን ኣብ ግምት ዘየእተወ ስለ ዝኸውንን ንክራይ ኣካብነት ዝተሳጠሐ ስለዝኾነን:: እቲ ዝተማልአ ማሓውርን መተግበርቲ ፖሊሲታትን(instruments) ዘለዎ መንግስቲ እውን ብዝተኽኣለ መጠን ኣብ ምርድዳእን ምትብባዕን ክድረኽ ከም ዘለዎ ርትዓዊ መንት ምቕራብ ይከኣል እዩ:: እንተኾነ ግን መንግስቲ ትግራይ ዝተማልአ ማሓውርን መተግበርቲ ፖሊሲታትን ዘውንን መንግስቲ እውን ኣይኮነን:: መተግበርቲ ፖሊሲታት እንብሎም ፖሊሲ ግብሪ፣ መንግስታዊ ወፃእን ኣታውን፤ ፖሊሲ ገንዘብ፣ ዋጋን ወለድን፤ ፖሊሲ

ወፃእን ኣታውን፤ ፖሊሲ ገንዘብ፣ ዋጋን ወለድን፤ ፖሊሲ መስርሕን ሰራሕተይናን፤ ፖሊሲ ፈሰስ ውልቀ ሃፍቲ (private investment) ወዘተ ይርከቡዎም:: እዚኦም ኣብ ናይ ሎሚ ትግራይ ወይ የለዉን ወይ ድማ ኣብ ስራሕ ክውዕሉ ዘኽእል ወድዓውነት የለን::

ኣብ ርእሲኡ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተልዓሉ ሕቶታት ብግቡእ ኣይተመለሱን:: እዚ እቲ ዝወሃብ ትእዛዝን ዝግበር ቁፅፅርን ኣብ ዘይፍለጥ ባይታ ይዓልብ ኣሎ ማለት እዩ:: ንኣብነት “ሽኮር ኣብ ትግራይ ይምረት ዶ? ካበይ ይመፅእ ኣሎ? ብኸንደይ ይመፅእ እሎ? ብኸንደይ ይጓዓዝ እሎ? ኣየናይ ክፍሊ ሕ/ሰብ ይጥቀመሉ ኣሎ?” ወዘተ ከይተነፀረ እንድሕር ድኣ ቁፅፅር ዋጋ ተነቢሩሉ፣ ውፅኢቱ ኣዕርዩ ዘይትንበን ምናልባት ንቲ ክጠቕሞ ዝተሓሰበ ክፍሊ ሕ/ሰብ ዝጎድእን ይኾን ማለት እዩ:: ብቲ ዝተነበረ ቁፅፅር ዝበፅሐ ከስብን ክሳራን ምፅብፃብ እውን ስለ ዘይከኣል ተሓታትነት ዘይብሎም ናብ ዘበለ የብል ዓይነት ውሳነታት ይበራኸቱ::

ኣብ ካሊእ ዘፈር ቁጠባ ንርአ:: ቀደሙ እውን ብጨፍጫፍ ፀላእትን ስዒቡ ብዝተፈጠረ ወፍሪ ዓርሰ ምድሓንን ተመናሚኑ ዘሎ ባዓል ዓቕሚ ሰራሕተኛ ትግራይ ኣብ ከንዲ ብሓደጋ ግዘ መንፈስ ናብ ስራሕ ምውፋር ብዓብይን ንእሽቶይን ዝርካቡ ስራሕ ቦትኡ እናዓፀየ ኣብ ኣኼባታት ክውዕል ይግበር:: ብዙይ ምኽንያት ከም ህዝቢ ክንደይ ማዓልታዊ ኣታዊ ንስእን ኣለና? እቶም ኣብ ተኸታተልቲ ኣኼባታት ዝመሓላለፉ መልእኽትታት ብኻሊእ መንገዲ ክግበሩ ኣይኽእሉን ዶ ነይሮም? ኣብ ኣዛዝን ቁፅፅራውን መስርሕ ኮይኑ ዝሓስብ ኣመራርሓ ንዚ ከም ፀገም ሪኡ ኣማራፂ መፍትሒ ክሓስብ ይፅገም::

ኣደዳ ኣዛዝን ቁፅፅራውን ኣሰራርሓ ካብ ዝኾኑ ዘፈራት ስራሕ እቲ ዋና ዘፈር ንግዲ እዩ:: ትግራይ ሎሚ ካብ ዓለም ጥራሕ ዘይኮነት ካብ ባዕላ እውን ተዓፀያ ትርከብ፡ በቲ ሓደ ገፅ ብዝተነበረላ ዕፅዋን ከባን እኹል ቀረብ ነዳዲ ብዘይምህላዉ ህዝብና ኣብ ከቢድ ፀገም ኣትዩ ይርከብ:: ብቲ ካሊእ ገፅ ግን ዝተፈላለዩ ሽቐጣት ካብ ሓደ ጫፍ ትግራይ ናብ ካሊእ ብነፃነት ከይንቀሳቐሱ ዝገብሩ ውሽጣዊ ክልከላታትን ካልኦት ማሕልኻታትን ብዙሓት እዮም:: እዚ ዝኾነ ይኹን ቀጥተኛ ስነ-ሞጎት ዘይብሉ ኣኸሳሪ ኣካይዳ እዩ:: ካብ ኣዛዝን-ቁፅፅራውን ኣሰራርሓ ወፃእ ንምርድኡ ድማ ከቢድ እዩ:: ኣጋጢሙና ምስ ዘሎ ፀገም ውሕስና ምግቢ ተኣሳሲሩ፣ መሰረታዊ ሽቐጣት ካብ ትግራይ ከይወፁ ምግባር ግቡእ መንግስቲ እዩ:: ክስርሐሉ ድማ ይግባእ:: ሰብን ቀረብን ኣብ ውሽጢ ትግራይ ብነፃነት ከይንቀሳቐስ ምግባር ግን ቅቡል ስነ-ሞጎት የብሉን ጥራሕ ኣይኮነን:: ህዝቢ ትግራይ ብዓቕሙ ተንቀሳቒሱ ውሕስና ምግቡ ከይረጋግፅ፤ ከም ምዕንቃፍ እውን እዩ ክርአ ዝግባእ::

ምናልባት እቲ ዝኸፍአ መግለፂ ኣብ ሽርፊ ወፃኢ ዝርአ ጉዳይ እዩ:: ከም ዝፍለጥ ደረጃ መነባብሮ ብዘየገድስ ዳርጋ ኩሉ ቤተ ሰብ ትግራይ ፅግዕተኛ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ንርከብ:: ካብ ትግራይ ወፃኢ ዝኾነ ርከብ ዘለዎ ትግራዋይ ሎሚ ሓገዝ ገንዘብ ይፅበ/ይረክብ::

ኣብ ወፃኢ ዓድታት ዝርከቡ ተጋሩ ድማ ካብታ ዘላቶም ከፊሎም ህይወት ህዝቦም ከድሕኑ ዝከኣል ኩሉ ይገብሩ ኣለዉ። ብዙይ ምኽንያት ምናልባት ኣብታ ቐታሊትና ሃገር እቲ ዝዓበየ ኣታዊ ሽርፊ ወፃኢ (remittances) ናይ ተጋሩ ከም ዝኾነ ይግመት። ቀታሊኻ ከም ምድጓም ማለት እዩ።

ኣብ ወፃኢ ዓድታት ዝርከቡ ተጋሩ ድማ ካብታ ዘላቶም ከፊሎም ህይወት ህዝቦም ከድሕኑ ዝከኣል ኩሉ ይገብሩ ኣለዉ:: ብዙይ ምኽንያት ምናልባት ኣብታ ቐታሊትና ሃገር እቲ ዝዓበየ ኣታዊ ሽርፊ ወፃኢ (remittances) ናይ ተጋሩ ከም ዝኾነ ይግመት። ቀታሊኻ ከም ምድጓም ማለት እዩ:: እዚ ክተርፍ ምግባር ኣብ ዝከኣለሎም መንገድታት ምዝታይ ቀዳማይ ዛዕባ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ክኾን ምተገብአ ነይሩ:: እንተኾነ ግን ኣዛዝን ቁፅፅራውን ኣሰራርሓ መንግስቲ ትግራይ ትኹረቱ ኣብቶም ዋጋ ስግኣትን ሓደጋን ተሸኪሞም(risk bearing Tigrayans) ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብምጉዓዝ እተን ዝተልኣኻ ገንዘብ ኣምፂኦም ንህዝቢ ዘረክቡ ኣካላት ስለ ዝገበረ ናይ ዞም ሰባት በዝሕን ዓቕምን ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናተመናመነ ኣብዚ ሕዚ እዋን ሓደ ዶላር ኣሜሪካ ኣብ ኣዲስ ኣባባ ካብ ዝዝርዘረሉ ትሕቲ ፍርቂ ኣብ መቐለ እናተዘርዘረ ይርከብ:: ስለ ዝኾነ እውን ፀላእትና ሽርፊ

ወፃኢ ጥራሕ ኣይኮነን ነበርከተሎም ዘለና፡፡ ንሕድሕድ ትግራዋይ ካብ ዝተልኣኸ ገንዘብ ልዕሊ ፍርቂ እውን ንግብረሎም ኢና ዘለና፡፡ መንግስቲ ትግራይ እዚን ከምዚን ንምፍታሕ እንተድኣ ዘይኽእል ኮይኑ መሉእ መንግስቲ ከም ዘይኮነ ምግንዛብ ከድልዮ እዩ፡፡ ሕዚ ትግራይ ንባዕሉ ከም ነጋዳይ ሓሲቡ ሕፀረት ቀረብ ኣብ ዝገደደሎም መሰረታዊ ሸቐጣት (ጣፍ፣ ስንዳይ፣ ቅርሺ ወዘተ) እናኣተወ ዘቐርብ ወይ ካልኦት ከቐርቡ ዘሳልጥ መንግስቲ እምበር ዝቆፃፀርን ዝኣስርን መንግስቲ ኣይኮነን ዘድልያ፡፡ ትግራይ ሎሚ ኩሉ ዝከኣል ኣማራፂ ተጠቒሙ ህዝባ ካብ ሞት ዘድሕነላ እምበር ሕጋዊ ኣሰራርሓ ክኽተል ብዘይሕጋውያን ወረርቲ ዘቐጥቅጣ መንግስቲ ኣይኮነን ዘድልያ፡፡

መንግስቲ ትግራይ ምሉእ መንግስቲ ከምዘይኮነ እንተኣሚኑ ቁጠባና ኣልሚሶም መላእ ህዝብና ናብ ዕንይንይ ኣእትዮምዎ ዘለዉ ደንብታትን ኣሰራርሓታትን (ብፍላይ ምስ ገንዘብን ፋይናንስን ተኣሳሲሩ) ብምውጋድ ንፃዕርን ፈጣራይነትን ህዝቢ ትግራይ ዝምጥኑ መፍትሕታት ከምፅእ ይኽእል እዩ፡፡ ትፅቢት ድማ ይግበረሉ፡፡

እዚ ግን መንግስቲ ካብ ቀረብን ጠለብን ወፃእ ዘለዉ ዋኒናት ቁጠባ ኣይምልከቱዎን ማለት ከም ዘይኮነ ክስመረሉ ይግባእ፡፡ እቲ ዝርካቡ ፍትሓዊ ክፍፍል ሃፍቲ ክህሉ ምግባር፣ ተሳታፋይ ዕዳጋ ትኽክለኛ ሓበሬታ ክረክብ ብምግባር ንባዕሉ ካብ መጭበርበርቲ ክከላኸል ምኽኣል፣ ከምኡ እውን ሓፈሻዊ ምኽባር ሕግን ስርዓትን ባዕሎም ዝኽኣሉ ኣገደስቲ ስራሕቲ መንግስቲ እዮም፡፡ ኣብ ምርግጋዕ ዋጋ ዕዳጋ ዝህልዎም ግደ ግን ኣዚዩ ውሱን፣ ሓልሓሊፉ ድማ ካብቲ ዝድለ ውፅኢት ብተቓራኒ እዩ፡፡

## 3. ህዝቢ ትግራይ ሓያል፡ ብሩሃት ነቑጣታት

ኣብ ትግራይ "ቅድሚ ሕዚ ሓደራ እዛ ኣቕሓ ኣብፀሓለይ" ኢልካ ምምላእ ልሙድ እዩ ነይሩ፡፡ ሕዚ ግን ሓደራ እዛ መልእኽቲ ድምፂ ኣብፅሓለይ ኮይኑ" ይብል ያየሰው ሺመልስ ዝበሃል ጋዜጠኛ፡፡ በዛ ብብዙሕ ውፃእ ውረድ ትርከብ መልእኽቲ ድምፂ ክንደይ ህይወት ይጥወር ምህላዉ ገዛ ይቑፀሮ፡፡ ኣብዛ ግዘ መፃብብ እዚኣ መልእኽቲ ድምፂ ጥራሕ ኣይኮነትን ተምሂዛ፡፡ ሓደ በሪ እንተዕፀወካ ካሊእ በሪ ክትከፍት ሒጊጥ ምባል መለለይ ትግራዋይ ይመስል፡፡ ትግራዋይ ስልኪ ደዊሉ ድሃይ ቤተሰቡ ክረክብ እንተደሊ ምዓሉን ምሕዳሩን ወሰናወሰን ትግራይ ይገብር እምበር ስልኪ የለን ኢሉ ኮፍ ኣይብልን፡፡ ኢንተርኔት እንተዕፆ Xender ሓዊሱ ካልኦት ኣብ ዕፁው ኔትዎርክ ዘርኽቡ መንገድታት ምጥቃም ንኽጅምር ብዙሕ ኣይወሰደሉን፡፡ ነዳዲ እንተጠፍአ፣ ሰብ ከም ዓቕሙ ካብ ሳይክል፣ ከሳብ ሰረገላን እግርን ምዝውታር ንኽጅምር ኣይተፀገመን፡፡ ኣብ ኣመጋግባ ዝርአዩ ለውጥታት እውን ብኡ ልክዕ መደነቕቲ እዮም፡፡ ስርዓት ባንኪ እንተዕፆዎ ዝተጓዓዘ ርሕቐት እውን ከምኡ እዩ፡፡

ብፍጥነት ይዓቢ ኣብ ዝነበረ ህንፀት ከተማታትን ስራሕቲ ህንፃን ልዑል ጠለብ ዝነበሮ ቀላሚንጦስ እቲ ዝነበሮ ጠለብ ሃንደበት እንተጠፍአ፣ ዳርጋ ኩሉ ሓረስታይ ትግራይ ናብ መምረቲ ፍሓም ተለዊጡ፡፡ እዚ ንቲ ኣማራፂ ኣታዊኡ ኣዕርዩ ዝተሃሰየ ሓረስታይ ትግራይ ፀገም ኣብ ምፍታሕ ይርከብ ጥራሕ እንተይኮነ ሓዱሽ ፍልጠት እውን እዩ፡፡ ቅድሚ ሕዚ ፍሓም ብቐሊሉ ካብ ዘይትክኡ ከም ሰራው ዝበሉ ኣእዋም ይምረት ብምንባሩ ኣብ ከባቢያዊ ድሕነት ዓብይ ፅዕንቶ ዝነበሮ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ብዙሕ ሰብ ከመይን ኣበይን ፍሓም ከም ዝስራሕ ፍልጠት ኣይነበሮን፡፡ እዚ መምረቲ ፍሓም ውሱናት ክኾኑ ዝመፀሉ ከባብታት እውን ውሱን ክኾን ስለ ዝገበሮ ቀረቡ ውሱን ክኾን ገይሩዎ ምንባሩ ይፍለጥ፡፡ እዙይ ሎሚ ተቐይሩ እዩ፡፡ ወዮ ድኣ ብካልኦት ፍልፍላት ሓይሊ ዘይሕገዝ ኮይኑ፣ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ድማ ብቐፅዕር መንግስቲ ተሓኒቑ እምበር ቀረብ ፍሓምስ መሊኡ ነይሩ፡፡ ቀላሚንጦስ ብቐሊሉ ዝትካእን ኣብ ሓፂር እዋን ዝበፅሕን ተኽሊ እዩ፡፡

ከተማ መቐለ ዘወርወር ኢልካ ምርኣይ ንብዙሕ መሕዘኒ ትርኢት ዘሳጥሐካ ዝኣክል ብዙሓት ተስፋ ውሃብቲ ነገራት እውን ይእንግደካ፡፡ ኣትክልቲ ገደና ንውሰድ፣ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ኣፍደገ ገዝኡ ቆስጣ ወይ ሰላጣ ዘሪኡ ማይ ዘስቲ ነባራይ ምርኣይ ብርቂ ምንባሩ ይዝከር፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ብዙሕ ቁፅሪ ዘለዎም ነበርቲ እዛ ከተማ ይንኣስ ይዕበ ወነንቲ ኣሕምልቲ ገደና እዮም፡፡ ሕርሻ ከተማ ከመይ ምስላጥ ከም ዝከኣል፣ እንታይ፣ መዓዝ ከም ዝዝራእን ካልኦት መረዳእታታትን ዝሓዙ ካብ ኔትዎርክ ወፃእ ዝሰርሑ መተግበሪታት እውን ካብቶም ብXender ዝዘዋወሩ ዘለዉ ቁውምነገራት ገሊኦም እዮም፡፡

ንሕሩጭን ፍሓምን ወዘተ ጥራሕ መጓዓዚ ተገይሩ ዝውሰድ ዝነበረ ጋሪ ናብ ሰረገላ ተቐይሩ ናይ ታክሲ ግልጋሎት እንትህብ ይርአ፡፡ በዝሒ ተጠቃማይ ሳይክል መቐለ ርኢኻ "መቐለ እባ ኣብ ምንታያ ፀይራተን ነበረት?" የብል እዩ፡፡

እዚኦም ውሑዳት መርኣያታት ፀዋርነትን ተዓፃፃፋይነትን ህዝብና እዮም፡፡ እዚኦምን ከምዚኦም ዝበሉ ካልኦትን ትርጉም ንኽህልዎም፣ ብብቕዓትን ብትሑት ዋጋን ንኽሳለጡ፣ ገሊኦም (ኣብነት ሳይክል) ድማ ቀፃልነቶም ንኽረጋገፅ ሓገዝን መሪሕነትን መንግስቲ ወሳኒ እዩ፡፡ መንግስቲ ትግራይ ይዕሰል፣ ንህዝቡ ይምሰል፡፡

# ደቂ መረብ

## ትማሊ፣ ሎምን ፅባሕን

### ቀዳማይ ክፋል

### ወዲ መረብ

ኣብዚ ዓምዲ መፅሄት ሮመዕ ከም 'ፕሮጀክት' ክትሕዞም ካብ ትደልዮም ኣጀንዳታት ሓደ ዝኾነ ዛዕባ ህዝቢ ትግራይ ትግርኚ ዝፍተሸሉ ክዩ። ክፍሊ ምስንዳእ መፅሄት ሮመዕ ኣብዚ ተበግሶ እንትወስድ ካራዊት ሰራዊት ሻዕብያ ካብ ክዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፈፀሞን ዩፍፅሞ ዘሎን ታሪኽ ዩቕረ ዘይብሎ ግፍዒ ሮሲዑ ከይኾነስ፡ ዋግኡም ክረኽቡ ከምዝግበኦም ዘንፀዑ እንተይኾነስ፣ እንታይነትን ሮብሓን ብሄራዊነት ስለዝርዳእ፣ እቲ ኻሊእ ገፅ ህዝቢ መሪብ ክረአ ካለዎ፣ ብዕምቆት ተተፈቲሹ ጸማ ህዝብታት መረብ ሮብሐኡም ክሰልጉ ዩኽእሉ እዮም ዝብል እምነት ስለዘለዎ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ክትሳተፉ እትደልዩ ካብ ክልቲኡ መንደቕ ዘለኹም ደቂ መረብ በሪና ክፍቲ ምኳኑ ክንሕብረልኩም ንፎቱ። ሰናዩ ንባብ!

ቀደም እዩ ኣሎምዋቶ፣ ኣብ ዘበነ ሰብ ቀደመ፣ ደንደስ ሩባ መረብ ኣብ ዘለዋ ዓድታት ዝነብሩ ጎራዙ ዝደርፍኦ ደርፊያ ነይሩ፡፡ብክልቲኡ ሸነኽ ዝሰፈሩ ጎራዙ ደቂ መረብ እናተቐባበላ ብጥዑም ላዛን ድምፅን ዘዜመኦ ዜማ ፍቐሪ፣ ዜማ ሓደነት፣ ዜማ ንእስነት፣ ዜማ መረብ ዝሰረቶ ማሕበራዊ ናብራ፣ ዜማ ጎደቦን ዓድን.... ዜማ ኩለ ምሉ፡፡ ማዕዶ መረብ ዘላ እድብቲ ጎርዞ፣ ነጀው ንዘለዋ ውቁባት ማሓዙታን ኣዝማዳን፣ ጓሶት ከፍቲ ካብ መረበት ቅድሚ ምውፅኦም፣ ፀሓይ ቦኽ ቅድሚ ምባላ፣ መሬት ወገግ ምስበለት፣ ኣዕዋፋት ጥዑምን ኑራማይለን ድምፂ ኣብ ዘስመዓላ ህሞት ዕትሮኣ/ ሳርማኣ/ ተሓንጊጣ፣ በሪ ገዝኣ ከፊታ ምስወፀት ከምዚ ኢላ ትደሃይ፡፡

ኣዳነይ ንመረብ ዶ ትወርዳ ንመረብየ

ማይ ክትሓውራ ብዕትሮየ

ዕቡነይ ንመረብ ዶ ትወርዳ ንመረብየ

ክዳን ከትሓፅባ፣ ብሸብጢ ብሓሙኽሽቲየ

ዓርከይ መሓዛይ ንመረብ ናዓናይ

ዓመት ኣኺሉ ክንሕፀብ ናይ ቋቍመን ማይ

ዓርከይ መሓዛይ መረብ ዶ ትወርዳየ

ክንሕፀብ ፀበል መስቀለ ሓንስየ

ከምዚ እናበላ ፀጥታ ዓሲሉወን ዝሓደራ ሰላማውያን ዓድታት ህይወት ይዝርኣላ፡፡ ጓሶት ብጥዑም ደርፍታት ደቂ ዓዶም ኣብ መደቀሲኦም ኮይኖም ይህደሱ፡፡ ፀባ ፀገብ ኣጓብዝ ንማሕረስ ቅድሚ ምውፋሮም ኣብዑሮም ክዕንግሉ ስለዘሎዎም ኣቐድም ኣቢሎም እዮም ዝትስኡ፣ ኣብዚ ህሞት እዩ እምበኣር ዝለመድዎን ዝፈትውዎን ድምፂ ውርዙያት ጎራዙ ኣብ እዝነ ህልኒኦም እንተድምፅ ብፅባቐ ዜማ ደቂ ሩባኦም ሓንሳብ ‹ቐዝዝ› ድሕሪ ምባል፣ ድምፂ እተን ዝደርፋ ዘለዋ ቆናጁ ብምፅንፃን ‹እኒ መን ኮን ይኾና ?› ኢሎም ንገዛእ ርእሶም ምሕታት ዝጅምሩ፡፡ ደጋጊሞም ምስ ሰምዑ ብኽልቲኡ ሸነኽ እናተቐባበላ ናይ

ዝደርፉ ጎራዙ ኣስማት ቅድል ይብሎም፡፡ ናይ ‹ጓል ኣያ ናይዝጊ› ድምፂ ዝወዳደሮ የብሉን፣ እታ መንጕሒት ከዓ ሓፍቱ ንረዳኢ ዓርከይ እያ፣ ወዘተ እናበሉ ናይ ጓሓት ንጥፈታቶምን ምድላው ቅደመ-ማሕረስን ይወጋግኑ፡፡

ብኽልቲኡ ሸነኽ ዝደርፉ ኣዋልድ መዕለቢኣን መረብ እዩ፣ ሩባ መረብ ኩርዓትን ሓበንን ደቂ መረብ፣ ካብ ፍጥረተ-ሰብ ክሳብ ትማሊ ዝሰወደ ፍቕርን ሓደነትን መራኸቢ ገመድ እንዶ ግዲ፡፡ ምስተራኸባ ማዕዶ ንማዕዶ ኮይነን ማይ ጨዂዐን ይገፃፀባ፤ ምልክት ሰላምታ፣ መግለፂ ናፍቖት፣ ሓድርከን ኣዳነይ ከም ማለት እዩ፡፡ ፀኒሐን ድማ ደርፊ ይጅምራ፡-

መንጓሕቲ፡ ሰሚዕኽን ዶ ኣዳነይ ሰሚዕኽን ዶየ

ተቐበልቲ፡ እወ ሰሚዐ እወየ እወየ

መንጓሕቲ፡ ካብ ኩሎም ደቂ መረብ ካብ ጎዶብናየ

ተቐበልቲ፡ ካብ ክልቲኣትና ዓዲ እምበርየ

መንጓሕቲ፡ ክንዲ ሕሩይ ወዲ ኣያ መዝገቦ መን ኣሎ ሸደንየ

ብሓባር፡ የለን፣ የለንየ

እናበላ ንኣርሓ ኣጓብዝ ደቂ መረብ ይውድሳ፣ይወዳድሳ፡፡ ወዲ ኣያ መዝገቦ ኩለን ብማዕረ ሃነን ንዝብላሉ ዓድን ጎዶቦን ንዘዛረበን ዓርጣም ጎበዝ፡፡ ወሰና ወሰን እቲ ሩባ ኣብ ዝተፍሓራ ኣናእሽተይ ዓይኒ /ፍልፍል/፣ ፅሩይ ማይ እናቐድሓ ናብ ዕትሮኦን ይግልብጣ፡፡ ኣብዚ እዋን ኣብ በቢስፍረኣን ኮይነን ልሳነን ዘዕርፈሉ ኣጋጣሚ ኣይህሉን፡፡ ኣዳነይ ሕርይቲ፡ መዓዝ ትቐንናኒ ኢላ ኣብ ስግር መረብ ንዘላ መዘናኣ ዝሓተተት ጎርዞ ፅባሕ ሚካኤል እዩ፣ ድሕሪ ፅባሕ ድማ ስራሕ እዩ ፃህያይ ከዓምም እየ፣ ቐፂሉ ዘሎ መዓልቲ ማሕፂ ስለዝኾነ ሽዑ እየ ዝቐንነክን ኢላ ምስመለሰትላ ቖፀሮ ሒዘን ማለት እዩ፡፡ ካልኣይቲ ጎርዞ ድማ፡ ኣዳነይ ኣስኳሉ ድሕሪ ፅባሕ ፃህያይ ክተዋዕላና ኢኽን፣ ከይትርስዕኦ ኢላ ቀዲመን ዝሓዝኦ ቆፀሮ ማዕዶ ንዘላ ማሓዝኣ ተዘኻኽራ፡፡ ኣስዕብ ኣቢላ ድማ ፅባሕ ኣጋግዝ፣ መሬት ከይሓዝ፣ ሩባ መረብ ጉድል ምስበለ ስገራ ኢኽን ምሕዳርና ገዛና እዩ ትብላ፡፡

ሩባ መረብ ብፍላይ ክረምቲ ሓመዳዋይ ሕብሪ ለቢሱ ቅፅፅ ኢሉ ስለዝመልእ፣ ሰጣሕ/ገፊሕ/ መሳገሪ ደሊኻ ጉድል ምስበለ እዩ ዝስገር ዝነበረ፡፡ ምልኩዓትን ውርዙያትን ደቂ መረብ ከምዚታን እዚታትን እናዋገዓ ዓታሩኣን ይመልኣ፡፡ ዓታሩኣን መሊኣን ነናብ ገዛውተን ቅድሚ ምግስጋሰን ደርፊ ንቡር እዩ፣ ንመረብ፡፡

መንጓሕቲ፡ ክውድስየ ክወዳድስየ

ተቐበልቲ፡ ንወድስየ ንወዳድስየ

መንጓሕቲ፡ መረብ ፍልፍል ፅሩይ ማይ

ተቐበልቲ፡ ግርማ ዓድና ድምፁ መጉረምረማይ

መንጓሕቲ፡ ንጉሆ ንጉሆ ክንራኸብ ምስ ኣዳነይ

ተቐበልቲ፡ ጉድል እንዶ በል ሓሞኻይ ሓሞኻይ

መንጓሕቲ፡ ዕቡነይ ቅጭን ደሓን ወዓላየ

ተቐበልቲ፡ ፅባሕ ከምዛ ሰዓት የራኽበናየ

ብሓባር፡ ክሳብ መወዳእታ ኣይፈላልየናየ

ተባሃሂለን ዕትሮኣን ተሓንጊጠን ነናብ ቤተንን ዋኒነንን ይነቕላ፡፡

ጓሶት ደቂ መረብ ርፍድ ምስ በለ ሕቛኖም ግስም ኣቢሎም ቁርሶም ይበልዑ እሞ፣ ቕጭኦም ኣብ ጀዲዶም ቋፂሮም ከፍቶም ኣኻኺቦም ምስ መዘነታቶም ተፀዋዊዖም ይወፍሩ፡፡ ኣብ ምውፋር ሓራሳት ካብ ምራኹተን፣ ኣባጊዕ ካብ ማሓሳኣተን፣ ኣጣል ካብ ሬማታተን ስለዝፈላለያ፣ ናይ ውላድን ወላዲትን ኣይንፈላለን ስምዕታ ፍሉይ ጦብላሕታ ይፈጥር፡፡ ጓሶት ካብ ዓድታት ግልስ ኣብ ዝበለ መውዐሊ በረኻ ከፍቶም እናናበዩን እናኣለዩን ይውዕሉ፡፡ ፍርቂ መዓልቲ ምስ ሓለፈ፣ ዝናብ ክረምቲ ቕድሚ ምዝናቡ፣ ከፍቲ ማይ ምስ ኣድለየን ብኽልቲኡ ሸነኽ ዘለው ጓሶት ጥሪቶም ሒዞም ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ናብ ሩባ መረብ ይተሙ፡፡ ጥሪቶም ናብ ሓዲኡ ሸነኽ ኣስጊሮም፣ ባዕላቶም ድማ ጭሩ ከፍቲ ዓቲሮም ኣብቲ ስግር ናብ ዘለው መሓዝቶምን መተዓቢቶምን ነቲ ሓያል በዓል ግርማ ሞጎስ ሩባ ይሰግርዎ፡፡

‹መቐርሰይ›፣‹መሓዛይ› ተባሃሂሎም፣ ይሰዓዓሙ፡፡ ገና ብጕሓቱ ፀፀር ውሒጦም ዘጣጥሕዎን ዘርጎድዎን

ምሕዝውና ስለዝኾነ እንትራኸቡ ዝስመዖም ፍስሃ ወ ደስታ ወሰን የብሉን:: ንውሱን ግዘ ብቻ፣ ሌኣ ሌኣ፣ ብሪሞን ካልኦትን ይፃወቱ:: ቀፂሎም ድማ ናብቲ ጉብዝነኦም ዘመስክርሉን፣ ዓቕሞም ዝፍትሽሉን ፀወታ ይኣትው፣ ቕልስ:: ምስ መዘነታቶም ተፀዋዊዖም ኣብ ደንደስ ሩባ መረብ ዘሎ ሓሸዋ/ሑፃ/ ይቃለሱ፣ ደጋጊሞም ይቃለሱ:: ኣብ መወዳእታ እቲ ዘውደቐ ነቲ ዝወደቐ ‹ ስዩም በል› ወይ ድማ ‹ሓማገ በል› ይብሎ:: እቲ ዝወደቐ ‹ስዩም› ወይ ‹ሓማገ› ምስበለ እቶም ተጋጠምቲ ተሰዓዒሞም ይፈላለዩ:: ባእሲ፣ ቂምን ህልኽን ነውሪ እዩ፤ እኳ ድኣስ ቅልስ ኣብ ሞንጎ ጓሶት ዘሎ ምሕዝነት ዝያዳ ዘጠናኽር ፀወታ እዩ:: ቕልስ በቢ ዙር ዝካየድ ፀወታ ኮይኑ፣ ንኹሎም መዘናታቱ ዝሰዓረ ሰገን /ጓሳ/ ኣርሓ መዘናታቱ ይኸውን፣ ብመሓዙቱ ይኸበር፣ ብኽልቲኡ ኣንፈት መረብ ኣብ ዘለው ዓድታት ይዝረበሉ፣ ስሙ ይገንን፣ ወዘተ፣ ወዘተ::

ደቂ መረብ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታቶም ተፈላልዮም ኣይፈልጡን:: ፀበል ሰንበት ኣብ ክልቲኡ ወገን ዘለው ብሓባር ይሰትዩ:: መውስቦ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ልሙድ ስለዘይኮነ፣ ሩባ መረብ ተሳጊሮም ይዋሰቡ፣ እንዳ ጓል፡ ስግር መረብ ንዘሎ መውስቦ ዝሓትት ጎበዝ ትብፃሕኻ ንምባል ኣየማትኡን፣ ልቦም ሓደ ስለዝኾነ:: ኣጓብዝ ደቂ መረብ ጓይላ ኣብ ዘለሉ፣ ድምፂ ከበሮን ጭራ ዋጣን ኣብ ዝተሰምዐሉ ከባቢ ከይዶም፣ ካብን ናብን መረብ ተሳጊሮምን ብዘይገደብ ይፃወቱ፣ ብስርዓት ይለሃዩ፣ ከብዲ ኢዶም ክሳብ ዝሓብጥ ከበሮ ይወቕዑ:: ዘይተመርዐዋ ኣዋልድ ኣብ ኣሸንዳን ካልኦት ባህላዊ /ያታዊ/ ፀወታታት ተኣኻኺበን ብሓባር ይጉይላ:: ሓረስቶት ኣብ ማእቶት ብወፈራ ይዓሙ:: በዓል ቃንጃ ብዕራይ ምስቲ መረብ ተሳጊርካ ዝርከብ ካልእ በዓል ሓደ ብዕራይ ወገኑ ተላፊኖም ይሓርሱ::

ኮታስ እቶም ሰብ ቀደመ ደቂ መረብ ኩሉ ነገሮም ሓደ እዩ ዝነበረ:: ሓዘኖምን ሓጎሶምን ተፈላልዩ ኣይፈልጥን:: ማህበራዊ ርክቦም ልዕሊ ዝኾነ ከባብን ዓድን ዝዓንተረ ነበረ:: ኣብ ሞንጎም ዝነበረ ፍቕሪ መሊኡ ይውሕዝ ነበረ:: ሕውነቶም ብደም፣ ዓፅምን መውስቦን ዝደልደለ ነበረ:: እቲ ማዕዶ ዘሎ ነቲ በቲ ሓደ ሸንኽ ዘሎ ፀግዑን ወገኑን ነበረ:: ዳሶም ሓደ ነበረ:: መላምንቲ ሓዊ ኮይኖም ንዘመናት ዘሊቖም ነበሩ:: ክረምቶምን ሓጋዮምን፣ ፅድዮኦን ቀውዖምን ሓደ ነበረ:: ሩቦኦም ሓደን ብሕታውን መረብ ነበረ:: ቋንቋኦም፣ ላዝኦም፣ ታሪኾም፣ ክብርታቶም፣ ባህሎም፣ ፀዋታታቶም፣ ጎይሎኦም፣ በዓላቶም፣ እምነቶም፣ ሕግታቶም፣ ወዘተ፣ ወዘተ፣ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ትኸውን ፍልልይ ከይሃለዎ ዘመናት ዝዘለቐ ነበረ:: መልክዖም፣ ኣከዳድንኦም፣ ዘዘውትርዎም ባህላዊ ምግብታቶም፣ ሓደን ማዕረን ነበረ:: ሓውን ሓፍትን፣ ልዕልትን ሓማትን፣ ሓሙን ናኺራይን፣ ኣልገን ኣቦ ኣልገን፣ ኣብ ነብስን ውሉድን /ናይ እምነት/፣ ዋሕስን ተዋሓስን፣ ዳይናን ተዳናዪን፣ ኮይኖም ንዘበናት ብሓባር ነበሩ::

እዚ ናይ ዘበናት ታሪኽ ነበረ ዝገብር ድሕሪ ብዙሕ እዋን ካልእ ኩነት ተፈጢሩ:: ፀላእቲ ሰናይ ርክብ፣ ሕውነትን ሓደነትን ደቂ መረብ ዝኾኑ ሓይልታት ፈላለይዎ:: ተጠማማትን ተፃባእን ክኸውን ኢሉ እውን ዘይዛሪ ደምነት ክትከልን ከናቖርዎን ላሕ በሉ:: ሰናይ ዘበኑ ነበረ ኮይኑ ክርሳዕን ኣብ ክንድኡ ፅልእን ምፍልላይን ክነግስ እኒ ግብረ እከይን ስዓብቶምን ካብ ትማሊ ክሳብ ሎሚ ሰይጣናዊ ተግባራቶም ይቕፅልሉ ኣለው:: ህዝቢ መረብ ግና ታሪኹ ነበረ ኮይኑ ክተርፍ ዝፈቅድ ሰነፍ ህዝቢ ኣይኮነን:: እቶም ሰብ ቀደመ ዘበናት ዝዘለቐ ፅቡቕ ሕሉፎም ኣብ መፃኢኦም ክድገም የተስፍው፤ ኣብ ሩባ መረብ ዝተገተረ መንደቕ ፅልኢ፣ ምፍልላይን ደምነትን ሃነው ኢሉ ክፈርስ ንኣምላኾም ካብ ምልማን ኣይቦኾሩን:: ‹ነበረ› ነበረ ክሳብ ዝኸውን ደቂ መረብ ድሌቶምን ባህጎምን ብደርፊ ይገልፁ ኣለው:: ከምዚ እናበሉ/ላ፡-

ዕቡነይ ደሃይክን ከይሰማዕኩ ክሳዕ ሎሚ

ሃለዋትክን ከየጣልል መንገዲ መረብ ርሒቑኒ

ትማልና ውሕጅ ይውሰዶ ይኣክል ንበለ

ኣባጅጎ ይሓግዘና ክምለስ እቲ ናይ ቀደመ

መረብ ንውረድ ከምቲ ንቡር ክንራኸበ

ሕውነትና ክቕፅል ፅኑዕ ክኸውን

ኣዴታት፣ ኣቦታትን ንኡሳት ጎራዙን ምፍልላይ ዝፈጠሮ ጓሂ፣ ናፍቖት ዝወለዶ ቑዛመን ንመፃኢ ዘማዕደወ ተስፋን በዚ ደርፊ ይገልፅዎ:: ሩባ መረብ ዝፈጠሮ ኸውሊ እቲ ሓደ ናይቲ ማዕዶ ዘሎ ወገኑን ሓውን ቃንዛ፣ ሓዘንን ብሕትልናን ዝሰምዐኣሉን ዝረኣሉን ዕድል ካብ ዘይፍጥር ብዙሓት ዓመታት ሓሊፎም::

ኣሰር ከፍቲ፣ ኣጣል፣ ኣባጊዕ፣ ኣግማል፣ ኣፍራስን ካልኦትን ካብ ዝዓርፎ ሓደ ክፍለ ዘበን ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ተቐጺሮም፡፡ መረብ ካብ ጥንተ-መፋጥርቱ ኣብ እዋን ክረምቲ ሓመዳዋይ ዓይኒ ማይ፣ ኣብ እዋን ሓጋይ ድማ ፅሩይ ማይ ሒዙ ምውሓዝ ልማዱ ነይሩ፡፡ ትማልን ሎምን ግን ኣይ ከም ቀደምን፣ ሂወት ሰብ ሞባእ ዝግበረሉ ጣኦት ግዲ ኮይኑስ ደም ደቅ'ኖ ይውሕጆሉ ኣሎ፡፡

እቲ ኣብ ሩባ መረብ ቅድሚ ሓደ ክፍለ ዘበን ዝተኣጎደ ሓዊ ፈኺም እናበለ፣ ባልባል ዘብሎ ንፋስ እንትረክብ ድማ እናተባርዐ ህዝቢ መረብ ሩፍታ ሓሪምዎ፡፡ መጋበሪያ ጓኖት ኮይኑ፣ ደቂ ሓወ'ቦ ብዘኣጎድዎ ክሳብ ሎሚ ግዳይ ሞት፣ ስደትን ድኽነት ይኸውን ኣሎ፡፡ እኒ ግብረ እከይ ኣብ መረብ ዘንበርዎ ሓድጊ ምጥፍፋእን ደምነትን ከዝልቕ ዝረባረብ ኣብ ጓጓ መረበቶት ዝተሸጎጠ ሓይሊ እውን ኣሎ፡፡ ህዝቢ መረብ ብምንቋር ዘለኣለማዊ ደምነት ንምትካል ከም ቀዋሚ ዕላማ ሒዞም ዝንቀሳቐሱ ሒደት ደቂ መረብ፣ ጠባናት ጎረባብትን ጓኖትን እኒህው፡፡ ያዕ ዝብሉ ለባማትን ተባዓትን ሰብ ዋና ተሳኢኖም ጎራሓት ፀላእቲ ቅድም ኢሎም ዝኣጎድዎ ሓዊ፣ ዓያሹ ሎሚ እውን የንበልብልዎ አለው፡፡

ሩባ መረብ ደንፅይዎ ድምፁ ኣጥፊኡ ሰመመም እናበለ ይውሕጅ ኣሎ፡፡ ንዘበናት ብፍቕርን ሓደነትን ብኽልቲኡ ጎኑ ዘለው ዓድታት ግርማ ደሪቡ ዝነበረ መረብ፣ ኣብ ጓጉኡ ብዝተኣጎደ ሓዊ ሕቆኦም ምስ ሃብዎ ደም ንብዓት ይነብዕ ኣሎ፡፡ ብዘይ ፍቓዱ ሓፁር ምፍልላይን ደምነትን፣ ምልክት ተፃብኦን ግርጭትን፣ ኣብ ሞንጎ ኣሕዋት ዝተተኸለ መንደቕ ብምኽኑ ጓሂኡን ሓዘኑን መግለፂ የብሉን፡፡

መረብ ቀደም፡ ዘበናት ዝተተነኘ ገመድ ሓደነት

መረብ ትማሊ፡ ሓዊ ዝተኣጎደሉ ንባእሲ ኣሕዋት

መረብ ሎሚ፡ ፍልፍል ዘይዛሪ ንብዓት

መረብ ፅባሕ፡ መሳገሪ ድልድል ናብ ናፅነት

ዘበናት ዝተሳገረ ሓደነት ብኽልቲኡ ሸነኽ መረብ ዘሎ ህዝቢ ብታሪኻዊ ሰነዳትን ጭብጥታትን ዝተደገፈ ፅሑፍ ኣብ ቀፃሊ ሕታም ከቕርብ እየ፡፡

ሰላምን ራህዋን ንህዝቢ መረብ !!

# ካብ ናይ ምስቁንቋን ፖሊቲካ ንውፃእ

ፍስሃ ሃፍተፅዮን (ፒ.ኤች.ዲ)

(ካብዚ ፅሑፍ ዝተኻተተ ወይ ዝተንፀባረቐ ሓሳብ ናይ ፀሓፊ ናይ ውልቁ ርኢቶ ወይ ኣምነት ደኣ ኣምበር ንኣካል ዝኾነሉ ውዳበ ወይ ትካል ከም ዘይምልከት ኣሕብር)

«ንኽፈልጥ ብስኽነትን ብልብን እፅዕር፣

ንባዕለይ ከይተወፈኹ ንኻልእ ኣብ ምንቃፍ ኣይፅመድን፣

ንሕመቕ ፈፂመ ኣይፃወርን፣

ዝተፈጠረ-ይፈጠር/ዝመፀ-ይምፃእ ህዝቢ ትግራይ ምድሓን ይቕድም!»

ብእምነት እዚ ፅሓፊ ኣብዚ እዋን ትግራዋይ ክምርሖሉ ዝግባእ ኣተሓሳስባ፡፡

## መበገሲ

እዛ ሓፃር ፅሕፍቲ ኣብ መፅሄት ረመፅ ከበርክት ዘበጋገሰትኒ ሻብዐይቲ ሕታም ባዕላ እዛ መፅሄት እያ፡፡ ካብ መፈለምታ ክሳብ መወዳእታ ፅሑፋት እዛ ሕታም ድሕሪ ምንባብ ዝተሰመዐኒ ስምዒት ብጥሪኡ፤ «እንታይ ድኣ እዩ እዚ ኹሉ መርገም?» ዝብል እዩ ነይሩ፡፡ ስለ ምንታይሲ መብዛሕትኡ እቲ ትሕዝቶ ናብ ፀርፊ፣ መርገም፣ ምስቁንቋንን መረረትን ዘዘንበለን ምስ ስም፣ ናይ ትማሊ ታሪኽ ቃልስን ምንቅስቓስን ረመፅ ዘይኸይድን ብዓብይኡ ድማ ንዚ ትግራይ ብትግራያ ተበይኑላ ዘሎ ደልሃመትን ጠቕላላ ጥፍኣትን ንምስጋር ዝሕግዝ መማረፂ ሓሳብ ክንዲዝተፀበኽዎ ስለ ዘይረኸብኩሉ እዩ፡፡ ምስቲ ዘለናዮ ኩነታት እዚ ዛዕባ ቀንዲ ዋኒንና ክኸውን ስለ ዘለዎ ትፅቢት ምግባረይ ግቡእ ይመስለኒ፡፡ ብርግፅ ከም ማሕበረሰብ ዘለውና ጉድለታት ዝነቕፍ ትሕዝቶኣ ብተዘዋዋሪ ንቲ ቓልሲ ሓጋዚ ኣበርክቶ ከም ዝገብር እሙን እዩ፡፡ ክበረታታዕ እውን ይግባእ፡፡ ንኣንባቢ ካብ ብሕዚኡ ግልፂ ክኾነሉ ምእንታ ዝንቀፍ ምንቃፍ፣ ጉድለት ምቅላዕ፣ ዋላ ናይ ብሓቂ ክርገም ዝግብኦ ምርጋም (ብመርገም ዝዕሪ ነገር ስለ ምህላዉ እኳ ርግፀኛ ኣይኮንኩን!) መሰልን ብመሰረቱ ትኽክልን እዩ፡፡ ወዮ ድኣ ኣብ ዘበነ ፅንተት ስለ ዘለና ንሃለዋትና ክብሃል ክግደብ ዝኽእል ነገር ከይህሉ እምበር ሓሳብ ናይ ምግላፅ መሰል ‹ታኮ› ኣየድልዮን ኢለ እየ ዝኣምን፡፡ ብዚ መንፅር ዘይብሃል ተባሂሉ፣ ነውሪ ተፃሒፉ ዝብል መርገፂ ኣይሓዝኩን፡፡ እዚ ከም ዘለዎ ኮይኑ ፀረ እቲ እነካይዶ ዘለና ቃልሲ ዝፍፀም ብጭቡጥ ተግባር ዝግለፅ ጥሕሰት ግን ብሕጊ መሰረት ሳዕቤን ክህልዎ ምግባር ናይ ሃለዋት ጉዳይ እዩ ክኸውን፡፡ መርኣይና ዋላ ከምዚ ይኹን- ትኽክል እውን ስለ ዝኾነ- ከም ተጋሩ ክባር- እሞ ድማ ናይ ዘበነ ፅንተት- ግዜናን ጉልበትናን ግን ኣብ ከምቲ ኣብታ መፅሄት ብስፍሓት ዝተንፀባረቐ ትሕዝቶ ዶ ክውዕል ነይሩዎ ኢለ እንትሓትት ንባዕለይ ዝምልሶ መልሲ «ኣይፋሉን» ዝብል እዩ፡፡ ብዙሓት ምኽንያታት ምቕራብ ይከኣል እዩ፡፡ ብቲ ቅልል ዝበለ እንትጅምር ምንቅስቓስ ረመፅ ንኹሉ ትግራዋይ ዝሓቁፍ ውድባዊ/ፓርቲያዊ ውግንና ፖሊቲካ ዘይብሉ ምኳኑ እየ ዝፈልጥ፡፡ ኣብ ቅድሚ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ደው ኢሉ

ንዘሐንኩል ኩሉ ድማ ረመፅ ኮይኑ ከም ዝልብልቦ እየ ዝርዳእ፡፡ (ስዒቡ ዝጠለፎ ወይ ሓዱሽ ዝተፈጠረ ነገር እንተሃልዩ ኣነ ኣይበፅሐንን ማለት እዩ- ክእረም ድልዊ እየ፡፡) ኣብዛ ናይ ሕዚ ሕታም ግን መሪሕነት ትግራይ ንዝተብሃለ ኣካል ብጅምላ ዘፅላእልእ፣ ዝወቅስ፣ ዘናሹን ጠቕሊልና ከም ዕዳ ክንሪኦ ዝምጉትን ትሕዝቶ እዩ ሒዙ መፅዩ ዘሎ፡፡ እዚ ናይ ውግንና ሚዛናውነት ዝሰሓተ እዩ፡፡ ስለዚ ንከም ረመፅ ዝበለ ምንቅስቓስ ኣብዚ ክርግረግ ኣየጥዕመሉን፡፡ እታ ጉድለት እኮ ኣብ ‹ስልጣን› ዝሓዙ ጥራሕ እያ ዘላ ኢሉ መጉቱ ዝረትዐና እንተረኺብና ጥራሕ እያ እዛ ዝንባለ ግምት ክወሃባ ዝኽእል፡፡ እቲ ሓቂ ከምኡ ከም ዘይኮነ ኩላትና እንርድኦ እዩ፡፡ ብትኽክል ኣብ መዓልኣ ንዘውዐላ ‹ስልጣን› ዘበነ 2013 ወ 2014 ከመይ ከም እትመርር ፈላጢኣ ይፈልጣ! እንተ እቲ ውሑድ ኣብ ኩሉ ዘሎ ዘራጊ ክንፋረዶ ከም ዘለና ግልፂ እዩ- ፅንሕ ኢለ ኣብዚ መዳይ ክውስኽ እየ፡፡

ካልኣይ ዝተዓዘብክዎ ፀገም እዛ ሕታም ‹እዛ ኣበርክቶ እንትንሕተት ከከም ኩነታቱ፣ ወቓሳ እንትመፅእ ኣፍካ መሊእኻ› ዝዓይነታ ኣረኣእያ ብስፍሓት ዝርኣየላ ምኳና እዩ፡፡ እዚ ብዓይኒ መሰል ሓሳብካ ምግላፅ፤ እንታይ ክወፆ? ኣብቲ መልእኽተ-ረመፅ እውን ከም እተገለፀ፡፡ እንተ ብዓይኒ ምድሓን ትግራይ ከ? ወዳኢ ‹ስንቂ›! ዝኾነ ኣጠማምታ እዩ፡፡ ኣብዚ እዋን ‹ስንቂ› ተጋሩ ንበለል ዘጥፍእ ክንደየናይ ከሳሒ ከም ዝኽእል ንምግማቱ ኣየፀግምን፡፡ ዋላ ቁፅሩ ብንፅፅር ኣዝዩ ውሑድ ይኹን ክፋል እቲ ልሂቕ ደድሕሪ ፍፃመታትን መስዋእትን ካልኦት እናሰዓበ ምስቁንቋን ናይ ሙሉእ ግዜ ስርሑ ገይሩ እንተወሲዱ ዓቕሚ ክባኽነና እዩ፡፡ ንዚ እውን እዩ ትኹረት ዘድልዮ፡፡ ልሂቕ እንትብሃል ካብቲ ሕብረተሰብ ብትምህርቶም፣ ብሓላፍነቶም፣ ብፅልዋ ፈጣርነቶም፣ ብተሰማዕነቶም፣ ብሞያ ብቕዓቶም፣ ብሃፍቶምን ዝኣመሳሰሉን መለክዕታት መማረፅታት ናይ ምቕራብን ዝኣመንሉ ሓሳባትን ውሳነታትን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ክፍፀም ናይ ምግባርን ተኽእሎ ዘለዎም ኣካላት ንምግላፅ እጥቀመሉ ከም ዘለኹ ልቢ በሉለይ (ብዝርዝር ስለ እንታይነት ልሂቕ ምግላፅ ዓርሱ ዝኽኣለ ካሊእ ፅሑፍ ክደሊ እዩ)፡፡ ምስቁንቋን ክብል ከለኹ ድማ ድልየትካ ኣነፂርካ፤ ድልየትካ ክሳኻዕ ክኸፈል ዝኽእል ዋጋ/መስዋእቲ ከፊልካ ተግባራዊ ኮይኑ ምርኣይ ዘይኮነስ ካልኦት ዝመሰሎም ወይ ዝኣመንሉ ብዝኣመንሉ መንገዲ ክኸፈል ዘለዎ ዋጋ እናኸፈሉ እንትሰርሑ ደድሕሪኦም እናሰዓብካ ጉድለታቶም እናለቓምካ ምምራርን እዚ ከም ዓብዪ ፖሊቲካ ገይርካ ምቕራብን ንምግላፅ ዝተጠቐምኩሉ እዩ፡፡ ብኻሊእ ኣበሃህላ ናይ ምንቃፍን ናይ ባዕልኻ ኣበርክቶ ምግባርን ሚዛን እንትዛባዕ ክርአ ዝኽእል እዩ፡፡ ብዝኾነ፤ ገላፃይነት እቲ ትርጉም ብዘየገድስ ኣብዚ ፅሑፍ ኣንባቢ ንቶም ቃላት ብዚ መንፈስ ንኽርድኦም ንምዝኽኻር ዝኣክል እዩ፡፡

ካብዛ ሓፃር ሕታምን መዓልታዊ ተዳንፎታትን ዝተረዳእኽዎ፤ መስቆንቆናይ ምኳን ዋላ ኣብ እዋን ሰላም ቀሊል ኣብ ዘይብሃል ኣካል እቲ ልሂቕ ዘሎ ምኳኑ እዩ፡፡ እዚ ድማ እቲ ልሂቕ ብሓፈሻ ኣብ ናይ ምምራሕ ብፍላይ ድማ ዕምቆት ዘለዎም መማረፅታት ብንፁር ኣብ ምቕማጥ ሓላፍቱ ብግቡእ ይዋፃእ ከም ዘየሎ መመላኽቲ እዩ፡፡ መበገሲየይ ትኽክል እንድሕር ድኣ ኮይኑ መስቆንቆናይነት ካብተን ተጋሩ ብልቢ ክንላዘበለን ዝግብኣና ዋኒናት ሓንቲ ክትከውን ኣለዋ ብሃላይ እየ፡፡ ናብተን ልዕል ዝበለ ግምት ዝሃብክወን እዛ ፅሕፍቲ ክሕንጥጥ ምኽንያት ዝኾናኒ ዋኒናት ክሰግር፤

## መወዳእታ ዘየብሉ መርገም መሪሕነትን ውድብ ህወሓትን

ኣብዛ ሕታም ጕሊሆም ካብ ዝወፁ ነገራት ሓደ ንቲ ሕዚ ብኹሉ መዳይ ንትግራይ እናመርሐ ዝርከብ ሓይሊ ማለት እውን ንዚ ብርኪ ኣፀጋምነቱ ንምግላፅ ቃላት ዘስእን ወፍሪ ፅንተት ኣብ ምምካት ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ንምኽፋል ቅሩብ ምኳኑ ብወረ/ዲስኩር ዘይኮነስ ብተግባር ደጋጊሙ ዘመስከረ ሓይሊ ዘሎ ህዝባዊ እምነት ንምሽርሻር ዝተኸየደ ርሕቐት ኣዝዩ ነዊሕ ምኳኑ እዩ፡፡ እቶም ፀሓፍቲ እዚ ንኽፍጠር ኮነ ኢሎም እዮም ገይሮምዎ ዝብል መደምደምታ ኣይኮንኩን ዘቐምጥ ዘለኹ፡፡ እታ ሕታም ከም ሕታም ንዘንብባ ግን ውፅኢት እቲ ፅሑፍ ካሊእ ክኸውን ትፅቢት ክገብር ከፀግመሉ እዩ፡፡ ብጭቡጥ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ እንትምዘን ድማ ሃናፂ ከም ዘይኮነ ጥርጥር የብሉን፡፡ ዋላ ኣብ ዝኾነ ሰላማዊ እዋን እውን ትግራይ እትመርፆ ቅዲ ፖሊቲካ ክኸውን እዩ ዝብል እምነት የብለይን፡፡

እዚ ክብል እንከለኹ ሕዚ እውን ንመንበቢ ግልፂ ክገብሮ ዝደሊ ነገር እቲ «ጠቕሊልኩም ተስፋኹም ቁረፁ» ዝብል መልእኽቲ- እሞ ድማ ዝሓሸ እትብሎ መፍትሕን ብቕዓት መሪሕነትን ከም ዘለካ ከይኣርኣኻ ዝወሃብ ብይን- ድኣ እምበር ህዝባዊ ሓላፍነቱ ዘንጊዑ ስሱዕን ድፉንን ኣእምርኡ ዝነግሮ ጥራሕ እናዳመፀ ከም ህዝቢ ንሓደጋ ዘቃልዐና ምሽጥራት እናነስነሰ ንዝውዕል ወይ ትግራይ ኣብ መርዓን ድግስን ዘላ ክሳብ እትመስል ካብ ሓደ እንዳ መሸታ ናብ ካሊእ እናዘለለ መዓልቲ

እትዓርቦ (ብልክዑ ምዕራፍ ንስራሕ እውን ክጠቅም ስለ ዝኽእል ፍርድና ፍትሓዊ ክኸውን ኣለዎ፤ ንባዕልትና ዘይንገብሮ ነገር ካልኦት ክገብሩልና ምፅባይ እውን ግጉይ እዩ እብል) ኣብ ዝተውሃቦ ሓላፍነት ግን ጥር እትብል ስራሕ ዘየድሚ መምሰሊ ወይ ድማ ኣብዛ እዋን ፀበባን መከራን እታ ዝርካባ ውስንቲ ሃፍቲ ካብ ጕሮሮ ህፃውንቲ ትግራይ መንዚዑ ክህፍትም ላዕልን ታሕትን ዝብል መሕሰቢኡ ‹ብሽሽዐ ዝቐየረ› ሰብ መሳሊ ‹ ሓሰማ› ወይ ድማ ንባዕሉ ኣብነት ኮይኑ ብተግባር ኣእሚኑን ብሕግን ምስራሕ ተቐቢዑዎስ ‹ናይ ይበተኹ› ብጅምላ እናኣሰረን እናፈትሐን ዝውዕል ረማስ ንምንታይ ተነቐፈ ንምባል ኣይኮነን፡፡ ኣሸንኳይዶ ኣብዚ እዋን ኣብ ዝኾነ እዋን ራህዋ እውን እንተኾነ ኣብ ከምዚ ዝበሉ ተግባራት ዝፅመድ ፀላኢ ህዝቢ ትግራይ እዩ፡፡ ፀላእየይ፤ ፀላኢ ደቀይ እዩ፡፡ ንኹላትና ከምኡ ከም ዝኾነ እውን ተስፋ እገብር፡፡ እዘን ከምዚአን ዝበላ ሕመቓት ንኸይቃልዓ ከም መሕብኢ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕላ ዘይመትከላውያን ‹ምትሕብባራትን› ‹ከውልታትን› ድማ ተጋሩ ውግዝ ከመ ኣርዮስ ክንብለን ኣለና፡፡ ኣብ ተግባራት ፅያፍ/ገበን ዝሳተፍ እማ ጥራሕ ኣብ መረዳእታ፣ ሓቅን ቅንዕናን ይመስረት እምበር እታ ክትውሰድ ዝግብኣ ሕጋዊት ስጉምቲ ፀንቂቕካ ዘይምውሳድ እዩ እቲ ጉድለት ዝኸውን እምበር ምቅላሱ፣ ምቅልዑን ተሓታቲ ምግባሩንስ ዘሸልም ተግባር እዩ፡፡

ኣብ ሕመቓት ዝጠሓለ ግን ክንደይ እዩ? መነመን ከ ይብሃሉ? ካበይ ከ ይቐድሑ? ካብ ኣብ ገድሊ ዘለው መራሕቲ ጥራሕ? ዝብሉን ዝኣመሳሰሉን ሕቶታት ብቐጥዒ ከይመለስካ ዝግበር ‹ ጅምላዊ ጨፍጫፍ› ትኽክል ስለ ዘይኮነ ክእረም ዘለዎ እዩ፡፡ ህወሓት ከም ህወሓት ናብ ሕቶ ዘውድቕ ህዝቢ ትግራይ እንትፀንት ፀግዑ ሒዙ ቀንባሕባሕ ዝብል ዝነበረ ሽጓጥ (ሓቂ ስለ ዝኾነ እቲ ቃል ክንጥቀመሉ ኣለና) ሕዚ ድኣ ክንድዚ ‹‹ ክዝልዘል››፣‹‹ሓሞት›› ካበይ ረኸበ? ኢልና እንተሓተትና ዘስክፍ ኣይኮነን፡፡ሽጓጥነት ንትግራይ ዋላ ንሓዋሩ እውን ከጥፍኣ እንተዘይኮይኑ ስለ ዘይጠቕማ፡፡ ዋላ ግቡኡ እናተዋፅአ ዝርከብ ኣካል እውን ብዘይ እኹል መርትዖ ወይ ቅኑዕ ሚዛን (ንኣብነት እንትንዕወት- ጅግና ተጋዳላይ ወይ ህዝቢ ዘምፅኦ- ዝኾነ ፀገም ዘሎ እንትመስል- እዚ መሪሕነት እዚ ዘጥፍኦ!- ዝብል ፍርደ-ገምድል መርገፂ ዝሕዝ) ንሓደ ውድብ ከም ዘለዎ ምውራድ ከም ፖሊቲካ ወይ ቃልሲ ዝወስድ እንትርከብ ‹‹ጌጋ እዩ ተኣረም!›› ምባል ግቡእ እዩ- ብፍላይ ድማ ኣብ ዝኾነ ቁርፂ እዋን ኩለመንኡ ንምሃብ ተቐጢቡ ንዘይፈልጥ ውድብ ህወሓት፡፡ እዚ ንኻልእ ኣብ ቃልሲ ዝርከብ ውዳበ ተጋሩ ወይ ዋላ ደጋፊ ቃልሲ ተጋሩ ንዝኾነ ውዳበ እውን ክሰርሕ ዘለዎ እዩ፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብዚ ሕዚ እዋን፡፡ እንገብሮ ቃልሲ እኮ ዓወቱ፣ ጉድለቱን ትንሳኤኡን ተኣሳሲሩ ዝርአ እምበር ኣብቲ ዓወት ከም ሃገርካ እናደገፍካ ወይ ብፅሒትካ እናወሰድካ ድሕሪ ምፅናሕ ፀገም እንትፍጠር ወይ ዝተፈጠረ እንትመስለካ ድማ ዘሊልካ ናብ ነቐፌታን ወቐሳን ብምእታው ዝግበር ክኸውን ኣይኽእልን፡፡ ካብ መሰረታዊ መርገፂ ዝብገስ ብሱል ተቓውሞ እንተኾይኑ ብኩነታት ዝገለባበጥ ክኸውን ስለ ዘይግባእ፡፡

> ብጥቕልሉ እዚ መሪሕነት እዩ
> ሰጻ እዚ ቃልሲ ዝዓይነቱ
> መደምደምታ ግን ምስቁንቋን
> ጥራሕ እዩ ክኸውን ዝኽእል፡፡
> ወይ ዝሐሸ ምስራሕ ከም
> ዝክኣል ብተግባር ምርኣይ እዩ፡፡
> መንግስትነት ዘይሓዝካ ከመይ
> ተገይሩ? ዝብል ለዋህ ሕቶ ከም
> ዘይንሕተት እውን ተሰፈ
> እገብር - ዘይሩ ዘይሩ እተን
> ውዳበታትና ናይ ውልቀሰባት
> ምትእኽኻብ ስለ ዝኾናን
> ውፋይነት ውልቀሰባት ድማ
> ምንፀፃር ስለ እንኽእልን፡፡

ኣብዚ ወቕቲ ፖሊቲካና እንትንግምግም ዝንሄናዩ ኩነታት እንታይ ይመስል? ትግራይ እንታይ ዓቕሚ ሒዛ ምስ መነመን ትገጥም ኣላ? ክንደይ ሓይሊ ኸ ኣለዎም? ትግራይ እንታይ ብሉፅነት ስለ ዘወነነት እዩ እቲ ክሕሰብ ዘይኽእል ግጥም ኣብዚ ብርኪ በፂሑ? ኣብ ከይዲ ግጥም ከ ምድፍፋእ ወይ እውን- ዋላ እኳ ሓቀኛን ፍትሓውን ዕላማ ዝሓዘ ንሓዋሩ ስዒሩ ናይ ምውፃእ ዝልዓለ ዕድል እንተሃለዎ- ግዝያዊ ስዕረት ክህሉ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ዶ የእትዉ እዞም ምስቁንቋን ዝቕድሞም ወገናትና? ዝብሉ ሕቶታት ክትሓትት ዘገድድ እዩ፡፡ ሕቶ ኣልዒልካ ምስ ዓርስኻ ይኹን ካልኦት ክትላዘብ ወይ ክትከራኸር ምሕጋዙ ሓደ ኣበርክቶ ኮይኑ ትሕዝቶ እታ ሕታም ዝህበካ ጠቕላላ ድምዳመ ግን ሕብረተሰብና ንኸምዚ ዝበሉ ጥረ ግን ድማ ዓቢ ሓሳባት ክንደየናይ ዝተቓልዐ ምዃኑን ተሰኪምካዮም ምኻድ ክህልዎ ዝኽእል ሓደጋ ድማ ዋላ ብቲ ኣካል እቲ ቃልሲ ተገይሩ ዝውሰድ ልሂቕ እውን ብውነ ከም

ዘይተፈተሸን እዩ- ካብ ክፍኣት ዝተበገሰ እዩ ኢልና ክሳብ ዘይደምደምና፡፡ ወይ ድማ ቃልሲ ትግራይ ዝኾነ ዓይነት ላዕልን ታሕትን እንተየጋጠሞ ቀጥ ኢሉ ክኸይድ ዝኽእል ምንባሩ ዘርኢ ወታደራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖሊቲካውን ዲፕሎማስያውን መርትዖታት ይቐረብ እሞ ክንኣምን፡፡ ኣብ መጠን እቲ ዕንቅፋታት እንተኾይኑ እቲ ፍልልይ ሓሳብ ብመርትዖ ምርድዳእ ይከኣል እዩ፡፡ ብጥቕልሉ እዚ መሪሕነት እዩ ዕዳ እዚ ቃልሲ ዝዓይነቱ መደምደምታ ግን ምስቁንቋን ጥራሕ እዩ ክኸውን ዝኽእል፡፡ ወይ ዝሐሸ ምስራሕ ከም ዝከኣል ብተግባር ምርኣይ እዩ፡፡ መንግስትነት ዘይሓዝካ ከመይ ተገይሩ? ዝብል ለዋህ ሕቶ ከም ዘይንሕተት እውን ተስፋ እገብር- ዘይሩ ዘይሩ እተን ውዳበታትና ናይ ውልቀሰባት ምትእኽኻብ ስለ ዝኾናን ውፉይነት ውልቀሰባት ድማ ምንፅፃር ስለ እንኽእልን፡፡ ኣብ ሓደ ወቕቲ ኣብ ብቴሌቪዥን ዝመሓላለፍ ፖሊቲካዊ ክርክር ስልጣን ሃቡና እሞ ሽዑ ንቲ ህዝቢ ኣማኺርና ፖሊሲና ክንነግረኩም ኢና ዝበሉና ‹ፖሊቲከኛ› ከም ዝነበሩ እዝክር፡፡ ናብዚታት ገፁ ዝጥምት ቅዋማት ኣይምጥንን፤ ህዝቢ ትግራይ እውን ድሌቱ እዚኣ ከም ዘይኮነት ዘሰማምዐና እዩ ዝመስለኒ፡፡ እቲ መጐት ሓሳባትና ዕምቆት ይሃልዎም፣ ጌጋታትና ንኣርም ድኣ እምበር መፈልፈልቲ ሓሳብ- ዋላ ግጉይ ይኹን- ከም ፀገም ክንቆፅሮም ኣለና ዝብል ኣይኮነን፡፡ ስግር እዚ ብናተይ እምነት ክኸውን ኣለዎ ዝብሎ ነጥብታት ከም ዝስዕብ ክወሳሰኽ እየ ሃየ ስዓቡኒ፤

# ኣብዚ ቁርፂ እዋን ትግራይና እንታይ የድልያ ኣሎ? ትግራዋይ ብፍላይ እቲ ልሂቕ እንታይ ይግበር? (ካብ ባሕሪ ብጭልፋ)

ፅሪ ሓደ፤ እንዛረቦ ኮይንካ ምርካብ እዩ፡፡ ሓቂ-ሓቁ ንዛረብ እንተተባሂሉ ገለገሌና ኣብ ፖሊቲካዊ ውዳበታት ብመሪሕነት እንሳተፍ ዘለና ኣካላት እቲ ልሂቕ እቲ ቃልሲ ኣበይ ምስ በፅሐ እንታይ ስጉምቲ ከም ዝወሰድና ኩሉ ዝፈልጦ «ሚሸጥር» እዩ፡፡ ገሊኡ ኣብ ግንቦተ-ሰነ ብግሉ እውን ኣብ ከተማ ምፅናሕ መዋፃኣይ ከም ዘይኮነ ኣንዳዕዲዑ ምስ ተረድአ «ኪጋደል» ናብ ሜዳ ዝወረደ እዩ፡፡ ሕልፍ ኢሉ ዝኸደ እውን ምስ ናይ እዋኑ ገዛእቲ ዝኾኑ ሓረድቲ ህዝቢ ትግራይ ዝደራረዝን ዝጐዛጐዝን ዝነበረ ላግፀኛ ምኳኑ መርኣይታት ኣለው፡፡ እተን ዓው ዝብላ ድምፅታት ምስቁንቋን- ኣነ እውን ሓሳበይ ብናፅነት ናይ ምግላፅ መሰለይ ተጠቒመ- ብኣብዝሓ ምስ እዚኣቶም ኣተሓሒዘየን ኣለኹ፡፡ ካብ ህዝቡ ንላዕሊ ዓው ኢሉ ብምስቁንቋን ከእምን ዝፍትን- ብዝተረኸበት ኣጋጣሚ ናብ ስልጣን ክሕንከብ ዝጋዓር ምባል እውን ይከኣል እዩ- ናይ ኣጋጣሚ ድዩ ዋላ ካልእ ተፈጥሮኣዊ ምትእስሳር ሃልዩዎ ኣብዚታት እዩ ዝብርትዕ፡፡ «እንታይ ደኾን ገይራስ፣ እንተትሓንከልካ» እዩ እቲ ነገር፡፡

ብዚ ኣጋጣሚ ተዘክሮ ተጋሩ- እንኮሎ ናይቶም ኣነ ዘለኹሎም ዝተፈላለዩ ውዳበታት- ዓሚቕን ነዊሕን ክኸውን ኣለዎ እብል፡፡ ዓቕሚ ተዘክሮ ካብቶም መለክዕታት ልዑል ምውናን ኩለመዳይ ዓቕሚ እዩ፡፡ ዓሚ ስራሕ ሂብካዮ ኣውዲቑዋ ካሊእ ብፃይካ ተኪኡ ከም ዝሰርሓ ረሲዕኻ ሽሻይ ንቲ ምርሳዕኻ ተበሊፁ ካሊእ ሓላፍነት ክደራረበሉ ዝዳፋእ እንተኾይንካ ብመሰረቱ (ትካላዊ) ተዘክሮ ከም ዘየብልካ ብቐሊሉ ኣሚንካ ንምምሕያሽ ምስራሕ እዩ ዘዋፅኣካ፡፡ ነገራት ሰቲ ሰምሃል ምስ ኮንሉ- ብግሉ ዝኸፍሎ ዋጋ ከም ዘየሎ ክሳብ ዘረጋግፅ ኣፅቂጡ ፀኒሑ- ኣብ ቴሌቪዥን ወፅዩ ሓንቲ ተቓላሲት እትመስል ሓሳብ ምስ ደርበየ- ከምዚ ሓደ ሓው ኣብዛ ሻብዐይቲ ሕታም ረመፅ ዝበሎ- ብጣቕዒትን ምጐሳን መሬት ዕንፀራር እትገብራ እንተድኣ ኮይንካ ዓቕሚ ተዘክሮ የልቦን፣ ኣይትሃንፀን ማለት እዩ፡፡ ገሊኹም መስቆንቆንቲ ዓቕሚ ተዘክሮና እውን እናተፈታተንኩም ኢኹም ንምባል እዩ፡፡

ብሓፂሩ ገሊኡ በለፀኛ ህዝቢ ትግራይ ክበርስ ክፍረደሉ እንከሎ ኣብ መትከል ደው ክብል ዘይኽእል ሕልፍ ኢሉ እውን እንተኾይንሉ ክሸማገል ወይ ፀላእቲ ድላዮም እናገበሩ ክሳብ እታ ኹነታት ከምኣ ኢላ ከም ዘይትቕፅል ርግፀኛ ዝኸውን ምስ ደመኛታት ህዝቢ ትግራይ ‹ ሕሉኽሉኽ› እናበለ ዝፀንሐ እዩ ንቲ ዋጋ ምኽፋል እንታይ ማለት ምኳኑ ክልተ-ሰለስተ ግዜ ብተግባር ዘመስከረ መሪሕነት ትግራይ ሸኽሚ፣ ንህዝቢ ዘይሓስብ፣ ዓቕሚ ዘየብሉ...እንታይ ዶስ ከመይ ዶስ... እናበለ ኣፉ መሊኡ ከካፍእ ዝውዕል ዘሎ፡፡ ንጌጋ ምንቃፍ ሕዚ እውን ሰናይ ተግባር እዩ፡፡ ግቡኡ ከይተዋፅአ ኣብዚኣ ጥራሕ ንዝፅመድ ግን «ንዘይፈልጡኻ/ኺ ተዓጠን/ኒ» እንተተባህለ እውን ግቡእ እዩ፡፡

እቲ ካልእ ዝዚፍ ፀገም ኣብ ጭቡጥ ኩነታትና ዘሎ ርድኢት (ብወገን ዝተወደቡ ኣካላት እውን ሓዊሱ) ድሩት ምኳኑን ከምኡ ምኳኑ ድማ ብቲ ክኾኖ ዝግባእ ርድኢት ዘየሎ ምኳኑን እዩ፡፡ ክኽፈል ዝግብኦ ረሃፅ፣ ግዜ፣ ጉልበትን ካልእን ዋጋ ከፊልካ በቢ ዘፈሩ ዘሎ መረዳእታ ኣኪብካ ተንቲንካ ቅዋም ንምሓዝ ኮነ ንምንቃፍ ዘሎ ድሩትነት- ኣብ ኩሉ- ልዑል እዩ፡፡ ተፈትወ-ተፀልአ ብናተይ ትዕዝብቲ ኣብዚ መዳይ ዝሓሸ ዓቕሚ ዘለዎ ውድብ ህወሓት እዩ፡፡ ብንፅፅር እየ ዝብል ዘለኹ እምበር ሙሉእ እዩ ኣይበልኩን፡፡ ካልኦትና ዳርጋ ስምዒታትን መዓልታዊ ዘጋጥሙና ነገራትን ኣብ ውሳነታትናን ነቐፌታትናን ክንደየናይ ፅዕንቶ የሕድሩ ከም ዘለዉ እዛ እንዛረበላ ዘለና ሕታም መርአዩት እያ፡፡ ውዳበ ወይ ትካል ተባሂሉ ከም ተራ ኣካል ስምዒትን ሕልፍ እንተይሉ ድማ ዘይጠለለ ወረን ሕሜትን ጥራሕ እናሻተተ ኣብ ከከንዲ እምባ ዝኾኑ መደምደምታት ዝበፅሕ እንድሕር ኮይኑ ዋላ እቲ ሕዚ ዝንሄና መሪሕነት ሰፋሕቲ ሕመቓት እንተዝህልውዎ እውን ሓፍ ኣቢልካ ኣብ ቦትኡ ክተቕምጦ እትኽእል መማረፂ ከም ዘየሎ ዘርኢ ተስፋ ናይ ምቑራፅ ስምዒት እንከይፈተኻ ክስመዐካ ዝገብር ክውንነት እዩ ዝፍጠር፡፡ እዚ መን ክደልዮ ይኽእል? ማንም- ብዘይካ ፀላኢ ትግራይ፡፡

ግልፂ ክቕየር ኣለዎ ዝብሎ ትዕዝብቲ ንምቕማጥ ዝኣክል ካብ ኣማራፂ ሓይሊ ፖሊቲካ ትግራይ ኢና ዝብሉ ኣካላት ንነቕፌትኦም ዝምጥን ናይ ኢኮኖሚ፣ ፖሊቲካ፣ ወታሃደራውን ፀጥታውን ጉዳያት፣ ዲፕሎማሲ ወይ ካልኦት ዓውድታት ጥልቀት ዘለዎም ገምጋማትን ምኽረ-ሓሳባትን ኣይሰምዐን ዘለኹ፡፡ ድርቱነታት ክህሉ ከም ዝኽእል ርዱእ እዩ ግን እተረኽበ ዓቕምን ኣጋጣምን ከ ከመይ ይጥቀምሉ ኣለው? ዝብል ምፍታሽ ኣገዳሲ እዩ፡፡ እቲ መልሲ እወንታዊ ኣይመስለን፡፡ ብዚ ድማ ሕጉስ ክኸውን ዝኽእል-ዋላ ተናሓናሒ- ኣይክህሉን፤ ኣይግባእን፡፡ እቲ ኣዐርዩ ዘትሓሳስብ ድማ ኣብ ብዙሓት ዋላ እቲ ቕኒት ናብኡ ገፁ ዘይኸይድ ምህላዉ እዩ፡፡ ብግልፂ ስልጣን ከም ዘቕድሙ ዝዛረቡ ውሑዳት እውን ኣይተስኣኑን፡፡ በቢ ዓውዱን ብድምርን ብእተምፅኦም ብሉፃት ሓሳባትን ብእተርእዮ ተወፋይነትን እያ ሓላፍነት ክትትሓዝ ዘለዋ ዝብል እምነት ንሕዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ንናይ ፅባሕ ትግራይ እውን መሰረታዊት እያ፡፡

# መማረፂት ተባሂላ ልዕሊ ዓቕማ ‹ ዝተንበልበለት› ሓሳብ

ኣብ መዳይ ህልዊ ፖሊቲካና ክሳብ ሕዚ ዝሰማዕኹዋ ላዕሊላዕላ እንትትርአ መማረፂት እትመስል ብውነ ምስ እትምርመር ግን ጣቋ ዘለዎ ዝርዝር ዘይቐርበላ ሓሳብ « ስግግር መንግስቲ ምጥያሽ» እትብል እያ፡፡ እዛ ሓሳብ እንተተግቢራ እኳ ውድቀት ጥራሕ እዩ ክወልዳ ዝኽእል እምበር ዕውት መኽተ ተጋሩ ድሕሪ ሪፈረንደም እምበር ቅድሚኡ ናብ ከምዚ ዝበለ ትሙስሙስ ክኣቱ ኣይኽእልን፡፡ ስለምንታይ ስነሓሳባዊ ይኹን ተግባራዊ እኹል ምኽንያት ስለ ዘየሎ፡፡ ህዝቢ ብምሉእ ቀልቡን ዓቕሙን ኣብቲ ናይ ሞት ወይ ሕውየት ቃልሲ ከየትኩር እትገብር እውን እያ፡፡ ክትትግበር እንተትሙከር እውን ተወሰኽቲ ሓደጋታት ካብ ምፍጣር ወፃኢ ካልእ እወንታዊ ክብሃል ዝኽእል ውፅኢት ዘየብላ ሓሳብ ምኳና ዋላ ገሊኦም ካብ እቶም ኣበጋጊሶምዋ ዝብሃሉ እውን ብዕሊ ዝዛረብዎ እዩ፡፡ ኣብዚታት ዝባኸነ ጉልበት ኣብ ካሊእ ውዒሉ ከም ኮነ ክንደይ ፅቡቕ ነይሩ፡፡

ወዮ ሕጋዊ መንግስትና ናብ ቦትኡ መሊስና ዝተረፈ ቃልስና ኣሐይልና ነቕፅል ዝብል ዝነበረ ጭርሖ ድኣ ንምንታይ ናብ ስግግር ተቐየረ? ኢልካ እንትትሓትት ዝወሃበካ መልሲ ገሊኡ ዘይብሱል ገሊኡ ድማ ቅሉዕ ሽፈጥ እዩ፡፡ ንምኳኑ እባ መን? ካበይ? ብኸመይ? መፅዩ ከ እዩ እዚ መሰጋገሪ መንግስቲ ዝጣየሽ? እንተይልካ ዝወሃበካ መልሲ ድማ ‹ደሓን ትኽክል እዩ ኢልና እንዶ ንሰማማዕ እሞ ሽዑ ክበርህልና እዩ› ዝዓይነቱ እዩ፡፡ እዚ ብሓቂ ዘይሓላፍነታውን ኣይ-ናይ-ፀላኢ-ኣይ-ናይ-ፈታዊ ክበሃል ዝኽእልን መርገፂ እዩ፡፡ ምናልባት ብጭቡጥ ውፅኢቱ ንፀላኢ ተወሳኺ ዕድል ዝፈጥር ሓደጋ እዩ፡፡ እቶም እዚ ሓሳብ ዘሰጉሙ ኩሎም ምስ ፀላኢ ዝተሰለፉ እዮም ከም ዘይበልኩ ይሰመረሉ፡፡ እቲ ሓሳቦምን ክስዕቦ ዝኽእል ውፅኢትን እየ ዝነቅፍ ዘለኹ፡፡ እንተይሓሰብካዮ እውን ኣብ ናይ ፀላኢኻ ኣጀንዳ ምስላፍ ከጋጥም ይኽእል እዩ፡፡

ብ እዋን ህፁፅ ሓደጋ (ኢመርጀንሲ) ኣበየናይ ዓዲ እዩ ዘለዎ መንግስቲ ኣግሊሱ ‹ንዑ እስኪ ከመይ ገይርና ሓዱሽ መሰጋገሪ መንግስቲ ኣጣይሽና ዝሐሸ መሪሕነት ክንህብ ከም እንኽእል ንላዘብ› ዝብሃል? ሃፕ እንተበለ ተታሒዙ ዝነበረ መረፃ እውን ይናዋሕ እምበር ኣብ መዓት ውሽጢ

ኮይንካ ናብ ከምዚ ዝበለ መስርሕ ኣይእቶን፡፡ ምናልባት እኮ እቶም ኣካል እቲ ስግግር መንግስቲ ዝኾኑ ኣካላት ወይ ውዳበታት መራኸቢ ማዕኸናት ተጠቒሞም ከመይ ገይሮም ህዝቢ ካብቲ ገጢሙዎ ዘሎ ሓደጋ ከም ዝውፅእዎ ሓሳባቶም ክገልፁ እውን ክግደዱ ይኽእሉ ይኾኑ፡፡ ኣብ እዋን መፅነታይ ኵናት እዚ ክትትግብሮ ይትረፍ እሞ ኣብ ግምት ክተእትዎ እኳ ከቢድ እዩ፡፡ ገሊኦም ድማ ነገራት ተለዋዊጦም እዮም፣ ስልጣን መንግስቲ ትግራይ ወሲኹ እዩ፡፡ ‹እንተንኣሰ ኣብተን ዝተወሰኻ እንዶ የማቕለና› ዝዓይነቱ ሓሳብ የቕርቡ እዮም፡፡ እቲ ልሙድን ሳይንሳውን ኣተሓሳስባ ኣብ እዋን ህፁፅ ሓደጋ እታ ዘላትካ ዝተረኽበት ውዳበ ንዘለካ መንግስቲ እውን ሓዊሱ ተጠናኺራ እምበር ንዓኣ ገዲፍካ መማረፂ ኣለሻ ኣይውፈርን፡፡ ንዚኣ ዝሸራርፍ ብሕጊ ትግድቦ፡፡ ከም ህዝቢ ካብቲ ሓደጋ ንምውፃእ ናብ ኢድካ ክተእትዎም ዝግብኡ መስርሓትን ሓላፍነታትን ኩሎም ኣብ ኢድካ ኣእቲኻ ብቲ ዘለካ ውዳበ ብፍላይ መንግስቲ ተግቢርካ ካብ ሓደጋ ንምውፃእን ፀላእትኻ ንምንብርካኽን ለይትን ቀትርን ትሰርሕ፡፡ ብሓቂሩ ከምቲ ህዝቢ ትግራይ ዝገብሮ ዘሎ ትጋደል! እቲ ዘለካ መንግስቲ ይኹን ካሊእ ህዝቢ ኣብ ምድሓን ዝነጥፍ ውዳበ ብቑዕ ክኸውን፣ ዓቕምታት ኩሎም ፀንቂቑ ክጥቀም ትሕግዝ፤ ትሳተፍ፡፡ ኣብቂዑ፡፡ ብኻሊእ ኣበሃህላ ኣብ መዳይ ዓቕምታትና ፀንቂቕካ ምጥቃም ዘሎ ጉድለት ብመርትዖን ሃናፂ ብዝኾነ መንገድን ምልዓል ግቡእን ንኹሉ ዝጠቅምን ቃልሲ እዩ ዝኸውን፡፡ ካብዚ ሓሊፉ እታ ዘላ ፀገም ኢኮኖሚ፣ ምሕደራን ፀጥታን፣ ወታደራዊ ዋኒንን ቴክኖሎጅን ወዘተ. ኣብ ፅዑይ መረዳእታ ደው ኢልካ ንቕድሚት ዝወስድ ምኽረ-ሓሳብ ምሃብ እንተዝክኣል ድማ ዘሸልም ይኸውን፡፡ እንተዘየሎ ምስቁንቋን ዝሸኻሉ «ቃልሲ» ብስም ስግግር ይምፃእ ብኻልእ ከምቲ ፈጣሪ ንሓደ ሃካይ ኢሉዎ ዝብሃል... ወይ ሕረስ ወይ ንገድ እሞ ክባርኸልካ እምበር... እንታይ ግበር ትብለኒ እዩ ክኸውን፡፡

## መደምደምታ

ጉድለት ኣብ ከይዲ መኸተና የልቦን ወይ ዘጉድል መሪሕነት የለን ዝብል ፈፂሙ መከራኸሪ ክኸውን ኣይኽእልን፡፡ ዝሰርሕ ሰብ ይንኣስ ይዕበ ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝግለፅ ጉድለታት ምፍፃሙ ኣይቐርን፡፡ ሰባት ክሳብ ዝመርሑና፣ ኣብ ስራሕ ክሳብ ዘለዉ፣ ጉድለታት ምግጣሞም ጥራሕ ኣይገርምን፡፡ እቲ መለክዒ መጠንን ዓይነትን እዩ ክኸውን፡፡ ስርዓታዊ መልክዕ ዝሓዘ ጉድለት ድዩ? ኮነ ተባሂሉ (ንኣብነት ጉድለት ስነምግባርን ሌብነትን ዝዓይነቱ ጥፍኣት) ድዩ ዋላስ ብኻሊእ ምኽንያት? ምፍላይ የድሊ፡፡ ገዚፍን ኮነ ተባሂሉን ዝፍፀም ጉድለት እንተኾይኑ ብርግፅ እውን ሓደጋ እዩ፤ ክንሸከሞ እውን ኣይግባእን፡፡ ንምእራም ዘሎ ቅሩብነት ትሑት እንተኾይኑ ድማ ‹ገደደ› ዘብል እዩ፡፡ እዚታት ኣነፂርካ ንምኻድ መረዳእታን ዓሚቕ ርድኢትን ይሓትት፡፡ እንተኾነ ግን ዝኾነ ዓይነት ፀገም እንተጋጥም ወይ ዘጋጠመ እንትመስለና መጠኑን ዓይነቱን ብዘየገድስ ምልዓሉ እወንታ እዩ፡፡ ኣነ ባዕለይ ምስ ስርሐይ እውን ስለ ዝዛመድ እናፈፀምክዎ ዝውዕል እዩ፡፡ እቲ ፀገም ዝኸውን ንኽትምርምርን ክትርዳእን ብውነ ዘይምሙካር፣ መረዳእታን ትንታነን ዝብሃል ነገር ኣብ ግምት ከይኣእተኻ ‹ ንምንታይ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ተረኺብና?› ዝብል ሕቶ ጥራሕ ብምሕታት እዚ ድማተፈጥሮኣዊ ፀገም ሓደ ውዳበ ወይ መሪሕነት ገይርካ ኣብ ዓለም ተራእዩ ዘይፈልጥ መደምደምታ እንትትህብ እዩ፡፡ ኣብ ‹ክሳድ ንኽሳድ› ክትተሓናነቕ ዝጠልብ መድረኽ ግጥም ንምንታይ ኩሉ እቲ መንገዲ ስቲሰምሃል ዝተነስነሶ ዘይኮነለይ (እንተዝኸውን ዝፀልእ የለን!) ዝዓይነቱ መርገፂ ዝወልዶ ወቐሳ እሞ ድማ እቶም ተወቀስቲ ዝኽፈልዎን ዝኽፍልዎ ዘለውን መስዋእቲ ንምኽፋል፤ ዝተሰከምዎን ዝስከምዎ ዘለውን ሓሳረ-መከራ ንምስካም ዘለካ ድልውነት ካብ ተግባርካ ኣጠራጣሪ ክኸውን እንከሎ ግቡእ ኣይኸውንን፡፡ ምስቁንቋን ይክኣል ይኸውን ግን ንማንም ኣይክረብሕን፡፡

ልዕሊ ኩሉ ድማ ህዝቢ ነቓፊ ጥራሕ ክኸውን ዝደልዮ ወገን የብሉን፡፡ እዚ ኣካል እቲ ህዝቢ ስለዝኾንና ብቐሊሉ እንርድኦ ወድዓዊ ሓቂ እዩ፡፡ እኳድኣስ ኣብዚ መዳይ ጥራሕ ንዝዋሳእ ኣካል ብነባሓይ ከልቢ እውን እዩ ዝምስሎ፡፡ ኣብ ትግራይ ኩላትና ከምቲ ግመል ንቕድሚት ክንስድር እምበር ከምቲ ከልቢ እናስዓበ ክነብሕ እንምነየሉ ኣካል ክህሉ የብሉን፡፡ ስለዚ ክንየው ሓሳብና ናይ ምግላፅ መሰልና ተጠቒምና እንነቕፎ ኣብ ዝጭበጥ ዓውድታት ዘሳግር ሓሳብ ምፍልፋል ካብ ኩላትና ተጋሩ ብፍላይ ድማ እቲ ልሂቕ ትፅቢት ዝግበር ይመስለኒ፤ ብወገነይ፡፡ እዚኣ እንተትፍጠር ብኣቋራፂ ከምዚኣ ምኾነት (ንኣብነት ስግግር መንግስቲ እንተዝጣየሽ እኮ ዕፅዋን ክባን ፍንፅሕ ክትብል ነይራ እያ፤ ወይ እዚ መሪሕነት እዚ እንተዝፅረግ እኮ ኩሎም ፀገማትካ ክሕጠጡ ነይሮም እዮም) ዝዓይነቱ «መፍትሒ» ንንቕሓት ይኹን ባህሊ ህዝቢ ትግራይ ዝምጥን ኣይኮነን፡፡ ከምዚ ዝበሉ ጉድለታት ኣሪማ ረመፅ እንተስ ብፅሑፍ እንተስ ብኻሊእ ገቢራዊ ቃልሲ ሕዚ እውን ሓያል ዓቕሚ ህዝቢ ትግራይ ኮይና ከም እትቕፅል እምነተይ እዩ፡፡

# ዲፕሎማሲ ኣረጊት ፈረሰ ንናፅነት ዶ ንዕንወት?

ሃፍቶም ገ/ኪዳን

ንፁር ዕላማ ዝተሓንገጠ ቃልሲ ፣ ንፁር ስልትን ስትራቴጅን ኣኸቲሉ ክዕወት ተራእዩ እዩ። ትግራይ ብመንፀር ወኒናቶም ዘላ ሃገራዊ ትካላትን ፀፍሒ እቲ ቃልስን ሓዱሽ መንግስቲ ክተጣይሽ ግቡእ እዩ። ሓደው መእንተ ስልጣን፡ ዝተመረፅኩ ክልላዊ መንግስቲ እየ እናበልካ፣ ሓደው ድማ እተን ብማእገር ህዝቢ ትግራይ ዝተጣየሻ ሃገራዊ ትካላት ብኢደ ወነንካ እናመራሕኻ ህዝባውን ሕጋውን ቅቡልነት የለን። ትግራይ ድሕሪ ኩናት ዘርኢ ምፅናት ክልላዊ መንግስቲ የብላን፣ ሕገ መንግስቲ እውን ነበረያ ነበረ ኮይኑ እዩ። እዚ ንትግራይ ክውል ባርኾት እዩ፣ ካብቲ ብፖለቲካ፣ ብኢኮኖምን ብጅኦግራፍን ዘደኽደኻ ሕገ መንግስቲ ተገላጊላ ኣላ፤ እዚ ክምልስ ዝጋደል ትግራይ ክትንእስ ዝህቅን ጥራይ እዩ። ሐዚ ደጋጊሞም ዝተጋገዩ ሰባት ህዝቢ ትግራይ ኣግሊሎምን 'መንግስቲ እየ' ዝብል ናይ ሓይሊ መልጢ ሓይሊ ተኺሎም ዓዲ ገኃን መኋን ገይረምዎ ኣለዎ። ከምቲ ጌታቸው ረዳ ንቴድሮስ ፀጋይ ዘወከሰሉ፤ ንቡር ይትረፈና ኢሎም "ናይ ዓመፅ መንግስቲ" ካብ ዝተኽሉ ዓመት ክገብሩ ይቀራረቡ ኣለው። እዚ ነንባዕሉ ዘይተኣራረም፣ ሓታቲ ዘይብሉን ናይ ፅባሕ ትግራይ ጉዳዩ ዘይኮነትን ሓይሊ ኣብ ስልጣን ክሳብ ዘሎ እህህታ፣ ስቓይን መከራን ህዝቢ ትግራይ ክቕፅል እዩ፤ ክሳብ ንሱ ዝጠዓሞ ጥሜትን ሞትን ህዝቢ ትግራይ ጉዳዩ ኣይኮነን። ከምኡ እንተዝኸውን ናቱ ኣባላት ብዓሰርተ ኣሻሓት ኣፍሲሶም ቀትርን ለይትን እንትዛነዩ ፣ ህፃናት ትግራይ ግን ካብ ዜና ድምፂ ወያነ ዝሓለፈ ሩሕ ኣይረኸቡን። ንሸሙ ግን መራሕቲ እዞም ህፃናት ኢና በሃልቲ እዮም።

ኣፍሲሶም ቀትርን ለይትን እንትዛነዩ ፣ ህፃናት ትግራይ ግን ካብ ዜና ድምፂ ወያነ ዝሓለፈ ሩሕ ኣይረኸቡን። ንሸሙ ግን መራሕቲ እዞም ህፃናት ኢና በሃልቲ እዮም።

በዚ ሓይሊ ምኽንያት ኣብ ኩሎም ዓውድታት ንኽስር ኣለና። ኢኮኖሚ ትግራይ ኣሎ ኢልካ ክትዛረበሉ ከቢድ እዩ። እቲ ጎንፂ ዝፈጠሮምን ምስ ኢትዮጵያ ዓለማዉነትን ብዝነበረና ርክባት ዘበገስዎም ሽግራት ከምዘለዉ ኾይኖም ብዉሽጣዊ ዓቕምና ክንፈትሖም ዝግባእ ፀገማት ዘይምእላይና ህዝብና ግዳይ ሞትን ጥሜትን ኾይኑ እዩ። እቲ ዓሚ ከምዚ ሎሚ ብኣሻሕቲ ንግምባር ዝወፍር ዝነበረ መንእሰይ ሐዚ ወለዱ ኣሲርካ ተጋደል ይብሃል ኣሎ። ካድረ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ሕዱር ቂም ዘለዎ እዩ ዝመስል። ብሓደ ገፅ ሓቁ እዩ። ድከት፣ ማእሰርቲ ፍርሕን ዓወንወንን ህዝቢ ትግራይ የሽድኖ፣ የለምሎሞን ስልጣን እውን ይረኽበሉን እዩ። ዓጓ ፀባ ስተ ዝብሎ ሓለቓ እውን ኣይስእንን። ኣብ ካልኦት ዓዉዲታት እዉን ተመሳሳሊ ፀገም ኣሎ። ብመዳይ ዲፕሎማሲ ዘሎ ፀገም ብዉድቀት ክገለፅ ዝኽእል እዩ። ዓጓ ፀባ ስተ ዝብሎ ሓለቓ እውን ኣይስእንን። ኣብ ካልኦት ዓዉዲታት እዉን ተመሳሳሊ ፀገም ኣሎ። ብመዳይ ዲፕሎማሲ ዘሎ ፀገም ብዉድቀት ክገለፅ ዝኽእል እዩ። ዲፕሎማስያዊ ዉድቀት ፖለቲካዊ፣ ወታደራዉን

ኢኮኖሚያዉን ዉድቀት የምፅእ። ትግራይ ኣጋጢምዋ ካብ ዘሎ ርኡይ ዲፕሎማስያዊ ዉድቀት ንክትፈወስ ናይ ፖለቲካ ለዉጢ ግድን እዩ። ንፁር ናይ ናፅነት ዕላማ ዘይብሉ ፖለቲካ ናይ" ኣራት ኪሎ" ራእይ ስለዝሕንገፐ ፀላእትና ዘተኣኻኽብ ኣዝዩ ሓደገኛን ብሄራዊ ክሳራ ዘስዕብን እዩ። ትግራይ ፈተዉቲ ንኽትረክብ ናይ ፖለቲካ ምትዕርራይ ክትገብር ዘገድድ ግዜ በፂሓ ኣላ። መሪሕነት ህወሓት ዉልቃዉን ጉጅላኣዉን ረብሓኡ መእንተ ህላወ ህዝቢ ትግራይ ከሀገርን ናይዚ ምትዕርራይ መንጉሕን ክሽዉን ታሪኽ ሓርይዎ ኣሎ፤ እንተተጠቒምሉ ንትግራይ ዓብዩ ውዕለታ እዩ።

ንህዝብና ንፁር ዕለማ ማለት ሃገራዊ ወይ ናይ ናፅነት ዕላማ ማለት እዩ። እዚ ዘይብሉ ቃልሲ በቲ ኣብ ስልጣን ዝነበረን ዘሎን ሓይሊ እዩ ክብየን። ወያናይ ዴሞክራሲ፣ ፀረ ዴሞክራስያውነት፣ ገባትነት፣ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰልን ናይ ፕረስ ዓፈናን ዕላማ እዚ ቃልሲ ክኾኑ እዮም። ብኣጠማምታ ዓለም ዕላማ ቃልስና ክንዲ ፍትሓውን ናይ ናፅነትን ምኳኑ ፣ ውሑድ ኮይንካ ብፀረ ዴሞክራስን ብግበታን ንብዙሓት ንምጉባጥ ዝግበር ህቃን እዩ። እዚ ማንም ኣይድግፎን። እንተዘይኮይኑ ድማ ከምቲ ኣብ ቃልሲ ናፅነት ደቡብ ሱዳን ንሳልቫኬርን ሪክ ማቻርን ጠንጢኑ ወንበር ካርቱም ዝተመነየ፣ ንኡስ መፃምዲ መንግስቲ ኣልበሽር ክኾን ዝመረፀን ጆን ጋራንግ ንህዝብኻ ጠሊምካ ዕልምልም ምትራፍ እዩ።

ኣርክቴክት ወፃኢ ጉዳያት ፈረንሳይ ዝኾነ ካርዲናል ሮቼሉ "I say , emphatically , that is necessary to the wellbeing of the state to conduct diplomacy ceaselessly, either openly or secretly , and in all places, even in those form which no present fruits are reaped " ሓርፋፍ ትርጉም ትግርኛ ንምሃብ "ብወገነይ ዝኾነ መንግስቲ መእንተ ህላወ ሃገሩ ክብል ፣ ብሕቡእ ኮነ ብቕሉዕ፣ ኣብ ኩሉ ቦታ፣ ዘላቒ ዲፕሎማሲ ርክባት ክገብር ኣለዎ ፣ እንኮላይ ኣፍቲ ምንም ፍረ ዘይርክቦ እብል" ብምባል ወሳናይ ግደ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ከርኢ ፈቲኑ እዩ። ሮቼሉ ብዘይ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ፀጥታዊ፣ ኢኮኖሚያዊ ኮነ ካሊእ ረብሓ ፈረንሳይ ክረጋገፅ ከምዘይኽእል ኣመላኺቱ እዩ። ንሱ ሎሚ ፍረ ዘለዎ ዘይመስል ርክብ ፅባሕ ስትራቴጅካዊ ክሽውን ስለዝኽእል ብቐፃሊ ምስ ኩለን ሃገራት ርክብ ክህሉ ይምዕድ። ትግራይ ብሓፂር ሃገር ንምውናን ፣ ብነዊሕ ድማ ድልዱል ርክባት ንክህልዎ መሰረት ክንፅፍ ኣለዎ።

ናይ ረብሓ ዲፕሎማሲ (Interest diplomacy) እቲ ቀንድን ርኡይ ለዉጢ ዘምፅእን መንገዲ ርክብ እዩ። እቶም ዝተረፉ ናይ ክብሪ፣ ሰብኣዊ መሰልን ታሪኻዊ ርክብ ዝመሰረቶም ዲፕሎማስያዊ ርክባት ዕዉትነቶም ኣዝዩ ትሑት እዩ። ቃልሲ ዲያስፖራ ትግራይ መሰረታዊ ለውጢ ከምፅእ እንተኾይኑ፤ ረብሓ ካልኦት ሃገራት መሰረት ዝገበረ ዲፕሎማሲ ዝሰርሕን ሃገርነት ዕላማ ዝገበረን መንግስቲ ኣብ ትግራይ እንትትከል እዩ። ዲፕሎማሲ ትግራይ ንዓለም ብመዳይ ፀጥታ፣ ወታደራዊ፣ ኢኮኖምን ንግድን ዝህልዎ ግደ ልዕሊ እቲ ዝበፅሖና ዘሎ መከራ መሓዙት የምፅእ። ነዚ ሓቂ ዝፈለጠት ኢትዮጵያ ኣብ ቐረባ ነታ ብድሮን ትጭፍጭፈና ዘላ ቱርኪ ኣብ ትግራይ ናይ ወርቂ ዕደና ኢንቨስትመንት ክትዋፈር ሃፍትና ከም ፀጋ ኣቕሪባትላ እያ። ንኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ሊበራላይዝ ክገብሮ እየ ብምባል ድማ ምዕራባዉያን እግሮም ካብ ትግራይ ክስሕቡ ትገብር ኣላ። እንግሊዝ ናይ ቴሌኮም፣ ፈረንሳይ ናይ ሓይሊ ባሕሪ፣ ስዑድን ዓረብ ኢሚሬትስን ናይ ሕርሻ ወዘተ.. ፀላእትና ሃፍትናን ሃፍቶምን ሸይጦም ንዓና ከጥፍኡ ይጎዩ ኣለው። ንሕና እዚ ኹሉ እናኾነ ስቕ ኢልና ንርኢ ኣለና፤ ክሳብ ሐዚ ብቕልፅምና ይብሃለለይ ኣሎ። ፈተውቲ ዘይብሉ ብኣንፃሩ ፀላእቲ ዝበዝሕዎ ቅልፅም ብበዝሒ ድሮን፣ ብክባን ዕፅዋን ብኸልከላ ስብኣዊ ሓገዝን ከድስክል ይኽእል እዩ።

ትግራይ ሓዱሽ ፖለቲካዊ ዕላማን ፣ ብሩህ ምስሊ ዲፕሎማስን ክትሃንፅ ኣለዎ። መሰጋገሪ መንግስቲ ድዩ? ዋላ ከምቲ ዓለም ለኽ ማሕበረሰብ ምሁራን ትግራይ(GSTS) ዝበልዎ ናይ ሓድነት መንግስቲ (National unity government)? ብምጥያሽ ትግራይ ንብረት እቲ ኣካቢ ፀላእቲ ዝኾነ ህወሓት ምኧና ከብቅዕ ኣለዎ። ኩልና ከምዝረኣናዮ ዓለም ቃልስና ብሓዱሽ ሓይሊ ዝምራሕ ዘሎ መሲልዋ ደገፋ ሂባትና ነይራ እያ። ክሳብ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ መቐለ ዝኣቱ ምዕራባውያን ምስ ትግራይ ተሰሊፎም እዮም። ህዝባዊ ቃልስና በቲ ፅቡቕ ምስሊ ዘይነበሮ ህወሓት ምስ ተበሓተ ፣ ዕላማ ቃልስና ግልፅነት ስኢኑ፣ ምዕራብ ትግራይ ንፀላኢ ገዲፍና ኣለዉሃን ቖላ ትግራይን ሰጊርና ናብ

ካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያ ወፍሪ ምክያድናን ብሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ተፈጢሩ ዝነበረ ፅቡቕ ምስሊ ትግራይ ብስስዐ ህወሓት ክጠፍእ ስለዝተገበረ፣ ደገፍትና ዝነበሩ ከም በዓል ኣየርላንድ፣ ማልታ፣ ኖርወይ፣ ኣሜሪካን ካልኦትን ክንስእነን ኸኢልና ኢና። ትግራይ ብነባር ምስልን ፖለቲካን ፀላእቲ እምበር ፈተዉቲ ክህልዉዎ ኣይኽእሉን። ፖለቲከኛታትና ድማ ከምቲ ሓዱሽ ሓሳብ ዝፀየፍ፣ ኣብ ዘመነ ንጉስ ዛር ንልዕሊ 25 ዓመት ዋላ ሓንቲ ወታደራዊ ሰነድ ብዘይምንባቡ ዝኾርዐ ዝነበረ ፣ ዘመናዊ ውግእ ዕውልውል ዘብሎ ሩስያዊ ጀነራል ቭላድሚር ስኮምሊኖቭ (Vladimir Sukhomlinov) ፣ ሓዱሽ ሓሳብን ባህግን ንገሊኦም የባህርሮም እዩ ዘሎ። ገሊኦም ድማ ዘርኢ ምፅናት ዘምፅአ ጉዕዞ 27 ዓመት ስለዘምልኽዎ ሓሳብን ባህግን እዚ ወለዶ ስሚዖም ዲፕሎማስያዊ መፍትሒ ክምፅኡ ድልዋት ኣይኮኑን፤ ሓያል ስስዐን ዘይሓላፍነታዊ ምኽንን ኣለዎም። ንስኮምሊኖቭ ዝመስሉ፣ ቅዲ ኲናት 20 ክፈለ ዘመን እዩ ልክዕ ዝብሉ፣ ንባብን ስልጠናን ዘይፈትው እኳደኣስ ብልምዲ ዝኣምኑ ሰነፋት ወታደራዊ መራሕቲ እውን ኣይተስኣኑን። ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ሸለልትነት ገሊኦም መኮነናት ክነግሩኻ እንተለው ሰብ ዶ የለን? ዘብል እዩ። ወታደራዊ መራሕትና ብሰብ ሞያ ብዝርዝር ክግምገሙ ኣለዎም፣ ሞጎስ ምስ ተዓወትና ይኣኽሎም እዩ። ዘይግምገም ዓውዲ ክህልወና የብሉን።

> ንህዝብና ንፀር ሰላማ ማለት ሃገራዊ ወይ ናይ ናፅነት ሰላማ ማለት እዩ። እዚ ዘይብሉ ቃልሲ በቲ ኣብ ስልጣን ዝነበረን ዘሎን ሓይሊ እዩ ክብየን። ወያናይ ዴሞክራሲ፣ ፀረ ዴሞክራስያውነት፣ ገባትነት፣ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰልን ናይ ፕረስ ዓፈናን ሰላማ እዚ ቃልሲ ክኾኑ እዮም።

ናብ ውራይ ዲፕሎማሲ እንትንምለስ ኣሜሪካ ዓሚ ከምዚ ሎሚ ናይ ሕቡራት መንግስታት ቤት ምኽሪ ፀጥታ ኣቦ መንበርነት ተረኪባ ጉዳይ ትግራይ ቀንዲ ኣጀንዳኣ ገይራቶ ነይራ። ሎሚ ነዚ መዝነት ምስ ተረከበት ግን ትግራይ ኣብ ኣጀንዳኣ የለን። እዚ ሓደገኛ ዲፕሎማስያዊ ክሳራ እዩ። ኣብ ዓለም ተራእዩ ዘይፈለጥ ሰብኣዊ ቅልዉላዉን ግፍዕን ዘጋጠመና ክንእስና ዓለም ግን ቆላሕ ኢላ ክትሪአና ኣይኸኣለትን። ፀገማትና ደጋዊ እናገበርካ ለይትን ቀትርን ዓገግ ምባል መፍትሒ ክኸዉን ኣይኽእልን። ከም ህዝቢ ቤትና ዓፂና ክንመክር ኣለና። ንዉድቀት ዲፕሎማስያዊ ቃልስና ዉሽጣዊ መፍትሒ ብምእላሽ ዓቕምና ዘጠናኽር፣ ቅልፅም ፀላእትና ድማ ዘፍኩስ ስራሕ ክንሰርሕ ይግባእ።

ሐዚ ብዘለና ዲፕሎማስያዊ ቅዋም እንገብሮም ወታደራዊ ወፍርታት ኸሳረኦም ቀሊል ኣይክኸዉንን። ደገፍቲ ኢትዮጵያ ይዉስኻ እምበር ክቕንሳ ኣይረኣናን። ቱርኪ፣ ሕቡራት ዓረብ ኢሚራቱስ፣ ኢራን፣ ቻይናን ሩስያን ኣብ ቦተአን ኣለዎ። ኣብ ዘይነፀረን ሕዱር እምነታቱ ዝዕቀበን ፖለቲካ ህወሓት ተስፋ ዝሰኣነት ኣሜሪካ እዉን ናብዚ ወታደራዊ ደገፍ ክይትሕወስ የስግእ። ሐዚ በዝሒ ህዝቢ፣ ዘመናዊ ኣፅዋር፣ ቴክኖሎጂን ዲፕሎማስያዊ ድጋፍን ምስ ዘለዎ ዓዲ ኢና ንገጥም ዘለና። ሓቂ እዩ እዚ ኹሉ ሒዛ ብዉግእ ስዒርናያ ኢና፣ ብፖለቲካን ዲፕሎማስን ግን ልዕልነት ረኺባ። ብድምር ዉፅኢት ፀላኢና ኣብ ቦታኡ ኣሎ፤ ናብ ሰላም ክመፅእ እዉን ኣየገደድናዮን። ኣብ ዝደኸመ ናይ ምድርዳር ዓቕሚ ኣለና። ንሃገሩ ፀሓፊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወፃእን ኣማኻሪ ብሄራዊ ደሕንነት ፕረዝዳንትን ኮይኑ ዝሰረሐ ሄንሪ ክሲንጀር ድሕሪ ኲናት ዓረብን እስራኤልን "እንተኸኢልካ ኲናት ኣትርፍ፣ ተዘይለ ክልቲኦም ሓይልታት ምስ ተዳኸሙ ናብ ናይ ሰላም ድርድር እቶ" ይብል። ኢትዮጵያ ኤርትራን ንትግራይ ኸቢበን ብጥሜት ዘምበርክኻሉ ልዕልና ስለዝፈጠራ ናብ ድርድር ክነምፅአን ኣይክኣልናን፤ ምዕራባውያን እውን ንኣብዩ ዘገድድሉ ዝተፈለየ ረብሓ ኣብ ትግራይ የብሎምን። በዚ ምኽንያት በይንና ናብ ውግእ ክንኣቱ ንግደድ ኣለና። እንተ በይንኻ ምዃን የሕፍር እምበር ኣየኹርዕን። ንሓደ ከም ትግራይ ዝበለ ከብዱ ክመልእ ዝተሸገረ ህዝቢ ዝሓዘ መሪሕነት በይነይ እየ ማለት ብዙሕ ጥሜት፣ ሕማም፣ ድኽዳኽ፣ ሞትን መስዋእትን ማለት እዩ። እዚ ምዃኑ እናተፈለጠ ዲፕሎማስያዊ ስንፍናኻን ውድቀትካን ንምሽፋን "ንዓለም በይንና ገጢምና ክንስዕራ ኢና" ዝብሃል ዓዘራ ብደም ወዲ ማርያም ክሊዐው ምብጫው እዩ፤ ጨካን ፍትወት ስልጣን።

ዲፕሎማሲ ትግራይ ጌና ኣብ ኢትዮጵያ ብዝዓረደ ሓሳብ ዝምራሕ እዩ፣ ማዕርነታዊ ሓድነት ህወሓት ክብል ኢለ እየ። እቶም ነዚ ጉዳይ ክመርሑ ዝተመዘዙ ሰባት ወይ ከም ኣምባሳደር ፍስሃ ኣስገዶም ናፅነት ሶማሊላንድ ዝቃወሙ እዮም፤ ወይ ድማ ከምቲ ጌታቸው ኣብ ቢቢሲ ዝኣክል ዕላማኻ ብግልፂ ተረደአሉ መደብ ሃርድ ቶክ ( Hard talk ) ቀሪቡ ስቴቨን ሳከር "ንናፅነት ዲኹም ትቃለሱ? ኢሉ እንትሓቶ "ኣይኮናን" ዝበሎ እዮም። ሓቂ እዩ ጌታቸው ዓሚ ከምዚ ሎሚ ምስ ኣምሓራ 'ኮንፌደሬሽን እውን ኣይኣስረናን' ኢሉ ነይሩ እዩ፤ ከፊእዎ ዝተዛረቦ እዩ ነይሩ ማለት። መዓዝ ጌታቸው ጥራይ ኮይኑ፣ ጀነራል ፃድቃን Elephant ኣብ ዝተብሃለ ድሕረ ገፅ Pertinent issues on the war in Tigray ብዝብል ርእሲ ኣብ ዝቐረቦ ሓተታ ንሕብረ ብሄራዊ ፌደራሊዝም ኢትዮጵያ ኢና ንቃለስ ኢሉ ፅሒፉ እዩ። ካብ ጥንታውያን ህንዳውያን ንጉሳት ሓደ " even though I have never seen the king , I know whether he is a sage or fool when I read his letter or I meet his envoy" ይብል። ናብ ትግርኛ ክንምልሶ እንከለና " ዋላ እቲ ንጉስ ኣይፍለጦ ለባም ድዩ ዓዋን ግን ብደብዳቤኡ ወይ ድማ ብልኡኹ ይፈልዮ እየ" ንምባል እዩ። ትግራይ ካብ ደብረብርሃን ዝተመለሰትሉ፣ ደሴን ኮምቦልቻን ዘይዓረደትሉ፣ ሰብኣዊ ሓገዝ ናብ ስትራቴጅካዊ ወታደራዊ ቦታታት ምልቃቕ ቅድመ ኩነት ክኣቱ ዝገበረትሉ፣ ምዕራብ ትግራይ ከምዘይናታ ዝረሳዓትሉ፣ ንኣብዩ ኣሕመድ ደላዪ ሰላም ክተምስሎ ዝፈተነትሉ ከይዲ ናይ ዓዋን ንጉስ ዲፕሎማሲ እዩ። ኣሜሪካውያን ንዚ ናይ ትግራይ መሪሕነት ግዑዙይን(Corrupt) ዘይብቑዕን (Incompetent) እዮም ዝብልዎ። እንሆ ድማ ክሳዕ ለይቲ ሎሚ ዋጋ ንኸፍለሉ ንርከብ። ኣብ ትግራይናን ዝተጋገየ ሓላፊ ሃጥ እንተበለ ገምጋም እዩ ዝፅበዮ፤ ተሓታትነት ወይ መዝነትካ ምስኣን ዝበሃል ንህዝቢ ትግራይ ጥራይ እዩ ዝምልከት። ከይተዳለውካ ፀኒሐካ ህዝቢ ብደመኛ ፀላእቱ ተዋሪዱ፤ መሊስካ ብህዝቢ ናብ ስልጣንካ ትድይብ እሞ ግልብጥሽ ንህዝቢ ናዓ ተሓተት ፣ ባንዳ ኣውፅእ፣ ኣበይ ነይርካ እናበልካ ተጨንቕ። ንስኻ ግን ብዕሊ ዋላ 'ስዩመ እግዛኣቤሔር እየ' ኢልካ ኣይትግለፅ ዝገበርካ ተገበርካ ሓታቲ የብልካን። ዲፕሎማሲና በቢ መዓልቲ ብዝጋገዩ ግን ድማ ዘይሕተቱ ሰባት ዝምራሕ እዩ። ከይተዳለወ ፀኒሑ ኰናት ዘርኢ ምፅናት ዘምፀአ፣ብዘይ ንፁር ዕላማ ዕሸላት ኣብ ዓዲ 'ማቶም ዘወደአ መሪሕነት ሐዚ እውን ኣብ ቦታኡ እዩ ዘሎ፣ ወረ ብዕስለኡስ ጀግና ድኣ ይብሃል ኣሎ። እዚኣም ከም ኣመሎም እናተሞጋገሱ ከጥፍኡና እዮም'ዋ እስኪ ሃገራዊ ዕላማን ዲፕሎማስያዊ ፀጋኡን ክንርኢ ንፈትን። ዲፕሎማሲና ናፅነት ዝብል ንፁር ዕላማ እንተተሓንጊጡ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ተዓፃፂፊ ዓወት ከመዝግብ እዩ። ቃልሲ ናፅነት ኣብ ዲፕሎማስያዊ ቃልስና እንታይ ለውጥታት ከምፅእ ይኽእል?

- **ፀላእትና ይኸፋፍል፡** ህወሓት ወርቃዊ ታሪኽይ እዩ ዝብሎ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ፖለቲካ እታ ሃገር ብኦሮሞን ብኣምሓራን ክብሓት ዝገበረ እዩ። እዞም ብሄራት ወነንቲ እታ ሃገር ብምዃን ድማ በቢ መንገዶም ንኡሳን መፃምዲ( Junior Partner) ኣብ ምንዳይ ተፀሚዶም ይርከቡ። ኣምሓራ ኣብዛ ዓዲ ዓብለልቲ ንክኾኑ ዝተዳኸመትን መንነት ዘይብላን ንኡሽቶ ትግራይ ብምፍጣር ናይ ቺችንያ ግደ ክትፃወተሎም ይደልዩ። ሩስያ ንጀርጅያ እንትትወርር ቺችንያ ነቶም ንናፅነት ዝተቓለሱ ኣቦሕጎታቶም ኪሒዶም ኣብ ጎና ተሰሊፎም እዮም። ቅድሚ ክልተ ወርሒ ናብ ዩክሬን እንትወፍር እውን ቺችንያውያን ንኡሽተይ መፃምዲ ኮይኖም ይዋደቑ ኣለው፣ ናይቲ ዓብዩ ብሄር ኩትሻ ኮይኖም። እዚ ዝደሊ ኣምሓራ ሃገረ ትግራይ ኣብ መቓብረይ ምባሉ ኣይገርምን። ብኣንፃሩ ፖለቲካ ኦሮም ሃገረ ትግራይ ዝህበሉ ዕድል ኣሎ። ሎሚ ቀዳማይ ምርጫኡ ብዕፅዋ ይኹን ምዕራብ ትግራይ ናብ ዕዳጋ ኣውሪዱ ትግራይ ምስ ኣምሓራ ኣብ ዝህልዎ ግጥም ሓደ ግምባር ክትድምስሰሉ ዝደሊ ሓይሊ ፣ ትግራይ ዕፅዋ ምስ ትኸፍት ሃገር ክህብ ክግደድ እዩ። ትግራይ ምዕራብትግራይን ካልኦትን ብኣምሓራ ዝተገበቱ መሬታ ምስ መለሰት ሓደው ንእነግ ቴክኒካውን ውሱን ሰብኣዊ ሓገዝን ብምግባር ማእኸላይ መንግስቲ ኣውዲቓ ሃገር ትረክብ፣ ሓደው ድማ እቲ ዘሎ ሓይሊ ክህባ ተገድዶ። ሃገረ ትግራይ ንምምስራት ግድን ማእኸላይ መንግስቲ ክወድቕ ኣገዳሲ እንተኾይኑ ትግራይ ሽውዓተ ሚኢቲ ኪሎ ሜትር ተጓዒዛ እትገብሮ ውግእ ደማውን ናይ ዓሻሹ ፖለቲከኛታትን ወታደራትን ስልቲ እዩ። ትግራይ ንእነግ ኣብ ምስልጣን፣ ምውዳብን ምዕጣቕን

ኢንቨስት ገይራ ብውሑድ ዋጋ ነዚ ስርዓት ክትኣልዮ ትመድብ። ምዕራብ ትግራይ እንተኽፈት ኣምሓራ ኮነ ሻዕቢያ ምስረታ ሃገረ ትግራይ ናይ ምጥፋእ ሕልሞም ይውዳእ። ካልኦት ብሄራት እውን ናብ ትግራይ መፂኦም ዝሞትሉ ድሌት እናቐነሰ ይኸይድ። እዚ ዝኸውን ግን ሃገራውያን ናብ ስልጣን እንተመፂኦም ጥራሕ እዩ።

◆ ***ፈተውቲ ሃገራት የብዝሕ፡*** ኢትዮጵያ ክትፈርስ፣ ክትከፋፈል ዝደልዩ ሓይልታት ኮነ ብበዝሒ ህዝቢ ንኡሽቶ ዝኾና ሃገራት ደገፍቲ ናፅነት ትግራይ ምዃነን ዘይተርፍ እዩ። ቁፅሩ ዘይንዓቕ ትግራዋይ ኢትዮጵያ ከይትፈርስ ሰማይ ደጊፉ ክሓድር ክትርኢ እንከላኻ ይድንፅወካ፣ ወረ ገሊኡስ ህወሓት ሃገር ዘምፅኣሉ ይመስሎ ። ኢትዮጵያ ፈሪሳ ማለት እዚ ናባና ዝትኮስ ዘሎ ኣፈሙዝ ኣንፈቱ ንማእኸል ዓዲ ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ፤ ናብ ባዕሎም። ዘርኢ ምፅናት ብውሁድ ኢኮኖሚያዊ፣ ዲፕሎማስያውን ወታደራውን ሃፍቲ እዛ ዓዲ እዩ ዝካየድ ዘሎ። እዛ ጂኖሳይዳዊት ሃገር ሮሞቕ እንተይላ እዚ ሃፍቲ ኣኸለ ተበቲኑ ማለት እዩ። ጎጃም ናብ መተከሉ፣ ምስ ሸዋ ኮይኑ ድማ ናብ ኣዲስ ኣበባ ገፁ ክወፍር እዩ። ጎንደር ድማ ንትግራይ በይኑ ክገጥም እንተደልዩ? መቸስ እንታይ ክብሃል ኮይኑ? ያዋዕለና። ኦሮሞ ከፍተይ ረጊፆሞ ዝበሎ ኩሉ ናብ ግዝኣቱ ከእቱ ምስ ሙሉእ ኢትዮጵያ ብሓይሊ ናቱ ክገብር ዝተልዓለ ሓይሊ ኣምሓራ ሰነያ ኣይህልዎን፣ ደቡብ ናይ ሓዲኦም ደጋፊ ክኸውን እዩ ። ሶማል ናብ ኣሕዋቱ ክፅምበር ይኸውን። ኣብዚ ከይዲ ወይ ኢትዮጵያ ናይቲ ሃገር ክህበና ዝኽእል ኦሮም ክትከውን ምግባር ተዘይኮይኑ ከምቲ ሎርድ ካሪንግተንን ጀነራልን ምክንዝን ዩጎዝላቭያ ብኮንፈረንስ ለንደን ሓሙሽተ ሃገር ዝገበርዎ ፣ ንኢትዮጵያ ኣርባዕተ ኮነ ሓሙሽተ ዝገብር ኮንፈረንስ ተፀዋዑ ምፍልላይ እዩ። ብሓፂሩ እዛ ዓዲ ክትፈርስ ኮነ ናብ ንእሽቶ ሃገራት ክትምቀል ዝደልያ ክሕግዛና እየን። ብወገንኻ እውን ክትሕግዘን ግድን እዩ፣ ናይ ረብሓ ዲፕሎማሲ ብእንካ ሃባ ስለዝኾነ። እዛ ዓዲ ክትፈርስ ዝደልያ ሽመን ክፅሓፉ ዝደለኹም እንተሊኹም ፣ኣነ ናይ ናፅነት ደጋፊ ስለዝኾንኩ ኣይውዕሎን እየ፤ ናብቶም በቢ ኣዳራሹ ብሄራዊ ናይ ደሕንነትን ዲፕሎማስን ምሽጥር ዝብትኑ መራሕቲ ህወሓት ኪዱ። እተን ንከምኣን ዝመሰላ ንኡሽቶ ሃገራት ዝድግፋ ዓድታት ግን ምሽጥር ዘግብር የብሉን፣ ኣቐዲመ ዘርዚረየን እየን።

◆ **ፀላእቲ ይቕንስ፡** ኣብዚ ምስ ኢትዮጵያ እንገብሮ ዘለና ቃልሲ ሃገር ከይንኸውን እትቃለሰና ዘላ እንኮ ሃገር ህግደፋዊት ኤርትራ እያ። ዝተረፋ ወይ ፈተውቲ ወይ ሞንጎኛታት ምግባር ይክኣል እዩ። ኣሜሪካ ብዴሞክራሲ፣ ብሓለዋ ሰብኣዊ መሰል፣ ብናፅነት ፕረስን ሚድያን ኢሉ እውን ፅንኩር ናይ ደሕንነትን ወታደራውን ሓይሊ ብምጥያሽ ተስፋ ዘለዋን ካብ ኢትዮጵያ ንላዕሊ ኣገደስቲ ከምዝኾና ብምርኣይ ፈታዊት ክንገብራ ተኽእሎ ኣሎ። ኣውሮፓውያን ድማ ካብ ዴሞክራስያውን ሰብኣዊ መሰል ዘኽብር ሃገር ስደተኛ ኣይመፀንን፣ መባዕልተን ኮይና ማለት እዩ። ኣሜሪካ ህወሓታዊ ኮሚኒዝም ክትፅየፎ ሓቃ እያ፣ ቻይና ናብ ኣፍሪካ ክትሰልል ምግባሩ ከምዘሎ ኮይኑ ፀረ ሰብ ስለዝኾነ ኣንፃር ብሄራዊ ክብራ እዩ። ተጋሩ ነዚ ልዕሊ ኩሉ ከም ህዝቢ ግዳይ ዘርኢ ምፅናት ዝገበረና ስነ ሓሳብ ክንምሕዎ ግዴትና እዩ። ኣሜሪካ ብምሓዝ ሃገራት ዓረብ ጉዕዞኣን ጠቕሊለን ክወፃ ምግባር ይክኣል እዩ። እተን ብፀጋ ማእድን ትግራይ ዝወግኣና ዘለዋ ከም ኢትዮጵያ ሃፍትና ዝገበርክን ግበረኦ ከይኮነስ፣ ነቲ ዝፈፀሙኦ ይቕሬታ ሓቲተንን ኮነ ክሒሰን ብስርዓት ክሳተፋ ዕድመ ምቕራብ የድሊ። ምዕራባውያን ፈተውቲ ትግራይ እንተኾይኖም ካብዚ ፀልማት ብቐሊሉ ክንወፅእ ኢና። ብኢኮኖሚያውን ዲፕሎማስያውን ማዕቀብ ነዚ ስርዓት ብቐሊሉ ከማስነኦ እየን።

ንፁር ሃገራዊ ዕላማ ሰረቱ ብሄራውነት ስለዝኾነ ከምዚ ናይ ህወሓት ተጋሩ ብፖለቲካዊ ሓሳቦም፣ ብዓሌቶም፣ ብኸባቢኦም ወይ ብመውስቦ ናብ ስልጣን ክድይቡ ኣይፈቅድን፣ ምሩፃት ሰብ ሞያ ዲፕሎማሲ ናብ ቅድሚት ክምፅእ እዩ። እታ እንኮ ረቛሒት ኣብቲ ናይ ሸሞንተ ወርሒ ቃልሲ ብልጭ ኢላ ዝጠፈኣት ዓቕምን ክእለት ጥራይ እያ ትኸውን። ንሃገርነት ዝገበር ቃልሲ ተጋዳላይ ክወሕዘሉ እዩ፤ እቲ ወለዱ እናኣሰርካ ተጋደል ትብሎ ዘለኻ ይኣኽለኒ ክሳብ ትብል ክፈስስ እዩ። ዝዘሓሓል ዘሎ ቃልሲ ዲያስፖራ እውን ሃየ ንሃገርካ ምስ በልካዮ ይበራበር። እቲ ናበይ ኮን ኢና? ኢሉ ዝተደናገረ ምልኣተ ህዝብና ድማ ናፅነት እዩ ዋሕስካ ምስ ተብሃለ ንሃገረይ ኢሉ ክልዓል ምኻኑ ኣየጠራጥርን። ድምፃዊ ሰለሙን ይኩኖ ኣምላክ ብጋህዲ "ሞትና ሞት ናፅነት ግበርዎ" ብምባል ደንገርገር ክብቅዕን መስዋእትና ክቡር ክኸውንን ብዜማኡ ባህጊ ሚሊዮናት ገሊፁ እዩ። እሞ ተጋሩ ዓበይቲ ኮንኩም ቆልዑ፣ ኣብ ትግራይ ሃለው ኣብ ግዳም፣ ሰብ ሚድያ ዋላ ነጣፍያን፡ ምሁራት ኩኑ ፖለቲከኛታት ሃገራዊ ዕላማ ዘለዎ ሓዱሽ መንግስቲ ክመፅእ ተቓለሱ። ናይ ትግራይ ናፅነት እቲ ዝዓበየ ብድሆኡ ውሽጣዊ እዩ፤ ህወሓት ብዝውድቦም ተጋሩ ኢትዮጵያውያን ዝእንፈት ናይ ክላልየ ዓለም ፖለቲካ። ውሽጣዊ ምስ ንፈትሕ ደጋዊ ቀሊል ምዃኑ ሸውዓተ ሕጉምን ዓዲ ዕሸርን ምስክራት እየን።

ሰላም!

# ዕዳ 'መሪሕነት' ብላይ ወለዶ

## መን ይተዓንደዶ?

መሓሪ ካሕሳይ

ኣብ ኣመሓድራ እዛ ዓዲ ብዙሕ ዘይዕግበታት ይቀላቐል ኣሎ። ትግራይ ብውሽጥን ግዳምን ኣብ ዓብዪ ወጥሪ ስለዘላ መሪሕነታ ንነቐፌታን ገምጋምን ክፉት ክኸውን ኣይክእሉን እዮም ዝብል ህወሓትን ደገፍታን ወትሩ ዘቃልሕዎ ምጉት ኣሎ። "እዚ ግዘ ግዚኡ ኣይኮነን፣ ኣይግዚኡን" ድማ ይብሉ። እቲ መሪሕነት ብላይ ወለዶ ብብሉይ ስነ-ሓሳብ ስለዝዓሰኸ ብሓዱሽ ወለዶ ክትካእ ኣለዎ ዝብሉ ድምፅታት እውን ይስምዑ ኣለው። ባህግታት እዚ ወለዶ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ እቲ ብላይ ወለዶ ኣትዩ ሓቒቑ ዝብሉ ኣይውሑዳትን። ንምኺኑ ብላይ እንታይ ማለት እዩ? መን እዩ ብላይከ? እቲ ሕጂ ብላይ ዝበሃል ዘሎ ዘሳኸዖም ዓወታት ኣለውዎዶ?

## ትርጉም ብላይ
## መዝገበ-ቃላታዊ ፍታሕ

ብላይ ዝብል ቓል ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐ ቁስ፣ ሰብ፣ እንስሳ፣ ፅንሰ-ሓሳብን ርክብን ይገልፅ። ብምኽንያት ምንዋሕ ዕድመ ዝተሰበረ ዕትሮ፣ ምፍራስ ዝጀመረ ህንፃን ዝሞሸሞሸ ኣረኣእያን ብላያት ይበሃሉ። ብሉይነት እርጋን እዩ፤ ናይ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን እርጋን። ብላይ ምዕሳው እዩ፤ ኣብ ዝኾነ እዋን ረብሓ ኔርዎ ሐዚ ግን ክቕመጥ ዝግበኦ ዕምሪ ዘመን ሓሊፉዎ ክውገድ እናተገብኦ ከይተወገደ ብምፅንሑ ምዕሳኹ፤ ስለዝዓሰኸን ዝዓሰወን ሕማም ከስዕብ ዝኽእል ተበላሻዊን መባላሸዊን ትሕዝቶ። ናይ ሕዚ ዘይኮነስ ናይ ቅድሚ ሕዚ፣ ዘመነ ግልጋሎቱ ዘብቐዐ፣ እዋኑ ዝሓለፎ፣ ዝነፈሶን ምስ እዋናዊ ቅዲን ኣተሓሳስባን ዘይገጥም፤ ምስ ዘመናዊ ኣገባብን ወግዒን ዘይቃዶ። ብምብልሻው ካብ ፀጋ ናብ ዕዳ ዝተለወጠ እዩ፤ ብላይ!

## ማሕበረ-ሰባዊ ፍታሕ

ተወሊደ ኣብ ዝዓበኹሉ ከባቢ ጓስነት ዓብዪ ቦታ ዝወሃቦ መንገዲ ህይወት እዩ። ሕድሕድ ቆልዓ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዕድሚኡ ጓሳ ኮይኑ ክሓልፍ ይግደድ። ንሓዲሓዲኦም መመላእታ ዘበኖም ዝዋፈርሉ ሞያ እውን እዩ፤ ጓስነት። ብመሰረት ከተያ ትርጉም እቲ ከባቢ ክልተ ዓይነት ጓሶት ኣለው፤ ጥሉል ጓሳን ብላይ ጓሳን!

ልኡኽቶ ህይወት ጥሉል ጓሳ ጥሪቱ እየን። ጨነኣን ይሃርፎ፤ ስለኣን ይነብር። ሓፁር ደንብኡ ስጡም እዩ። በላዒ መፂኡ ከየጥቅዐን ኣብ ኣፋፌት ኮፍ ኢሉ ክሕሊ ይሓድር። ለይቲ ተሲኡ ደሕንነት ጥሪቱ የረጋግፅ። ጥዕናዊ፣ ኣካላዊን መንፈሳዊን ኩነታተን በቢደቒቑ ይከታተል። ነፍሲወከፍ ጥሪቱ ብሽመን ይፅውዐን፤ ከከም ባህሪያተንን ምርጨኣንን ድሌተን ክረኽባ ይፅዕር። ከይጠምያ ናብ ልምሉም ሳዕሪ፤ ከይፅምኣ ናብ ፅሩይ ማይ ይወስደን። ካብ ኣመና ተገዳስነቱን ትኩርነቱን ዝተልዓለ

ሚዒተን ዝርደኣሉ ረቂቕ ክእለት የማዕብል። ኣብ ልዕሊኣን ከመፅእ ዝኽእል ኣሉታዊ ኩነታት ኣቐዲሙ የተንብህ። እንተኽኢሉ እቲ ሓደጋ ቅድሚ ምምፅኡ የትርፎ፣ ይንከዮ። እንተዘይክኢሉ ድማ ሳዕቤኑን በሰልኡን ቀሊል ኮይኑ ንክሓልፍ ይሰርሕ። በላዒን ቀታሊን እንተመፀ ኣብ ቅድሚኣን ጠጠው ኢሉ ይከላኸል። እንተገደደ በይዛ ኾይኑ ይሓልፍ። ጥሉል ጓሳ!

ብላይ ጓሳ ተበላፂ እዩ፤ መዝማዛይ። እተን ጥሪት ብዝኾነ ታሪኻዊን ክውንነታዊን ኣጋጣሚታት ዋንነተን ኣብ ኢዱ ዝኣተዋ ትሕዛት ንብረት ስለዝኾና ስለኣን ኣይግደስን። ክጥቀመለን፣ ክርብሓለንን ክሸቅጠለንን ጥራሕ ይደሊ። ንሰን ንዕኡ ስጋኣን፣ ፃባኣን፣ ቆርበተን፣ እንቋቑሖኣንን ጉልበተንን ብምሃብ የገልግልኦ እምበር ንሱ ንዕኣን ከገልግል ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ከምዘለዎ ኣይስምዖን። ክንደይ ሊትሮ ፃባ ይሕለባ እምበር ዝብላዕ ምርካበን ኣይግደሰሉን። ብላይ ጓሳ ጥሪቱ ዓለቕቲ ስትየን ክሓማ፣ ዒፈል በሊዐን ክዕፍትያ ከለዋ ናሃቱ ፀገም ገይሩ ኣይቖፀሮን። እኳ ድኣስ ተገልቢጡ እቲ ጥፍኣት ናሃተን ከምዝኾነ ቆፂሩ ኣብ ርእሲ ቃንዛኣን ብበትሪ ይቕጥቅጠን። ንምንታይ ሓመማ ኢሉ ዘይኮነስ ብምሕማመን ዝኅደሎ ረብሓ ስለዘተሓሳስቦ። ጥሪቱ ኣመና ተነዲኡ ቐፃሊ ግልጋሎት ኣይህባንን ኢሉ እንትኣምን ካብ ደንብኡ ኣውፂኡ ይሰነ። ዝቐሰለ ኣድጊን ዝደኸመ በቕሊን ክረብሖ ተዘይኽኢሉ በላዒ ይብለዓዮ፣ ይቕተሎ ኣይንታዩን፤ ይርፈት። ከም ኣጋጣሚ ካብ ሞትን በላዒን ተሪፉ ምስ ዝሓዊ ደጊሙ ክርበሐሉ ጉልበቱ ሃሪፉ ንብረተይ ኢሉ ይፅዕኖ። ደንብኡ ፎርኳሸን ብቐሊሉ ተደፋሪን እዩ። ንነብሱ ኣዝዩ ስለዝስስዕ ጥሪቱ ከም ድፋዕ ተጠቒሙ ኣብ ማእኸለን ይድቅስ። ንዕኣን በሊዑን ቀቲሉን ናብኡ ክሳብ ዝበፅሕ ዘምልጠሉ ዕድል ይረክብ። ብላይ ጓሳ!

ወለዶ ከም ወለዶ ኣብ ሓደ ዘንቢል ኣእቲኻ ሓፈሻዊ ገምጋም ምሃብ፤ ህውኽ፣ ኢ-ስነሞገታዊን ኢ-ሳይንሳዊን እዩ፤ እምበረ መጠን ድፍረት እውን። ልዕሊ መጠን ዘይንፁርን ድብዙዝን እዩ ኢልኩም እንተሓሲብኩም "ዓፉ" ክትብሉኒ ቀዲመ እናሓተትኩ፤ ንምግላፅ ክጥዐመኒን ክቐለንን ኢለ ጥቕሉል ኣጠቓቕማ ቃላት ክጥቀም ከለኹ፤ ብስለትን ትኩርነትን ኣንበብቲ ተኣማሚነነ መንፈስ እቲ ፅሑፍ ሒዝኩም ኣመዓራሪኹም ክትርድእዎ ዝኽእል ዓቕሚ ኣለኩም ካብ ዝብል ቅድመ ግምት ስለዝተበገስኩን እዩ። ኣብዚ ፅሑፍ "እቲ ወለዶ" ኢለ ዝፅውዖ ዘለኹ እቲ ካብ 1960ታት ጀሚሩ ኣብ ፖለቲካ ምውሳእ ዝጀመረን ብዕድመ ዝደፍኣን ሕዚ ብህይወት ዘሎን ኣብ መሪሕነት ዘሎ ተዋሳኢ ፖለቲካ እዩ። "እዚ ወለዶ" ዝብሎ ዘለኹ ፍረ-ቓልሲ "እቲ ወለዶ" ዝኾነ፣ ሳላ መቑሰልትን መስዋእቲን "እቲ ወለዶ" ዝሐሸ ፍልጠት ዝማእረረ፣

ብተነፃፃሪ ኣብ ርሑው ኩነታት ዕድል ትምህርቲ ዝረኸበ ኣብ ክሊ ዕድመ መንእሰይነት ዝርከብ ልሂቅ እዩ። ሓዱሽ ወለዶ!

"እቲ ወለዶ" ብላይ ድዩ? ዝብል ቅድሚ ምርኣይና "እቲ ወለዶ" እንታይ ፈፂሙ፣ ታይ ሰሪሑ፣ ዘዐወቶኸ ኣለዎዶ? ዝብል ክንርኢ። ተጋዳላይ ዶክተር ሙሉጌታ ገብረህይወት(ጫልቱ) FROM LEFT WING LIBERATION ARMY INTO A GOVERNMENT: THE CHALLENGES OF TRANSITION AND THE CASE OF TPLF/EPRDF ብዝብል ርእሲ ንመማልኢ ዶክትሬት ዲግሪ ዝገበሮ መፅናዕቲ መነፀርና እዩ። መወከሲ!

## ዓወታት እቲ ወለዶ

ዓቕሚ ትግባረን ኣፈፃፅማን ገድሊ ትግራይ መሳጢ እዩ ዝብል ጫልቱ ፅልዋ ደራኺ ዕውትነት እቲ ቃልሲ ኣብ ክልተ ከፊሉ ይሪኦ። እቲ ሓደ ጥንካረ ነቲ ጠርናፊ ስትራቴጂካዊ ፍልስፍና ሂቡ እቲ ካልኣይ ድማ ፍሉይ ብርትዐን ብልሒን ክእለት ኣመራርሓን እዩ ይብል። ዝሓረይዎ ሞዴል!

ኣብታ ሽዑ ዝነበረት ኢትዮጵያ ብዙሓት ወደብቲ ፍልስፍናታት ዝነበሩ ኮይኖም ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ክፍልታት ክርኣዩ ዝኽእሉ እዮም ይብል። ተፈንጨልቲ፣ ዓባይ-ኢትዮጵያን ጭርሖ ብሄርተኝነት ሒዞም ብዝሑነት ዘሰጉሙን ሓይልታት።

ሕቶ ብሄራዊነት ሒዞም ካብ ዝተልዓሉ "ዓመፅቲ" ገሊኦም ኣብቲ ነዊሕ እዋነ-ቃልሲ ጥር እትብል ፅልዋ ከየሕደሩ እንትሓልፉ ገሊኦም ድማ ኣብ ከይዲ ቅሂሞም። ውዳበታት ህዝቢ ዓፋር፣ ጋምቤላን ቤንሻንጉልን:- ህዝቢ

ኣብ ልዕሊ ምሕደራ እቲ ስርዓት ብዘሕደሮ ቅርታ ዝተበገሱ እዮም። ጫልቱ ንጀን ማርካኪስ ፀሪሑ እዞም ውዳበታት ክግለፁ ዝኽእል ፖለቲካዊ ባህግን ዕላማን ዘይነበሮም፤ ምሕላው ረብሓ እቲ ዝተልዓልሉ ህዝቢ እንኮ መተኣኻኸቢኦም ነይሩ ይብል።

ዕላማ ምፍንጫል ሒዙ ዝተልዓለ ኣነግ ፅግዕተኛ ግዳማዊ ሓይሊታት ዝነበረ ኾይኑ መወልቲ ሃገራት ሶማልያን ሱዳንን ምስቲ ናይ ሽው ስርዓት ኢትዮጵያ ጀሚረንአ ኣብ ዝነበረ ወኪላዊ-ኹናት፡ ከም ፈፃሚ ስትራቴጂካዊ ደሕንነተን ገይረን ይጥቀመሉ ስለዝነበራ፤ ቃልሱ ብናፅነት ዝመርሓሉ ፈቓድ ኣይነበሮን። ኣነግ ንተመሳሳሊ ምኽንያት ብህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ እውን ይምወል ነይሩ። በዚ ድማ ምንቅስቓስ ኦነግ ኣብ ዶባት ሶማልያን ሱዳንን ዝተሓፀረ፤ ካብ ንእሽቶ ደባይ ተዋጋኢ ሓይሊ ዘይሰገረን ወተሃደራዊ ኣበርክቶኡ ኣብዚ እቶ ዘይበሃልን ኮይኑ እዩ ሓሊፉ። ንበለል!

ዓባይ ኢትዮጵያ ኣብ ዝብል ጭርሖ ተወዲቦም ሜዳ ካብ ዝወረዱ ውድባት ኢህኣፓ ኣብ ቅድሚት ይስራዕ። ኣብ ስትራቴጂካዊ ኣማራፂታት ስምረት ዝሰኣነ መሪሕነቱ፡ ነንሳቱ ምብላዕ ክጅምር ብዙሕ ዘየደንጎየ ኮይኑ ካብቲ ናይ ገጠር ቃልሱ ኣብቲ ናይ ከተማ ክንፊ ዝለዓለ ኣቓልቦ ምሃቡ ንመውቃዕቲ ቀይሕ ራዕዲ ኣሳጢሑዎ። ተጨፍጪፉ!

ብራእሲ መንገሻ ስዩም ዝምራሕ ኢድዩ ድማ ስርዓት ጉልታዊነት ክምለስ ድጋፍ መንግስታት ኣሜሪካን ሱዳንን ሒዙ ብተወልጄታት ገጠር እናተሓገዘ ኣብ ሰሜን ምዕራብ ኢትዮጵያ ብርክት ዝበላ ከተማታት ክቆፃፀር ክኢሉ ነይሩ። ደርግን ህወሓትን የመሓድርዎም ኣብ ዝነበሩ በታታት ብዝተኣታተውዎ ፖለቲካዊን ኢኮኖምያዊን ፅገናታት ደጀን ኢድዩ ዝነበረ መኳንንታዊ ሓይሉ ዓቕሚ ክዳኽም ስለዝገበሮ ፅንካረኡ ዓቂቡ ክኸድ ኣይከኣለን። ሰንሰን ኢሉ!

ኢድዩን ኢህኣፓን ኣበጋግስኦምን ፈለማ ዝነበሮም ዓቕሚን ዓበይቲ ኮይኖም እንተተልዓሉ ዝገጠሞም ውሽጣዊን ግዳማዊን ብደሆታት ክምክቱ ብዘይምኽኣሎም ሓፂር ዕድመ ክህልዎምን ኣብቲ ዝነበረ ብረታዊ ቃልሲ ፅልዋ ከየሕደሩን ሓሊፎም። ንከንቱ!

ፀረ-ጉልታዊነትን ፀረ-ሃፀያዊነትን ፖለቲካዊ መደብ ሒዙ ንረብሓ ውፅዓት ህዝብታት ይግደስ እየ ኢሉ ዝተልዓለ ውዳበ እዩ፤ ህወሓት! መሰል ዓርሰ ውሳነ ብሄራት ንዝኸልከለት ኢትዮጵያ ከም መሓዩር ብሄራት ገይሩ ዝሪኣ ህወሓት፤ ሓድነት ኢትዮጵያ ፅኑዕ ሰረት ዝህልዎ መሰል ዓርሰ ውሳነ ብሄራትን ብሄረሰባትን ምስ ዝረጋገፅ ጥራሕ እዩ፤ ዝብል እምነት ነይርዎ። ፈታዊ ውፅዓት!

እዚ ቅርፀ-ምሕደራ መንግስቲ ንምቕያር ኣብ ኻልኣይ መፋርቕ ዕስራ ክ/ዘ ብሒደት ሒንጊዳት ተጋሩ መናእሰይ ዝተወልዐ ቃልሲ ክዕወት ክኽእል እዩ ኢሉ ዝጠርጠረ ኣይነበረን። ዝሐሸ ፀጋ-ማልን ሑርጓቶን ሒዞም ቀዲሞምን ድሒሮምን ዝተልዓሉ ጉጅለታት ዓመፅ ኣብቲ ዝተናውሐ ብረታዊ ቃልሲ የሻል ኢሎም። ኩላ ብረት ዘልዓለት ጉጅለ ረብሪባ እንትሙሽሙሽ ህወሓት ክትተርፍ መን ሓሰበ? ኣገዛዛኣ ስርዓት ደርጊ ሙሉእ ደገፍ ልዕለ ሓያል ሃገር እናረኸበ ብዘይዝኾነ ግዳማዊ ሓገዝ ዝተወልዐ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣብዚ ክበፅሕ መን ገመቶ? ባዕሎም ሒንጊዳት መራሕቲ እቲ ቃልሲ ጥራሕ! ሒንጊዱ!

ህወሓት ካብ ናፅላነታ ጀሚራ "ቃልስና ነዊሕን መሪርን እዩ፤ ዓወትና ናይ ግድን እዩ" ዝብል ጭርሖ ነይርዋ። መረርቲ ኪሳራታት ኣብ ዝጠልብ ዝተናውሐ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበራ ተሪር መርገፂ ኣባላታን ደገፍታን ምሉእ ድልውነት ክህልዎም ኣኽኢሉ። እቲ ምሕንጋድ ዝተወለዐሉ እዋን፤ እቲ ኣገዛዝኣ ውሽጣዊ ቀፅፅሩ ከሐይል ስር-በጠቕ ኣብ ዝብለሉ እዋን ብምዃኑ፤ ኣብ ዕሽልነታ ዘጓንፉ ሕቶ ሃለዋት ሰጊሩ ንዝተናውሐ ቃልሲ ክትዳሎ ኣኽኢሉዋ። ሃለዋታ ካብ ምርግጋፅ ሓሊፉ፤ ደባይ ውግእ ሰጊሩ፤ ስሩዕ ኩናት ከፊቱ ዝዕወት ሓይሊ ኣጥርያን እቲ ዝተናውሐ ቃልሲ ብዓወት ዛዚማቶን። ዓርሞሸሽ!

ውዱብ ዓቕሚ ፅንኩር ክእለት መሪሕነትእቲ ወለዶ ምስ ዓሙዩቕ ባህሊ ክልሰ-ሓሳባዊነትን ንቕሓታዊ ዓቕሚን ተደሚሩ ዓወት ክመፅእ ወሰንቲ ድርኺት ኔሮም። እቲ ወለዶ ኣብቲ ወርቃዊ ፋልማይ ዕምባባ እዋን ንእስነቱ ንወረርቲ ስዒሩ ንዓወት በቒዑ። ብዙሕ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊን፣ ፖለቲካዊን ሳንካታት ፈቲሑ። እዚ ዘሐብን ዕዮ እዩ። ዘዕግብ!

# እቲ ወለዶ ብላይ ድዩ?

ኣብ ላዕሊ እንታይነት ብላይን ትርጉም ብላይን ርኢና ኔርና። መርኣዩ መነፀርና እቲ ኣብ ላዕሊ ዝሃብናዮ ፍታሕ ተጠቒምና እቲ ወለዶ ብላይ ድዩ? ዝብል ንርአ እስከ . . .

# ነዊሕ ዕድመ ምቕማጥ:-

እቲ ኣብ 1960ታት ጀሚሩ ኣብ ፖለቲካ ምውሳእ ዝጀመረን ሐዚ ኣብ መሪሕነት ዘሎ ወለዶ ብፍላይ ኣተሓሳስባ ነዊሕ ዕድመ ዝተቐመጠ ስለዝኾነ ብመንፅር ዕድመ ክረአ ከሎ ብላይ ክበሃል ይኽእል። እርጋን!

ረብሓ ዝነበሮ፣ ክቕመጥ ዝግበኦ ዕምሪ ዘመን ሓሊፉ ረብሕኡ ዝነከየ:-

እቲ ወለዶ ኣብቲ ወርቃዊ እዋኑ ምዕቡል ባህሊ ክትዕ ሒዙ ውሽጣዊን ግዳማዊን ኩነታት ቐፃላይነት ብዘለዎ ክይዲ እናገምገመ ምስቲ ጭቡጥ ኩነት ዝስማዕማዕ ስትራቴጂ ክረክብ ሃሰው ይብል ነይሩ። ፖለቲካዊ ፕሮግራሙን ስትራቴጂታቱን መላሊሱ ብምክላስ ኣመሓዳድራ ፖሊሲ፣ ዝኽተሎ ወተሃደራዊ ሳይንስን ስነ-ጥበብን ኮታስ ኩሉ ፕሮግራማቱ እናማዕበለ (evolve እናገበረ) ክይዱ። ሽው ዝነበረ ባህሊ ምምህሃር፡ ገማታይን ተንበሃይን መሪሕነት ፈጢሩ። ኣብ 1977 ኮፍ ኢሉ ኣብ ቐፃሊ ክመፁ ዝኽእሉ ብድሆታትን ማሕለኻታትን ኣሚቱ፤ መፍትሒ እውን ኣቐሚጡ። ምኽምባት ዝሑል ኩናት ስዒቡ ማርክሲስት-ሌኒንስት ኢና ዝብል መደረ ክንኪ፤ ዝተወሰኑ ፖለቲካዊ ፕሮግራማት እውን ከኽለሱን ተኽኢሉ (ሂወቱ ምሉእ ነቲ ቓልሲ ጥራሕ ብዘሀገረን ረብሕኡ ብዝዓዘዘን መሪሕነት ስለዝተመርሐ) ። ፀጋ!

እቲ ሐዚ ኣብ ኮረቻ ወንበር ዝበለየ ቑራፅ መሪሕነት እቲ ወለዶ፤ እንተስ ሓሳባቱ ኣሪጉ፣ እንተስ ልብን ኣእሙሮን እቲ መሪሕነት ዝነበሩ ሰባት ገሊኦም ብህይወት ስለዘየለው ገሊኦም ድማ ካብቲ ጉጅለ ተደፊኦም ስለዝወፁ (93 ዓ.ም የስተብህሉ!) ፤ ውሽጣዊን ግዳማዊን ኩነታት ገምጊሙ ነገራት ከምቀደሞም ከምዘይኮኑ ክርዳእ ኣይከኣለን። ኣሸንኳይዶ ፖለቲካዊ ፕሮግራማቱ ክክልስን ምስቲ ኹነታት ዝስማዕምዑ ስትራቴጂታት ክሕንፅፅን፤ ጭቡጥ ክውናዊ ኩነታት ገምጊሙ ክርዳእ ዓቕሚ ስኢኑ። ክፅገን ሸውሃትን ዓቕሚን ኣልባ ዝኾነ መሪሕነት፤ ሌጋሲዶ፣ ውርሲዶ፣ ቃል-ኪዳንዶ እናበለ ምሕሳብ ተሳኢኑዎ ብሽም ዝሓለፉ መራሕቱ ክሽቅጥ መሪፁ። ኣይኮነን ዳይናሚካዊ ሃዋህው እዚ ዞባ ተገንዚቡ ዓመታት ኣቐዲሙ ክእምት፤ ወራር ቅድሚ ምኽፋቱ ኣብ ዝነበራ ወርሓትን ሰሙናትን "ኣታ ክወሩና እዮም" እንትበሃል፤ "ሓይሊ መከላኸሊን ብሄር ብሄርሰባትን እናሃለው ኣይውዕሉዎን" ይብል ኔሩ(ምኽንያቱ ኣብ ወንበር ክቕመጥ ዝግበኦ ዕምሪ ዘበኑ ሓሊፉ ረብሕኡ ዝነከየ እዩ)። ብላይ!

ናብቲ ማሕበረ-ሰባዊ ፍታሕ ኢልና ዘቐመጥናዮ ንእተ። ጥሉል ጓሳ ጥሪቱ ናብ ልምሉም ሳዕሪ ይወስድ። ሓደጋ እንትመፅእ ቀዲሙ ከትርፎ ወይ በሰልኡ ክንክዮ ይፅዕር። በሰላ ዓፀባን ሃኪክን 1977 ንምንካይ ዝተወደበን ዝተፀንዐን ናብ ሱዳን ዝግበር ስደት ብግቡእ መሪሑ ህይወት ሓያሎ ጥሪቱ የድሕን። ሕልኽላኻት ዓለም-ለኻዊ ስነ-ምህዳር ካርና ተረዲኡ ከምኒ ማረት ዝበላ ሰብኣዊ ገፅታ ዘለወን ትካላት ኣጣይሹ ሓራ ኣብ ዝወፃ ከባቢታት ዘለዋ ጥሪት ዝሕዝሉ ሃዋህው ይፈጥር። ጥሉል ጓሳ!

መዘማዛይ ፖለቲካ ብላይ ጓሳ ስለ ጥሪቱ ኣይግደስን። ሓለብቲ(ልምዓት ጉጅለ) ልኢኹ ነተን ጥሪት ፃባን እንቋቑሑን(መዋጮን መቀጮን) ኣምፅኣ ይብለን እምበር ብዛዕባ ደሕንነተን ኣይግደስን። ሚኢቲ ዒስራን ሽሕ(?) የድፍር። ኣማኢቲ ኣሽሓት ብጥሜት የህልቕ፤ ዝተረፋ እውን ዓለቕቲ ይስተያ ዒፈል ይብልዓ ኣይስቁሮን። ከገልግልኦ እምበር ከገልግል ኣይኮነን ተፈጢሩ። ትሑዛት ንብረት እየን። በላዒ(ፀላኢ) እንተመፂኡ ኣብ ኣፋፌት ኮይኑ ኣይሕልን፤ ናብ ማእኸል ጥሪት ኣትዩ ይሕባእ። ኣሳጢሑ ይኸወል። እተን ጥሪት ብማንታ ሓለንጊ እናተገረፋ፤ ነቲ ግዘ ዘይህብ ደጋዊ በላዒ ገጢመን ብዙሕ መስዋእቲ ከፊለን ምስዝዕወታ ሽደናይ ተፊን መሲሉ ይመፅእ። ኣብ መስዋእቲን ሞትን ጥሪቱ ይሕነን፤ ይንየት። ብላይ ጓሳ!

ዓለምለኻዊ ሓይልታት እዙይን እዙይን ግበሩሞ ክንሕግዘኩም እንትብልዎም ብላያት መራሕቲ ስለ እታ ትወሮም ዘላ ሃገር ትምርሐሉ ስነ-ሓሳብ ተጨኒቖም፤ ቴሌን ባንኪን ናብ ውልቀሰባት ዘይሩ ብሄር ብሄረ-ሰባት ከይጉድኡ ሓሲቦም ኣይፋሉን ይብሉ(ኣየ ህዝባዊነት፡ ጃሕጃሕ ደኣም)። ብሄር ብሄረሰባትኸ ዋዛዶ? ቴሌ

ቀብዲ ኣትሒዞም ብድሮን ሆባይ ይብሉኻ። ኣወዲእኹምና ምስዝበሃሉ ንሕና ግብራውያን(Pragmatist) ኣይኮንናን ስነ-ሓሳባውያን ኢና ኢሎም ይንየቱልኻ፤ ህዝቢ ትግራይ ብጥሜትን ጥይትን እናሃለቐ። ምፅኣት!

ዕላማ ኣለካ። ዕላማኻ ሕቶ ሃለዋትን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ምርግጋፅ እዩ። ደሕንነት ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅን ሽቶኻ ንምውቃዕን ትኽተሎም ሜላታት ኣለው። ምስኻዕን ዘይምስኻዕን ከምዘሎ ኾይኑ እቲ መጀመርታ ዘቕመጥኻዮ ሜላ ተጠቒምኻ ሽቶኻ ክትወቅዕ ብዙሕ ናይ ህይወትን ንዋትን ኪሳራ የስዕብ። እቲ ጦርነት ዘሕፀረልካ ግዳማዊ ሓገዝ ትረኽበሉ ወይድማ ንፀላኢ ዝወሃብ ሓገዝ ዝተርፈሉ ዕድል ምስ ዝርከብከ? ምውቓዕ ሽቶ ዕላማኻ (ምፍንፃሕ ክባን ምርግጋፅ ሃለዋትን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ) ዝህበካ ትርፊን ምሽግሻግ ስነ-ሓሳብ ዘስዕበልካ ኪሳራን ተስልሕ። ዘዋፅኣካ እንተኾይኑ ናብ ሽቶኻ ንምቕራብ ዘቐመጥኻዮ ሜላ ለዊጥካ ሓዱሽ ሜላ ትኽተል። መቸስ ከም ሓደ ህዝባዊ እየ ዝብል ሓይሊ ህዝብኻ ካብ ምድሓን ወፃኢ ዝዓቢ ነገር ስለዘየለ የዋፅኣካን ፈረቓን። ኪሳርኡ እንተዛይዱ(ርእዮተኣለማዊ ዶግማኻ ልዕሊ ሃለዋት ህዝቢ ምስዝኸውን) እቲ ሽቶ ባዕሉ ይፈልጥ እምበር እዙይስ ኣይገብርን ኢልካ ትገድፎ። ኣይትግደስን!

መዝማዛይ ፖከቲካ ብካይ ኻሳ ስከ ጥሪቱ ኣይግደሰን። ሓከብቲ (ልምባት ጉጅከ) ልኢኹ ነተን ጥሪት ፃባን ኣንቋቑሓን (መዋጮን መቀጮን) ኣምፅኣ ይብከን እምበር ብዛዕባ ጸሕንነተን ኣይግደሰን። ሚኢቲ ቢስራን ሸሕ (?) የድፈር። ኣማኢቲ ኣሽሓት ብጥሜት የህልቕ፤ ዝተረፉ እውን ባከቕቲ ይስተያ ቢፊል ይብልዋ ኣይስቁሮን።

ብላይ መሪሕነት ምስ እትኸውን ህዝቢ ባዕሉ ይፈልጥ እምበር ስነ-ሓሳበይስ ኣየሻጋሽግን ኢልካ ኣበደን ትብል። ህዝብኻ ከጥፍእ ንዝመፀ ወራር ብኩናት ስነ-ሓሳብ ተረዲእኻ ህዝብኻ ተወድእ። ግብራዊነት ፍልስፍና ኣብ ዘገድሰካ እዋን ንጉዳያት ሓሳባዊ ፍልስፍና ክበሃል ብሄራዊ ረብሓኻን ሃለዋት ህዝብኻን ናብ ሓደጋ ተእቱ። ንህዝብኻ ፀጋ መድሕን ህይወት ዘይኮንካስ፤ መልኣከ ሞት ዕዳ ትኸውን። ዘመነ ግሊጋሎትካ ኣብቂዑ፣ እዋን ሓሊፉካን ነፊስካን ምስ እዋናዊ ቅዲን ኣተሓሳስባን ዘይትገጥም፤ ምስ ዘመናዊ ኣገባብን ወግዒን ዘይትቃዶ ምስ እትኸውን ካብ ፀጋ ናብ ዕዳ ትልወጥ። ብላይ ዕዳ!

በቶም ኣብ ላዕሊ ዝረቛሕናዮም መግለፂታት እቲ መሪሕነት በልዩን መሸሚሹን እዩ ተረኺቡ። "ኣብቲ መሪሕነትኮ ኣባላት ሓዱሽ ወለዶ እውን ኣለው እዮም" ዝብል ተደናጋፃይ ምስ ዝህሊ ድማ . . .

"ብስሩ እቲ ዕድል ኩርሲ ዝረኸበ ኣባል ሓዱሽ ወለዶ ዘመድን መቕርብን እቲ ብላይ ስለዝኾነ ድዩስ ደረጃ ንቕሓቱ ተመዚኑ እዩ ናብ ስልጣን ተፀጊዑ?" ዝብል ሕቶ መሊስና ንባዕሉ ንሓቶም ዘረባና ንቕፅል . . . "እቲ ብላይ መሪሕነት ነቲ ብውስን ቁፅሪ ስልጣን ዝተኾበሉ ሓዱሽ ወለዶ እውን ሳሕቲ ጥራሕ እዩ ኣብ ምውሳን ዝጥቀመሉ። እቲ ዝተወሰነት ኩርሲ ዝረኸበ ኣባል ሓዱሽ ወለዶ፤ እቲ ብላይ ዝወሰኖ ጉዳይ ብከመይ ኣብ ትግባረ ከም ዝውዕል ምክታዕ እንተዘይኮይኑ ካሊእ ስራሕ ዘለዎ ኣይመስለናን" ኢልና እውን ንውስኽሉ። "ተነፃፃሪ ዓቕሚን ብቕዓትን ዘለዎም መናእሰይ ሳሕቲ ምስዝርከቡን ገስገስቲ ጠለባት ምስ ዘቕርቡን ድማ መሪሕነት ብላይ ወለዶ፤ ነቶም ህዝባዊ ቅቡልነት ከጥርዩ ዝጀመሩ ኣባላት ሓዱሽ ወለዶ፤ ነቲ ብላይ ወለዶ ዝወዳደር ሰረት ስልጣን ምእንተ ከየማዕብሉ ተደጋጋሚ ዝውውር ስልጣን ይገብር። ካብ ክልል ቢሮ ናብ ዞባ፣ ካብ ዞባ ድማ መሊሱ ናብ ሓላፊ ክልል ቢሮ ይሓፅየካሞ ኣብ ሞንግኡ የደስክለካ" ዝብሉ ትሒምታታት እውን ሰሚዕና ነበርና። እዚ ኣገባብ ፀጋማዊ ስነ-ሓሳብ ኣብ ዝኽተሉ ሰልፊታት ዝተለመደ እዩ። ማኦ ፀቱንግ ንዝጥርጥሮም ሰባት ንነዊሕ ግዝያት ካብ ፖለቲካዊ መዘውር ከምዝኽወሉን ብእኡ ገይሮም ከምዝቕህሙን ብምግባር ይፍለጥ ነይሩ። ፀጋምነት!

ትግራይ ብምኽንያት እዚ ኩናት ዝወረዳ ዕንወትን ኪሳራን ካርና ገዚፍ እዩ። እዚ ኹናት እናተኻየደ ብዙሓት ተጋሩ ሕቶ የልዕሉ ነይሮም። ትግራይ ብኸመይ ናብዚ ዓዘቕቲ ኣትያ? ካብዚ ብኸመይ ክንገላገል ንኽእል ዝብሉ ርሱናት ክትዓት ብዘይወግዓዊ መራኸቢታት zoomን skypeን ይሳለጡ ነይሮም። ብስጡም ህዝባዊ ሓይሊን

መስዋእቱ ሓያሎ ደቂህዝቢን ናብ ስልጣን ዝተመለሰ ብላይ መሪሕነት ክሕተቶ ዝግብኦ ብዙሕ ሕቶ ኣሎ። ሓታቲ እንተሃልዩ!

ሓታቲ እንተልዩ ጎንፂ ክፍጠር ከምዝኽእል ትፅቢት ገይርኹም ነይርኹምዶ ምተብሃሉ? እንተነይሩኽ ናብ ኩናት ከይድይብ ምግባር ምተኽኣለዶ ዝብል ምሰዓበ? ነቲ ትግራይ ዝወረዳ መዓት ኪሳራ፣ መጥቃዕትን ክተወግደሉ እትኽእል ድልውነት ገይራዶ? እቲ ኩሉ ዕንወት ከምዝመፅእ ኣርሒቑ ዝእምት ኣንፋታይ መሪሕነት ንምንታይ ተሳኢኑ? ዝብሉ ነጥብታት ምተዘርዘሩ። ግን ተሓታቲ ኣብዘይብሉ ሓታቲ የለን። ነኒባዕልኻ ድኣ ተገማገም ይብሉኻ . . . ብላያት መራሕቲ!

እቲ ሕቶ ሐዚኸ ከመይ ንኺድ? እዩ። እቲ ዕዳ እናወለደ፤ እቲ ወለድ እውን ብግዲኡ ተደራቢ ወለድ እናወለደ፤ ንሕና እውን ነቲ ናይ ወለድ ወለድ በቢማዕልቱ እናኸፈልና፤ ዕዳ ምስ ድርብ ወለዱ ኣብ ዝባንናዶ ሻሕሻሕ ይበል? ወይስ ዝኽፈል ከፊልና ካብቲ ዕዳ ንገላገል? ዝብል ሕቶ እዩ። ምዕንዳድ እንተድልዩኸ መን ይተዓንደዶ? ኣነ ክዕንደድ ኣይደልን። ክዕንደድ ተኾይነ እውን ሓምሳ ዓመት ዝወለደን ዝተወላለደን ዕዳ ዘይኮነስ ሰቐላኻ ንምህዳም ዝኽፈል ዕዳ ወለዶይ ክዕንደድ እየ ዝደሊ፤ ዕዳ 'ማተይ ፀላእኹ። ሓራምዋ!

ህዝብና ካብ ጥይቲ ፀላኢ ንላዕሊ ቤት-መሸጣ ይፈርሕ ኣሎ፤ ዋላ ቤት-ፅሕፈት። ህዝቢ ካብ ማይዳ ዓውደ ውግእ ንላዕሊ ዕዳጋ የፍርሖ ኣሎ፤ ቀበሌ 'ውን። እዚ ምስቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ፅሑፍ 'ታይ ዘራኽብ ኣለዋ ዝብል ክሳብ ሐዚ ኣይተፈለጠን። ምናልባት ንእሽቶ ከተንፍስ ደልየ ይኾን፤ መተንፈሲ ኣየስእንኹም! ጨነቐናኮ!




ኣብ ቐረባ እዋን ...

መፅሄት #ረመፅ

2014

መፅሄት #ረመፅ: ህዝቢ ትግራይ ብዙሓት ሓሳባት ክሸከም ዘኽእል እንግድዓ ዝወነነ ስልጡን ህዝቢ ክኸውን ኣለዎ ኢላ ትኣምን።